# እንኮ

# መንገዲ

# ምድሓን

## ምስጋና

ቅድሚ ኩሉ ነቲ ሰማይን ምድርን ዝፈጠረ፡ ገባኢ ኩሉ ምስጢር ዝኾነ፡ ኩሉ ካብኡ፡ ብእኡን ንእኡን ዝኾነ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ምስጋና ይኹኖ ኣሜን። እዛ መጽሓፍ እዚኣ ንምጽሓፍ ኮነ ንምእራም ዘተባብዑኒ ብኹሉ ኩርናዓት ካባይ ከይተፈለዩ ዝሓገዙኒን ብስም ኩሎም እንበብቲ እግዚኣብሄር ይባርኽኩም እናበልኩ ካብ ልበይ የመስግኖም። ከምኡውን ነዛ መጽሓፍ እዚኣ ንምጽሓፍ ሓሳብ ብምሃብ ኮነ ብምጽሓፍ ዝሓገዙኒ ኩሎም በዚ ኣጋጣሚ እግዚኣብሄር ይባርኽኩም እብል።

ዳንኤል ገብረዝጊ

# ትሕዝቶ


| ምዕራፍ | ኣርእስቲ | ገጽ |
|---|---|---|
| ምዕራፍ ሓደ | ንስሓ ካብ ምውት ግብሪ | 5 - 29 |
| ምዕራፍ ክልተ | እምነት ብኣምላኽ | 30 - 46 |
| ምዕራፍ ሰለስተ | ትምህርቲ ጥምቀታት | 47 - 68 |
| ምዕራፍ ኣርባዕተ | ምንባር ኣእዳው | 69 - 72 |
| ምዕራፍ ሓሙሽተ | ትንሳኤ ምውታት | 73 - 78 |
| ምዕራፍ ሽዱሽተ | ዘልኣለማዊ ፍርዲ | 79 - 87 |
| | ምስጢር ጸሎት | 88 - 90 |






# መእተዊ

ሓደ ኣማኒ ማለት ክርስትያን ዕውት ዝኾነ መንፈሳዊ ጉዕዞ ክንዓዝን ዘመን ህይወቱ፡ ብጽቡቕ ተስፋ ርግጽነት ዘልኣለማዊ ህይወት ሃልይዎ ብዘይ ጥርጥር ክነብር እንተደኣ ኮይኑ፡ እዚ መባእታዊ ትምህርቲ ክርስትና ወይ መባእታዊ ትምህርቲ መጽሓፍ ቅዱስ (ትምህርቲ ምድሓን) ደጋጊሙ ተማሂሩ ምስ ዝርድኦ ጥራይ እዩ። ጽባቐን፡ ድልዳለን፡ ዕድመን፡ ናይ ሓደ ህንጻ እቲ ሃናጺ ማለት ብዓል ቤት ዋላ ጊዜ ይንዋሕ ብዙሕ ገንዘብውን የጥፍእ፡ ተጠንቂቑ ብጽቡቕ መሰረት ምስ ዝሰርቶ ጥራሕ እዩ። ከምቲ መሰረት ናይታ ቤት ጽቡቕ ምስ ተሰረተ ዘይናቓነቕ ከምኡ ኸኣ በዚ ትምህርቲ እዚ መሰረቱ ኣጸቢቑ ዝደልደለ (ዝተረደኦ) ክርስትያን ብዙሕ ዝዓይነቱ ፈተና እኳ እንተ ኣጋጠሞ ፈጺሙ ክናቓነቕ ኣይክእልን እዩ።

ነዛ መጽሓፍ እዚኣ ክጽሕፍ ዝተበገስኩሉ ዕላማ፡ ዝኾነ ሰብ ነዛ መጽሓፍ ኣንቢቡ ትምህርቲ ምድሓን ክምሃር ክኽእልን፡ ነቶም ቅድሚ ሕጂ ትምህርቲ ምድሓን ተማሂሮም መሰረቶም ዘየደልደሉ ደጋጊሞም ብምንባብ መሰረቶም ንኽደልድሉ ክሕግዞምን፡ ከምኡ ድማ ንኹሎም ኣመንቲ ክርስትያናት ኣብ ገገዝኦም ኮይኖም ሓደሽቲ ነብሳት ክምህሩን ደቀ መዛሙርቲ ክፍርዩ ክኽእሉን እዩ። ብዝቐለለን ስፍሕ ብዝበለን መንገዲ ተዳልያ ኣላ።

መበገሲ ጽሑፈይ ካብ እብራውያን ምዕራፍ ሽዱሽተ ኮይኑ መሰረታዊ ዝኾነ ትምህርቲ ክርስትና ሽዱሽተ ኣርእስቲ ኣለዋ። ቀዳማይ ምዕራፍ እግዚኣብሄር ብርሃንን ሓቐኛ ፈራዲን ከም ዝኾነ፡ ምንጪ ሓጢኣት ከኣ ሰይጣን ከም ዝኾነ፡ ከምኡውን ምውት ግብሪ (ሞት) ማለት እንታይ ማለት ምኳኑ ምስ ትገልጸ፡ ሰብ ኩሉ ሓጢኣተኛ ምኳኑን በቲ ብገዛእ ርእሱ ክጸድቕ ኢሉ ዝገብሮ ግብርታት ክጸድቕ ከም ዘይክእልን የረድእ። እግዚኣብሄር ኣምላኽ ድማ እቲ ክንፍረዶ ዝግብኣና ቅኑዕ ፍርዱ

ኣብ ልዕሊ የሱስ ክርስቶስ ከም ዝፈጸሞን፡ ከምኡውን ትርጉም ንስሓን ብሰፊሑ ተገሊጹ ኣሎ።

ካልኣይ ምዕራፍ እምነት እንታይ ማለት ምኳን የረድእ፡ እቲ ክንኣምኖ ዝግብኣና ከኣ ክርስቶስ የሱስ በይኑ ምኳኑን እቶም ብክርስቶስ የሱስ ዝኣመኑ ኩሎም ድማ ናይ ዘልኣለም ህይወት ወረስቲ ምኳኖም ርግጸኛታት ክኾኑ ከም ዝግባእ የረድእ። ከምኡ ድማ እቲ እግዚኣብሄር ብክርስቶስ የሱስ ዝሃበና ሓርነትን ስልጣንን ኣስፊሑ ይምህረና።

ሳልሳይ ምዕራፍ፡- ትምህርቲ ጥምቀት እዩ። ኣብ ሓሙሽተ ክፍላት ተከፊሉ ብሰፊሑ ተጻሂፉ ኣሎ። ኣብ ዝተረፉ ምዕራፋት ብዛዕባ ኢድ ኣንብሮ፡ ትንሳኤ ምውታት፣ ናይ ዘልኣለም ፍርዲ ከመይ ዝበለ ምኳኑ ኣከታቲሉ ቀሪቡ ኣሎ። እዛ መጽሓፍ እዚኣ ንኹሎም ብህድኣት ንዘንብብዋ ኣንበብታ ንበረኸት እቶኸውን መጽሓፍ ከም ዝኾነት ብጐይታ ምሉእ እምነት ኣሎኒ። ጐይታ ኣዕዚዙ ይባርኽኩም። ኣሜን።





# ምዕራፍ ሓደ

## ንሳሕ ካብ ምውት ግብሪ

ኣብዚ ምዕራፍ እዚ ከምቲ ኣርእስቱ ምውት ግብሪ እንታይ ማለት ምኳኑን፡ ንስሓ ማለት ኸኣ እንታይ ማለት ኸምዝኮነ ብሰፊሕ ክንርኢ ኢና፡፡ ቅድሚ ናብዚ ሓሳብ ምእታውና ግና ሓደ ሓደ ካብ ባህርያት እግዚኣብሄር መበገሲ ክንወስድ ኢና። እግዚኣብሄር ኩሉ ከኣልነቱን፡ ከምኡውን ኣንጻር እዚ ባህርያት እግዚኣብሄር መበቆል ዝኾነ ወይ ከኣ ምንጪ ሓጥያት ዝኾነ ሰይጣን ኸምዝኾነ ክንርኢ ኢና፡፡

### ሀ. ባህርያት እግዚኣብሄር

ሓደ ካብቲ ዘይልወጥ ባህርያት እግዚኣብሄር ሓቀኛ ፈራዲ ምኳኑ እዩ፡፡ መዝ 9፡4 "መሰለይን ነገረይን ወዳእካ እሞ ጻድቕ ፈራዲ ኰንካ ኣብ ዝፋን ተቐመጥካ" ይብል። ከምኡውን ራእ 16፡5 ርአ። እግዚኣብሄር ብርሃን እዩ ኣብኡ ሓንቲ ጸልማት የለን፡፡ 1ዮሃ 1፡5 "እግዚኣብሄር ብርሃን ምኳኑን ኣብኡ ኸኣ ሓንቲ እኳ ጸልማት ከም ዘይብሉን እታ ኻብኡ ዝሰማዕናያ ንኣኻትኩም ውን እንነግራ ዘሎና መልእኽቲ እዚኣ እያ" ይብል፡፡ እዚ ማለት ድማ ከምቲ ብርሃን ምስ ጸልማት ፍጹም ሕብረት ዘይብሉ ከምኡ ድማ እግዚኣብሄር ምስ ሓጥያት ወላ ሓንቲ ሕብረት ስለዘይብሉ፡ ንሓጥያት በቲ ዘልኣለማዊ ዝኾነ ቅኑዕ ፍርዱ ይፈርዶ እምበር ሸለል ኣይብሎን፡፡

### ለ. ከኣልነት እግዚኣብሄር

እግዚኣብሄር መኻኒ ኩሉን ፈጣሪ ኩሉ ጽቡቅ ፍጥረትን እዩ፡፡ ብዛዕባ ፍጥረት ክንዛረብ ከሎና ቅድሚ ሰማይን ምድርን ምፍጣሩ እግዚኣብሄር ንመላእኽቲ ሰማይ እዩ ፈጢሩ፡፡ ኣብ ማእከሎም ከኣ ከፉእ ኣይፈጠረን፡፡ ከምኡ ድማ ሰማይን ምድርን ኣባታቶም ዘሎ ኩሉ ፍጥረትን ብሽዱሽተ መዓልቲ

ምስፈጠሮ፡ እቲ ዝፈጠሮ ኩሉ ፍጥረት ኣዝዩ ጽቡቅን ብሉጽን ከም ዝነበረ፡ ኣብ ዘፍ 1:31 "ኣምላኽ ከኣ ዝገበሮ ዘበለ ኹሉ ረአየ፡ እንሆ ብዙሕ ጽቡቕ ኰነ" ይብለና። እግዚኣብሄር ኣብ ፍጥረቱ ሕማቅ ኮነ ክፉእ ኣይፈጠረን።

ሐ. ምንጪ ሓጥያት፥ ሰይጣን እዩ፥

እግዚኣብሄር ኣምላኽ ፈጣሪ ኩሉን መላኺ ኩሉን ምዃኑ ሪኢና ኣሎና። እግዚኣብሄር ኣምላኽ ቅዱስ መልኣኽ እምበር ሰይጣን ኣይፈጠረን። ሰይጣን ቅድሚ ሓጥያት ምፍጻሙ ቅዱስ መልኣኽ፡ ብመልክዑን፡ መገዱን፡ ፍጹም ዘጽልል ቅቡእ ኪሩብ እዩ ኔሩ። ህዝ 28:13-16 "ንስኻ ኣብ ኤደን ገነት እግዚኣብሄር ነበርካ በብዘዓይነቱ፡ ክቡር እምኒ ሰርድዮስ፡ ቶጳዝዮን፡ ከልቄዶን፡ ክሪሶሊት፡ ሶርዶንክስ፡ ያስጲስ፡ ሰፊሮስ፡ ክሪስጵራስ፡ ሰመራግደስን ወርቅን ተኸዲንካ ነበርካ። እቲ ኸበሮኻን ዕንዱርካን ምሳኻ ነበረ። በታ እትፈጠርካላ መዓልቲ ተዳለወ። ንስኻ ዘጽልል ቅቡእ ኪሩብ ነበርካ። ኣነ ኣብቲ ቅዱስ ከረን ኣምላኽ ኣስፈርኩኻ። ኣብ ማእከል እቲ ኣእማን ሓዊ ተመላለስካ። ካብታ እተፈጠርካላ መዓልቲ ጀሚርካ ክሳዕ እታ ኣበሳ እተረኽበካ ግዜ ብመገድኻ ፍጹም ነበርካ። ብብዝሒ ንግድኻ ውሽጥኻ ብዓመጽ መልኤ እሞ ሓጥያት ገበርካ። ስለዚ ኣታ እትጽልል ኪሩብ ካብቲ ከረን ኣምላኽ ከም ርኹስ ደርቤኹኻ ካብ ማእከል እቲ ኣእማን ሓዊ ኸእ ኣጥፋእኩኻ"። ይብል። ከምኡ ድማ ኢሰ 14:12-15 "ኣየ ኣታ ብሩህ ኮኾብ ወዲ ወጋሕታ ከመይ ኢልካ ካብ ሰማይ ወደቕካ፡ ንስኻ ነህዛብ ዘውደቕካስ፡ ከመይ ኢልካ ናብ ምድሪ ተደርበኻ። ንስኻስ ብልብኻ፡ ናብ ሰማይ ክድይብ፡ ንዝፋነይ ኣብ ልዕሊ ከዋኽብቲ ኣምላኽ ልዕል ክብሎ፡ ኣብ ወሰን ሰሜን ኣብ ልዕሊ ከረን ማሕበር ክቕመጥ እየ። ኣብ ልዕሊ ርእሲ ደበናታት ክድይብ፡ ነቲ ኣዝዩ ልዑል ክመስል እየ በልካ። ኣይፋልካን ናብ ሲኦል ናብቲ መዓሙቕ ጉድጓድ ደኣ ኽትድርበ ኢኻ።" ይብል። እዚ ዝረኣናዮ ክፍሊ ጽሑፍ ሰይጣን ቅድሚ ምውዳቁ ፍጹም መልኣኽ ከም ዝነበረ እዩ ዝነግረና። እምበኣር እግዚኣብሄር ፍጹም መልኣኽ እምበር ሰይጣን ኣይፈጠረን። ሰይጣን ሰይጣን ዝኾነስ ብምርጫኡ እዩ። እዚ ድማ ቡቲ ኣብ ውሽጢ ልቡ ዝበቆለ ክፉእ ትዕቢት ማዕረ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ክኸውን ምምናዩ እዩ። (ኢሰ 14:14 ህዝ 28:17)። ጐይታ የሱስ





ክርስቶስ ኣብ ወንጌል ዮሃንስ ምንጪ ሓጥያት ካብ ርእሱ(ካብ ልቢ ሰይጣን) ከም ዝኾነ ገሊጹዎ ኣሎ። ዮሃ 8:44 "... ... ንሱ ካብ መጀመርታ ቀታሊ ነፍሲ እዩ። ሓቂ እብኡ ስለዘየልቦ ውን ኣብ ሓቂ ኣይጸንዔን። ሓሶት ክዛረብ ከሎ ካብ ርእሱ እዩ ዝዛረብ። ሓሳዊ እዩ እሞ ንሓሶት ውን ኣቦኣ እዩ" ይብል። እዚ ኣብ ልቢ ሰይጣን ዝበቆለ ሓጥያት ንሓያሎ ቅዱሳት መላእኽቲ ዝነበሩ ብሓሶትን ብምትላልን ኣውዲቅዎም (ካብ ኣምላኽ ፈልይዎም) እዩ። ካብቲ እዋን እቲ ንነጀው ቅዱሳት መላእኽትን ርኹሳት መናፍስትን ተባሂሎም ኣብ ክልተ ተኸፊሎም እዮም።

ራኢ 12:7 "ኣብ ሰማይ ከኣ ውግእ ኮነ ሚካኤልን መላእኽቱን ምስቲ ገበል ተዋግኡ። እቲ ገበልን መላእኽቱን ድማ ተዋግእዎም" ይብል። ካብታ ሰይጣንን መላእኽቱን ሓጥያት ዝፈጸሙሉ እዋን፡ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ንኣታቶም ዝቅጽዑላ ስፍራ፡ ንዘልኣለም መወዳእታ መዓልታት ዘይብሉ፡ ዝሳቀይሉ ቦታ ገሃነም ኣዳልዩ። ገሃነም እሳት ንሰይጣንን መላእኽቱን እዩ ተዳልዩ። ከምኡ ድማ ንሰይጣን ዝሰዓበን ሓጥያት ዝተንከፎ ዘበለ ኩሉ መደቡ ኣብ ገሃነም እሳት እዩ። ማቴ 25:41 ".. .. ኣቱም ርጉማት ካባይ ርሓቑ ናብቲ ንሰይጣንን ንመላእኽቱን እተዳለወ ናይ ዘልኣለም ሓዊ" ይብል። ከምኡ ድማ ኣብ 2ጴጥ 2:4 "ኣምላኽ ግና ነቶም ሓጥያት ዝገበሩ መላእኽቲ እኳ ናብ ገሃነም ደርብዩ ብመቑሕ ጸልማት ተኣሲሮም ንፍርዲ ክሕለዉ ኣሕሊፉ ሃቦም እምበር ካብ ዘይነሓፎም" ይብል። እዚ ድማ እግዚኣብሄር ንሓጥያት ዘበለ ኩሉ ከይቀጽዔ (ከይፈረደ) ከም ዘይገድፎ ኣብ ልዕሊ ሓጥያት ዘለዎ ከቢድ ቁጠዓን ፍርድን የመልከት።

ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝረኣናዮ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ሓቀኛ (ጻድቅ ፈራዲ) ፍጹም ብርሃንን ስለዝኾነ ባህርያቱ (ፍርዱ) ፈጺሙ ኣይልወጥን እዩ። ካብዚ ቀጺልና ናብቲ ቀንዲ ኣርእስትና ተመሊስና ምውት ግብሪ ዝብል ክንርኢ ኢና።

## 1ይ ምውት ግብሪ

ምውት ግብሪ ዝብሃል ውጽኢት ወይ ድማ ፍረ ሓጢኣት ኮይኑ ክፉእ ሓሳብ፡ ክፉእ ትምኒት፥ ክፉእ ተግባርን ዕዮን ወዘተ እዩ። ምውት ግብሪ (ሓጢኣት) ኣብ ልዕሊ ደቂ ሰባት ከመይ ኢሉ ከም ዝኣተወ (ከም ዝገዝአ) ካብዚ ቀጺልና ክንርእዮ ኢና።

እግዚኣብሄር ኣምላኽ ንሰማይን ምድርን፡ ባሕርን ኣባታቶም ዘሎ ኩሉ ፍጥረትን፡ ብሽድሽተ መዓልቲ ኣዝዩ ጽቡቕን ቅዱስን ጌሩ ከምዝፈጠሮ፡ ኣዝዩ ጽቡቕ ምኳኑ ከኣ ከም ዝረኣየ ኣብ ዘፍ 1፡31 "ኣምላኽ ከኣ ዝገበሮ ዘበለ ኩሉ ረኣየ እንሆ ብዙሕ ጽቡቕ ኮነ ይብል።"

እግዚኣብሄር ኣምላኽ ንኣዳም ምስ ፈጠሮ ኣብ ልዕሊ ኩላ ምድርን ኣብ ኣዕዋፍ ሰማይን ዓሳታት ባሕርን ኣብ ኣራዊትን ለመምታ ምድርን ክገዝኡን ክመልኩን ስልጣን ሂብዎም እዩ። ዘፍ 1፡26 "ኣምላኽ ከኣ ብመልክዕና ኸም ምስልና ሰብ ንግበር። ንዓሳ ባሕርን ነዕዋፍ ሰማይን ንእንስሳን ንብዘላ ምድርን ኣብ ምድሪ ለመም ንዚብል ኩሉ ለመምታን ይግዝኡ በለ።" ይብል። ከምኡውን ዘፍ 2፡15 "እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከኣ ንሰብ ወሲዱ ኪዓይየን ኪሕልዋን ኣብ ገነት ኤደን ኣቐመጦ" ይብል። እግዚኣብሄር ኣምላኽ ንሰብ እዚ ክምዚ ዝበለ ስልጣን ምሃቡ ዘገርም እዩ። ምስናይዚ ግና እግዚኣብሄር ዝደሊ ሰባት ብፍታዎም ዘምልኽዎ ዝእዘዝዎን እዩ ደስ ዝብሎ፡ እምበር ብሓይሊ ተገዝኡኒ ኣምልኹኒ ኢሉስ ንሰብ ኣይግድድን እዩ። እዚ ድማ ንፍቃድ ደቂ ሰባት ፈጺሙ ዘየገድድ ፍቓድ ሰብ ዘክብር ምኳኑ እዩ ዘርእየና። ስለዚ ድማ እዩ ኣዳም ብፍታዉ ንእግዚኣብሄር ምእንቲ ክእዘዝ እግዚኣብሄር ንኣዳም ትእዛዝ ዝሃቦ።

ዘፍ 2፡16-17 "እግዚኣብሄር ኣምላኽ ድማ ንሰብ ካብ ኩሉ ኦም ገነት ከምዝዴሊኻ ብላዕ፡ ካብታ ጽቡቕን ክፉእን እተፍልጥ ኦም ግና ካብኣ ምስ እትበልዕ መዓልትሰ ሞት ክትመውት ኢኻ እሞ ካብኣ ኣይትብላዕ ኢሉ ኣዘዞ" ይብል። እግዚኣብሄር ኣይሕሱን እዩ፡ ከፈራርሕ ኢሉ ከኣ ዘይከውን ቃል ኣይዛረብን እዩ፡ እቲ ዚዛረቦ ቃል ኩሉ ሓቂ እዩ። እዚ ካብዛ ኦም እዚኣ ምስ እትበልዕ ሞት ክትመውት ኢኻ ዝብል ቃል ሓቀኛ ድኣምበር መፈራርሒ ኣይነበረን። እምበኣርሲ እግዚኣብሄር ንሰብ ነጻ ፍቓድ ዘለዎ ጌሩ ምፍጣሩ ኣዝዩ ጽቡቕ እዩ። ሰብ ነጻ ፍቓድ ዘይብሉ እንተዝኸውን ኔሩ ንእንስሳን ንኣግራብን ካልእ ህይወት ዘይብሉ ነገራትን ምመሰለ ኔሩ።

እግዚኣብሄር ንሰብ ግጉይ መንገዲ ንኽይመርጽ ይመኽሮን (ይምዕዶን) እምበር ኣብ ምርጫኡ ኣትዩስ ኣየገድዶን እዩ፡ ምምራጽ ናይቲ ሰብ ግደ እዩ። ነስተውዕል ንኣዳም ካብ ኩሉ ኣብ ገነት





ዘሎ ኣእዋም ብላዕ ክብሎ ከሎ ናጽነትን ሓርነትን ሰላምን ዘመልክት ኮይኑ ኣዳም ንዕኡ ንኽመርጽ ሰፊሕ ደገ ዝኸፈተሉ እዩ። እዚ ኸኣ ምስቲ ኣብ ዘዳግም 30፡19 ፡ ህይወት ክሓሪ ዝምዕድ ሓሳብ ይመሳሰል። እዚ ድማ ለውሃት እግዚኣብሄር እዩ። እግዚኣብሄር ኣምላኽ ንኣዳም ካብ ሓንቲ ኦም ጥራይ ከይበልዕ እዩ ኣዚዝዎ። እዚ ኸኣ ንዓኣ ንኽመርጽ ዘለዎ ዕድል ጸቢብ ምኳኑ ኣዳም ንዓኣ ምስ ዝበልዕ (ዝመርጽ) ግና ናብ ጸበባን ጭንቀትን ሞትን ከም ዝሳገር እዩ ዘመልክት።

## 1ይ ውድቀት

### ሸለልትነት

ኣቀዲምና ኣብ ዘፍ 1፡26-28 ከምዝረኣናዮ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ኣዳም ንምድሪ ክገዝኣን ክሕልዋን ስልጣን ሂብዎ እዩ። ኣዳም ግና ንገነት ስለዘይሓለዋ ሰይጣን ናብ ገነት ክኣቱ ክኢሉ፡ ሰይጣን ናብ ገነት ኣትዩ ምስ ሄዋን ክዕልል ከሎ ስቕ ኢሉ ብምራኣዩ ድማ እዚ ሸለልትነት እዩ። ውጽኢት ሸለልትነት ከኣ ሰይጣን ንሄዋን ብሓሶት ኽእምና ዕድል ስለዝረኸበ ኣብ ልባ ትምኒት ክተክል ክኢሉ።ዘፍ 3፡1-6 ከምኡውን ኣብ ያቆ 1፡14-15 "ነፍሲ ወከፍ ግና ብገዛእ ትምኒቱ ተስሒቡን ተሓቢሉን እዩ ዝፍተን። ደሓር ትምኒት ምስ ጠነሰት ንሓጢኣት ትወልዶ ሓጢኣት ምስ ተፈጸመ ድማ ንሞት ይወልዶ" ዝብል፡ ነቲ ብሰይጣን ዝመጸ ሓሳባት ሄዋን ጽን ክትብሎ ምስ ጀመረት ነቲ ሓቂ ቃል እግዚኣብሄር ክትጠራጠሮ ጀመረት። ብኡ ንብኡ ድማ ነታ ኦም ክትበልዕ ኣብ ልባ ትምኒት ሓዲሩ። እዚ ትምኒት ድማ ነታ ኦም ንኽትበልዕ ነዒንታ እተብህግ እንተበልዓታ ጥበብ እትህብ ጌሩ ኣርኢዋ። ነቲ ክትሞቱ ኢኹም ዝብል ቃል እግዚኣብሄር ድማ ከም ሓሶት ወይ መፈራርሒ ቃል ጌራ ስለዝወሰደቶ ካብ ንቓል ኣምላኽ ንቓል ሰይጣን ኣሚና ተኣዚዛቶ። ካብታ ኦም ወሲዳ ምስ በልዐት ንሰብኣያውን ሃበቶ። በዚ መንገዲ ሓጢኣት ናብ ደቂ ሰብ ኣትዩ ሞት ድማ ተወሊዱ። ሮሜ 5፡12 "ስለዚ ኸኣ ከምቲ ብሰሪ ሓደ ሰብኣይ ሓጢኣት ናብ ዓለም ዝኣተወ ብሓጢኣትውን ሞት ኩላቶም ስለዝበደሉ ድማ ሞት ናብ ኩሉ **ሰብ** ሓለፈ" ይብል። ከምቲ

ኣብ ሮሜ 6፡16 “ንምእዛዙ ባሮት ክትኮኑ ርእሰኹም ንትህብዎ ንሓጢኣት እንተኾይኑ ንሞት፣ ንምእዛዝ እንተኾይኑ ንጽድቂ፣ ነቲ እትእዘዝዎስ ባሮቱ ኸም ዝኾንኩምዶ ኣይትፈልጡን ኢኹም” ዝብል፣ ኣዳምን ሄዋንን ንእግዚኣብሄር ማለት ቃል ጽድቂ ምእዛዝ ሓዲጎም ንሰይጣን (ቃል ሓሶት) ስለዝተኣዘዙ ኣብ ትሕቲ ሰይጣን ባሮት ሓጢኣትን ሞትን ኮይኖም። ካብዚ እዋን ጀሚሩ ካብ ኣዳም ዝተወልደ ዘበለ ኩሉ ሰብ ባርያ ሓጢኣት ኮይኑ፣ ዘርኢ ሓጢኣት ናብ ኩሉ ሰብ ሓሊፉ። ነዚ ከረዳኣና ዝኽእል ጥቕስታት እዮብ 15፡14 “ሰብከ እንታይ እዩ ንጹህ ዚኸውን ውሉድ ሰበይትስ ጻድቕ ዚኸውን መን እዩ” ይብል። ከምኡውን መዝ 51፡5, ሮሜ 5፡12-18, ሮሜ 3፡10-12,23 ወዘተ..

ኣብ ምሳ 20፡9-11 “ንልበይ ኣጽሪየዮ ካብ ሓጢኣተይ ነጽሂ ኢ.ብል ዝኽእል መን እዩ። ክልተ ዓይነት ሚዛን፣ ክልተ ዓይነት መስፈሪ፣ እዚኣተን ክልቲኤን ኣብ እግዚኣብሄር ፉንፉናት እየን። ቆልዓ እኳ ዕዮኡ ቅኑዕን ንጹህን እንተኾነ ብግብሩ የፍልጥ” ይብል።

እዚ ዝረኣናዮ ጥቕስታት ኩሉ ሰብ ሓጢኣተኛ ምዃኑ እዩ ዝዛረብ። ብመለከዒ ደቂ ሰባት እቲ ኣበሳ (ሓጢኣት) የብሉን ተባሂሉ ዝዝረበሉ ህጻን እኳ ሓጢኣተኛ ምዃኑ እዩ ዝዛረበሉ ዘሎ። ቆልዓ እኳ ዕዮኡ ቕኑዕን ንጹህን እንተኾነ ብግብሩ የፍልጥ ዝብል ሓሳብ፣ ንኣብነት ወዲ ሓደ ዓመት ህጻን ኣዲኡ እንተ ወለደትሉ። እቲ ወዲ ዓመት ኣብቲ ዝተወልደ ሓድሽ ህጻን ካብ ቅንኢ ዝተላዕለ ዘርእዮ ተግባር፣ ብቐሊሉ ክንርዳእ ንኽእል ኢና። ስለዚ ድማ ኣደ ነቲ ተወሊዱ ዘሎ ሓድሽ ህጻን ክትሕሉ ትግደድ። ከምኡውን ዘይናቱ ይደሊ። እዚ ኩሉ ዝገብሮ ግብርታት ግና ክፉእ ወይ ጽቡቕ ምዃኑ ኣይፈልጥን እዩ። ውጽኢት ዕዮኡ ግና ሓጢኣት እዩ። ዕዮኡ ቅኑዕን ንጹህን እንተኾነ ብግብሩ የፍልጥ ክብል ከሎ ሓጢእተኛ ምዃኑ እዩ ዝገልጽ ዘሎ። ሞት ብሓጢኣት እዩ ዝገዝእ። ኣብ ሮሜ 5፡12“..ሞት ናብ ኩሉ ሰብ ሓለፈ”ይብል፣ ብሰንኪ ሓጢኣት ኩላቶም ከም ዝሞቱ፣ ሓጢኣት ድማ ናብ ኩሉ ሰብ ከም ዝሓለፈን ይሕብረና። እምበኣርከስ ህጻን ውን ዘርኤ ሓጥያት ስለዘልዎ ሞት ኣብ ልዕሊ ህጻናትውን ክገዝእ ከሎ ንርእዮ። እንተዘይከውንሲ ህጻን ኣብ ግዜ ህጻንነቱ ኣይሙሞተን ኔሩ። በዚ ኣብዚ ላዕሊ ዝረኣናዮ ሓሳብ ካብ ኣዳም ዝተወልደ (ዘርኢ ኣዳም ዘለዎ) ኩሉ ሰብ ሓጥያተኛ ከምዝኾነ ርኢና ኣለና።





ሞት፡- ሞት ማለት ምፍላይ ዝብል ትርጉም ኣለዎ። ንኣብነት ዝኾነ ዝሞተ ሰብ ይኹን እንስሳ ዝተመልሰ የለን። ኣዳምን ሄዋንን ካብታ ኦም ምስ በልዑ ዝሞትዎ ሞት፣ ከምዚ ሕጂ ደቂ ሰባት ናብ መቃብር ዝኣተውዎ ዓይነት ሞት ኣይኮነን። ኣዳምን ሄዋንን ምስ ሞቱ ቀጥታ ናብ መቃብር ኣይኣተዉን። ምኽንያቱ ኣብ ዘፍ 5፡5 እዳም ድሕሪ ውድቀቱ ትሽዓተ ሚኢቲን ሰላሳን ዓመት ጸኒሑ ናብ መቓብር ከም ዝኣተወ መጽሓፍ ቅዱስ ይነግረና። እምበኣር እዚ ሞይቱ ዝብል ቃል ካብታ ኦም ምስ በልዐ ብኡ ንብኡ ካብ ህላውነት (ክብሪ) እግዚኣብሄር ኣምላኽ እዩ ዝተፈልዩ።

ኣዳም ካብ ናይ እግዚኣብሄር ሕላወ ሞይቱ ናብ ናይ ሰይጣን ግዝኣት ከም ዝኣተወ በዚ ዝስዕብ ንርአ።

| | |
|---|---|
| እግዚኣብሄር | ሰይጣን |
| ብርሃን | ጸልማት |
| ሓርነት | ባርነት |
| ጽድቂ | ሓጢኣት |
| ሰላም | ጭንቀት |
| ሓጐስ | ጓሂ |
| መንግስቲ ኣምላኽ | ገሃነም እሳት … … |

ወዘተ

እምበኣርከስ ሞት ማለት ካብቲ ናይ እግዚኣብሄር ተፈሊኻ ናብቲ ናይ ሰይጣን ነገር ምኻድ ወይ ምንባር ማለት እዩ። ኣብ እብ፡9፡27 “ከምቲ ንሰብ ሓንሳእ ሞት ብድሕሪኡውን ፍርዲ ዝተሰርዖ..” ዝብል በዚ መንገዲ ሰብ ካብ እምላኽ ከምዝተፈልየ (ከምዝሞተ) ንሪኢ ኣለና። ነዚ ዝሞተ ሰብ ፍርዲ ድማ ተዳልይሉ ኣሎ። እግዚኣብሄር ንሓጥያተኛ ዘበለ ኹሉ ብናይ ዘልኣለም ጥፍኣት ወይ ናብ ገሃነም እሳት ይፈርዶ። ገሃነም እሳት ናይ ጭንቂ ስፍራ፣ ናይ ትዕቢተኛታት ስፍራ፣ ጸላም፣ ዘየቋርጽ ጓህን፣ ናይ ዘልኣለም ሰቃይን፣ ቀላይ ሓውን እዩ። ሓጢያተኛ ኸኣ ካብ ኣምላኽ ተፈልዩ (ሞይቱ) ኣብዚ ስፍራዚ ንኽሳቐ እግዚኣብሄር በቲ ሓቐኛ ፍርዱ ይፈርድ። ከምቲ ኣብ እብ 27፡9 “ንሰብ ሓንሳእ ሞት ብድሕሪኡ ውን ፍርዲ ተሰርዖ” ዝብል ዝረኣናዩ ሰብ ድማ ብምኽንያት ሓጥያት ካብ እግዚኣብሄር

ተፈልየ። ብምኽንያት ሓጥያት እዚ ናይ ዘልኣለም ፍርዲ ገሃነም እሳት ቅኑዕ ፍርዲ እግዚኣብሄር ኣብ ልዕሊ ሰባት ተንጠልጢሉ ኣሎ። እምበኣር ኩሉ ሰብ ካብ ኣዳም ዝተወልደ ሓጥያተኛ ካብ ኮነ፡ ማለት ካብ እግዚኣብሄር ካብ ተፈልየ፣ ወይ ካብ ሞተ፣ ኣምላኽ ከኣ ንሓጢኣት ዘበለ ኹሉ ንገሃነም እሳት ንኽኣቱ ፈሪድዎ እዩ።

ኣብዚ ከነስተውዕሎ ዝግብኣና ኣምላኽ ሓቐኛ ፈራዲ እዩ፣ ፍርዱ ኸኣ ቅኑዕ እዩ። ነቲ ሓንሳእ ዝፈረዶ ይፍጽሞ ዳኣንበር ንፍርዱስ ኣየቕንኖን እዩ። ምኽንያቱ ፈሪዱ እንተዘይፈጺምዎ ቀዳማይ ቅኑዕ ፈራዲ ኣይከውንን፡ ነቲ ዝበሎ ካብ ዘይፈጸሞ ኸኣ ሓሳዊ ማለት ኢዩ። እግዚኣብሄር ግና ሓሶት ባህሪኡ ስለዘይኮነ፣ ፍጻሜ ናይቲ ፍርዲ ግድን እዩ፡፡ ኣብ ሮሜ 6፡23 "ዓስቢ ሓጥያትሲ ሞት እዩ" ይብል። ኩሉ ሰብ ከኣ ኣብ ትሕቲ ፍርዲ ቁጥዓ እግዚኣብሄር እዩ። ክልተ ዓይነት ሞት ኣሎ። ቀዳማይ ኩሉ እዚ ኣብዛ ምድሪ ዝነብር ዘሎ ወዲ ሰብ መዓልታዊ ንጥፈታት እናኣካየደ ህይወቱ ዝመርሕ ብቓል ኣምላኽ ክንርእዮ ከለና ምውት እዩ ዝብሎ።

ዘፍ 2፡3-5- እግዚኣብሄር ንኣዳም ካብዚኣ ምስ እትበልዕ ሞት ክትመውት ኢኻ ምስ በሎ፣ ኣዳም ድማ ነቲ ትእዛዝ ኣፍሪሱ ካብታ ፍረ ኦም ምስ በልዐ፡ ከምዚ ሕጂ ደቂ ሰባት ሞት ኢልና እንጽውዖ መንፈስን ስጋን ተፈላልዩ ናብ መቓብር ዝኣቱ ዓይነት ሞት ኣይኮነን ሞይቱ። ግናኽ ካብ ብርሃን ናብ ጸልማት ኣትዩ። ካብ ክብሪ እግዚኣብሄር ተፈልዩ ወይ ሞይቱ፣ ኣብ ጸልማት ትሽዓተ ሚእቲን ሰላሳን ዓመት ተመላሊሱ፡፡ ኩሉ ዘርኢ ኣዳም ከኣ ኣብ ጸልማት እዩ ተወሊዱ (ኩሉ ካብ ብርሃን ኣምላኽ ተፈልዩ ሞይቱ)፡፡ እምበኣር በዚ ምኽንያት ኩሉ እዚ ኣብ ዝባን ምድሪ ዝነብር ሰብ ብመጽሓፍ ቅዱስ ምውት ተባሂሉ ይጽዋዕ፡፡ ንኣብነት ኣብ ኤፌ 2፡1-2 "ንሸኻትኩም ቀደም ከም ንብረት እዛ ዓለም እዚኣ፣ ከምቲ መንፈሱ ሕጂ ኣብቶም ደቂ ዘይምእዛዝ ዚገብር ዘሎ ሓለቓ ስልጣን ኣየር እተመላለስኩም፣ ብበደልኩምን ብኣበሳኹምን ምውታት ዝነበርኩም፣ ንኣኻትኩም ህያዋን ገበረኩም፡፡" ይብል። ከምኡውን ኣብዚ ምዕራፍ እዚ ኣብ ጥቕሲ 5 ንኣና ብበደልና ምውታት ክሎናስ ምስ ክርስቶስ ህያዋን ገበረና፡፡ ይብል ወዘተ፡፡ በዚ ምኽንያት ኣብ ዓለም ዘሎ ሰብ ምውት ተባሂሉ ይጽዋዕ። እቲ ካልኣይ ሞት ድማ፡ ኣብ መወዳእታ ፍርዲ ጸዕዳ ዝፋን ካብ መቓብር ዝትንስኡ ኩሎም





ሓጥያተኛታት ናብ ገሃነም እሳት ስለዝፍረዱ እዚ ፍርዲ እዚ ካልኣይ ሞት ተባሂሉ ይጽዋዕ፡፡

ራኢ 20፡14 "እዚ እቲ ካልኣይ ሞት እዩ፣ ማለት ቀላይ ሓዊ፡፡ ዝኾነ ይኹን ኣብ መጽሓፍ ህይወት ተጺሒፉ ዘይተረኽበ፡ ናብቲ ቀላይ ሓዊ ተደርበየ" ይብል፡፡ እዚ ዝረኣናዮ ክልተ ዓይነት ሞት ካብ እግዚኣብሄር ዝፈሊ ዓይነት ሞት እዩ፡፡ እ ቲ ኣብ ምዕ ራፍ 3፡19 መሬት ኢኻ እሞ ናብ መሬት ክትምለስ ኢኻ ዝብል ቃል ግና ካብ ዘመድ ቤተሰብ ዝፈሊ ዓይነት ሞት ኮይኑ ናብ መቓብር ዝወስድ ዓይነት ሞት እዩ፡፡ እዚ ኸኣ ስጋዊ ሞት ተባሂሉ ይጽዋዕ፡፡

## *ካብ ፍርዲ ኣምላኽ ወይ ናይ ዘልኣለም ቑጥዓ ንምምላቕ ዝግበር ጻዕሪ ደቂ ሰባት፡-*

ኩሉ ኣብዚ ምድሪ ዘሎ ሰብ፡ ተራ ይኹን በዓል ስልጣን፣ ሃብታም ይኹን ድኻ፣ ምሁር ኮነ ዘይተማህረ፡ ኣብ ውሽጡ ሓደ ከቢድ ዝኾነ ስግኣት ወይ ፍርሒ ኣሎዎ። ሰብ ኣብ ገጽ ምድሪ እቲ ዝበዝሐ ዘመኑ ብጭንቀትን ዕረፍቲ ምሳእንን ብዘይ ዕጋበትን ብፍርሕን እዩ ዝነብር። እቲ ቀንድን ንሰብ ዘሰምብዶን ዕረፍቲ ዝኸልእን ከኣ ሞት እዩ። ምኽንያቱ ድሕሪ ሞት ዘሎ ህይወት ዋላ ሓንቲ ስለ ዘይፈልጥ፣ ተስፋን ርግጽነትን ስለ ዘይብሉ፣ ኣብ ከቢድ ምጥርጣርን ፍርሕን እዩ እዩ ዝነብር። እዚ ኸኣ እቲ ቅኑዕ ፍርዲ እግዚኣብሄር ኣብ ሕልና ደቂ ሰባት ስለ ዝምስክር እዩ። ስለምንታይ እዮም ደቂ ሰባት ንሞት ዝፈርሕዎ? ንኣብነት ከም ጥምየት፣ ኲናት፣ ሕማም፣ እርጋንን ወዘተ ዝኣመስሉ ኩሎም ናብ መቓብር ዝወስዱ መገዲ እዮም፣ ሰብ'ውን ፍጹም ኣይፈትዎምን። ድሕሪ ሕማም ኮነ ድሕሪ ሓደጋ፣ ድሕሪ ጥሜት ኮነ ድሕሪ እርጋን ወዘተ ሞት እንተዘይህሉ ሰብ ፍጹም ፍርሒ ዝበሃል ኣብ ውሽጡ ኣይምተራእየን። እምበኣርከስ ሰብ ነቲ ድሕሪ ሞት ዘሎ ናይ ዘልኣለም ጥፍኣት ገሃነም እሳት መንፈሱ ስለ ዝምስክረሉ ናብኡ ከይኣቱ ይጭነቕን ይፈርሕን። ነብዚ ጭንቀትን ፍርሕን ንምውጻእ ከድሕኖ ይኽእል ይኸውን እዩ ኢሉ ዝኣመነሉ ናይ ገዛእ ርእሱ ብዙሕ መገዲ ይኽተል፡ ገለ ገለ ካብቲ መንገድታት እዚ ዝሰዕብ እዩ፡

1. ብመገዲ ሃይማኖት፡- እቲ ስርዓት ሃይማኖት ዝእዝዞ ትእዛዝ ምፍጻም፡ ንኣብነት ስጋኻ ምሕሳም፡ ካብ ሰብ ተፈሊኻ ምንባር፡ ብጥሜትን ሽግርን ምሕላፍ፡ ኣብ ኣካላትካ ከቢድ ዘሳቒ ነገር ምጥቃም፡ ዝተፈላለየ በዓላት ብምብዓል ገንዘብካን ጉልበትካን ምጥፋእ፡ ኣብ ገለገለ ስፍራታትውን ክሳዕ ውሉዶም ኣብ ናይ ሃይማኖቶም መስውኢ ዝሰውኡ ወይ ዝሓርዱ ኣለዉ። እዚ ኩሉ ጌሮም ክነሶም ካብቲ ኣብ ላዕሊ እተጠቕሰ ፍርሕን፡ ጭንቀትን፡ ሞትን ሓራ ኣይኮኑን። ብዛዕባ እቲ ብድሕሪ ሞት ዘሎ ህይወት'ውን ምንም ተስፋን ርግጽነትን የብሎምን። እዚ ኸኣ ካብቲ ፍርዲ ኣምላኽ ወይ ቑጠዐ ኣምላኽ ሓራ ከምዘይኮኑ ውሽጦም ዝምስክሮ ምስክር እዩ።

2. ግብረ ጽድቂ፡- ኣብ ሮሜ፡3፡9-12 "እንታይ ደኣ እዩ ካባታቶም እንሕሸሉዶ ኣሎና ሓንቲ እኳ ኣይሁድ ኰኑ ወይስ ጽርኣውያን ኩላቶም ትሕቲ ሓጢኣት ምዃኖም ቅድም ከሲስና ኣሎና። ከምኡውን ተጽሒፉ ኣሎ። ሓደ እኳ ጻድቕ የልቦን። ሓደ እኳ ዜስተብህል የልቦን። ሓደ እኳ ንኣምላኽ ዚደልዮ የልቦን። ኩላቶም ዘምበሉ። ኩላቶም ሓቢሮም ዘይጠቕሙ ኰኑ። ጽቡቕ ዝገብር የልቦን" ይብል። እዚ ዝረአናዮ ሓደ እኳ ጻድቕ የለን፡ ሓደ እኳ ጽቡቕ ዝገብር የልቦን ዝብሎ ዘሎ፡ ነቲ ካብ ኣዳም ዝወረሶ ሓጥያት ኣርሒቑ፡ ካብ ፍርዲ ሓራ ጌሩ መንግስቲ ኣምላኽ ክውርስ ዝኽእል ጽቡቕ ግብሪ ክገብር ዝኽእል ወላሓደ ስለዘየለ እዩ። እምበኣርከስ ቃል እግዚኣብሄር ሓደ እኳ ጻድቕ የልቦን ሓደ እኳ ጽቡቕ ዝገብር የልቦን ስለዝበለ፡ ወላ ሓደ ሰብ ብግብሩ መንግስቲ ኣምላኽ ክወርስ ዝኽእል የለን። ቃል እግዚኣብሄር ሓቀኛ እዩ። ሮሜ፡3፡4 "ያእ ኣይፋሉን ከምቲ ብቓላትካ ክትጸድቕ፡ ምስ ዝፈረደካውን ክትረትዕ ኢኻ ዝብል ጽሑፍ፡ ደኣ ኣምላኽ ሓቀኛ ምዃኑ ኩሉ ሰብ ግና ሓሳዊ ምዃኑ ይረኸብ" ይብል። ስለዚ ግና፡ ሰብ ብጽቡቕ ግብሪ እዩ ዝጸድቕ ወይ ክኣ ካብ ፍርዲ ዝምልጥ ኢሎም ዝዛረቡ ወይ ዝምህሩ ኣለው።

ንኣብነት ንዝኾነ ሰብ ወይ መራሒ ሃይማኖት ሰብ ክጸድቕ፡ ናይ ዘልኣለም ህይወት ክወርስ እንታይ ክገብር ኣሎዎ? ተባሂሉ ምስ ዝሕተት እቲ ዝምልሶ መልሲ ጽቡቕ ክገብር አለዎ ዝብል እዩ። እንታይዩ እቲ ጽቡቕ ምስ ዝበሃልውን፡ ድኻታት ምርዳእ፡ ሽተራት ምሕጋዝ፡ ዘይምስራቕ፡ ዘይምሕሳው፡ ዘይምዝማው፡





ካልእ ከምዚ ዝኣመሰሉን ኢሉ ይምልስ። እምበኣር ሰብ ጽቡቕ ዝብሎ መንግስቲ ኣምላኽ ግና ዘየውርስ፡ ጽቡቕ ኣሎ። እዚ ድማ እቲ ሰብ ክገብሮ ዝኽእል ጽቡቕ፣ ምድራዊ ነገር ጥራሕ ስለዝኾነ እዩ። እግዚኣብሄር ድማ ነቲ ብምድራዊ ነገር ኣብ ምድሪ ዝገበርካዮ ጽቡቕ ብምድራዊ ነገር ይኽሕሰካ እምበር ካብቲ ዝመጽእ ናይ ዘልኣለም ቁጥዓስ ኣየናግፈካን መንግስቲ'ውን ኣየውርሰካን እዩ። ምኽንያቱ ሰብ ብግብሪ ናይ ምድራዊ ነገር ካብ ናይ ዘልኣለም ፍርዲ ሓራ ኰይኑ መንግስቲ ኣምላኽ ዝወርስ እንተዝኸውን የሱስ ክርስቶስ ኣብ መስቀል ኣይምተሰቕለን ወይ ብየሱስ ክርስቶስ ምእማን ኣይመድለየን ኔሩ።

ኣብ ሉቃስ 18፡18 እንተደኣ ርኢና እቲ ሃብታም መራሒ ንየሱስ ክርስቶስ ዝሓተቶ ካብ ህጻንነቱ ኣትሒዙ ብናይ ገዛእ ርእሱ ግብሪ ጽድቂ ክጸድቕ ዝጻዓረ ሰብኣይ እዩ። ጻዕሩ ግና ብግብሩ ስለ ዝነበረ፣ ግብሩ ድማ ካብቲ ዝመጽእ ቁጥዓ ናይ ዘልኣለም ፍርዲ ሓራ ከምዘይኮነ፡ ኣብ ውሽጡ ጥርጥርን ፍርሒን ስለዘለዎ ንየሱስ ክርስቶስ ክድሕን እንታይ ክገብር ኣለኒ ክብሎ እንከሎ ንርኢ። እቲ ዘገርም ግና እዚ ጽቡቕ ግበር ብግብርኻ ኢኻ እትጸድቕ ዝብል ትምህርቲ ሃይማኖት፡ ዓሌት፡ ቋንቋ፡ ከይፈለየ ኣብ ዓለም ምሉእ ኣብ ኣእምሮ ደቂ ሰባት ዝርከብ ኣተሓሳስባ እዩ። እዚ ኣታሓሳስባ እዚ ከኣ ከምቲ ሓጥያት ብዘርኢ ዝሓልፍ ከምኡ ከኣ እዚ ብግብርኻ ኢኻ እትጸድቕ ዝብል ትምህርቲ ካብ ኣዳም እዩ ተወሪሱ።

ዘፍ፡3-7 "ሽዑ ኣዒንቲ ክልቲኦም ተኸፍታ ጥራዮም ምዃኖም ከኣ ፈለጡ፡ ቆጽሊ በለስ ኣላጊቦም ከኣ ተዓጠቑ።"ይብል። ኣብዚ ስፍራዚ ኣዳምን ሄዋንን ካብታ ኦም ምስ በልዑ ኣዒንቶም ተኸፍታ ክብለና ከሎ እቲ ንጽቡቕን ክፉእን ዘለሊ ዓይኒ ዳኣዩምበር ተኸፊቱ እዚ ናይ ስጋ ዓይኒ ኣይኮነን፡ ቅድሚ ሓጢኣት ምግባሮምሲ ይርእዩን ይመላለሱን ነይሮም። ጽብቕን ክፉእን ግን ኣይፈልጡን እዮም ነይሮም። ሓጢኣት ምስ ገበሩ ግና ክፉእ እንታይ ምዃኑ ጽቡቕ እንታይ ምዃኑ ክፈልጡ ኪኢሎም። ጥራዮም ምዃኖም ርእዮም ክብለና ከሎ ኸኣ እቲ ዝነበሮም ናይ እግዚኣብሄር ክብሪ ካብኣቶም ስለ ዝተፈልየ እዩ። ንኣብነት ምልኣት ሓጎስ ነይርዎም ካብዚ ተፈልዩም ናብ ጭንቐት፡ ናብ ጓሂ ኣትዮም። ኣብ ፍጹም ብርሃን ህይወት ኔሮም፡ ናብ ፍጹም ጸልማት ህይወት ኣትዮም። ብርሃን፡ ብርሃን ምዃኑ ክፍለጥ እንተዳኣ ኾይኑ ጸልማት ክህሉ ኣለዎ። ብርሃን

እግዚኣብሄር እዩ። ኣንጻር ብርሃን ከኣ ጸልማት እዩ። ጸልማት ናይ ሰይጣን፡ ናይ ሓጥያት ምሳሌ እዩ። እምበኣር ኣዳምን ሄዋንን ካብዚ ናይ እግዚኣብሄር ብርሃን ናብ ጸልማት ስለ ዝኣተው ጸልማት ክፋእ ዘጨንቕ፡ ዘፍርሕ፡ ምዃኑ ፈሊጦም። እግዚኣብሄር ከኣ ጽሩኅ፡ ሕያዋይ ምዃኑ ፈሊጦም፡ የዒንቶም ተኸፍታ እሞ ጥራዮም ምዃኖም ድማ ፈለጡ ዝብል እዚ ኣብ ሳዕሊ ክንርእዮ ዝጸናሕና ሓሳብ እዩ ዘመልክት። <u>ጥራይካ ምዃን</u> ናይ ሓጥያት ምሳሌ ኢዩ።

መጽሓፍ ቅዱስ ኩሎም ሓጢኦም ክብረ ኣምላኽውን ስኢኖም ይብለና። ከምኡውን ኣብ ዘጸ 28:32-33 "ንሕፍረቶም ዝኸድን ስረ ድማ ካብ ልሕጺ እንጣጢዕ ግበረሎም። ካብ ሕቖኦም ክሳዕ ብርኮም ዝበጽሕ ይኹን፡ ኣሮንን ደቁን ክይብደሉ እሞ ክይሞቱ ናብ ድንኳን ምርኻብ ክኣትው ኸለው ወይ ኣብ መቕደስ ከገልግሉ ናብ መሰውኢ ኪቐርቡ ኸለው ይተዓጠቕዎ እዚ ንዕኡ ብድሕሪኡ ኸኣ ንዘርኡ ሕጊ ዘልኣለም ይኹን" ይብል። ከምእውን ንሙሴ "ናብ መሰውኢ ብመሳልል ኣይትደይብ ጥራይካ ከይትርእዮ ከይትመውት" ኢልዎ። ኣብ እብ12:2 ድማ "ናብቲ ሕፍረት ንዒቑ ስለቲ ኣብ ቅድሚኡ ዘሎ ሓጎስ ኢሉ መስቀል እተዓገሰን ኣብ የማን ኣምላኽ እተቐመጠን ጀማር እምነትን ደምዳሚኣን የሱስ ንጠምት" ይብል። ሕፍረት ንዒቑ ክብል ከሎ ክርስቶስ የሱስ ኣብ መስቐል ምእንታና ሓጥያት ኮይኑ ጥራዩ ከም ዝወዓለ እዩ ዘመልክት ዘሎ። ሉቃ 23:34 ንኽዳውንቱ ገሪፎም ከም ዝተማቐልዎ ይነግረና፡ ክዳን ናይ ጽድቂ ምሳሌ እዩ። ራእ 19:8 "ብን ዝበለ ጻዕዳ ሻሽን ጽሩይ ክዳንን ክኽደን ከኣ ተዋህባ። እቲ ሻሽ እቲ ድማ ጽድቂ እቶም ቅዱሳን እዩ" ይብል።

ኣዳምን ሄዋንን ቖጽሊ በለስ ኣላጊቦም ክዕጡቑ ኣምላኽ ኣይኣበዮምን። ኣምላኽ እውን ኣይኮነን ከዲንዎም። ናይ ገዛእ ርእሶም ፍልስፍና ወይ መንገዲ እዩም ተኸቲሎም። እዚ ኸኣ ካብቲ ዘሰምብድ ፍርዲ ወይ ቁጥዐ ንምምላቕ ዝገበርዎ ጻዕሪ እዩ። ክዳን ናይ ጽድቂ ምሳሌ ምዃኑ ርኢና ኢና። እምበኣር ኣዳምን ሄዋንን ብናይ ገዛእ ርእሶም ጽድቂ ብምግባሮም ክጸድቁ ጽዑቕ ዝበሃል ናይ ሰብ ጻዕሪ ፈቲኖም። እዚ ፈተነ ሄዋን ኣብ ቅድሚ ኣዳም፡ ኣዳምውን ኣብ ቅድሚ ሄዋን ተኣኣሊዶም ክኸኑ ይኽእሉ። እዚ ማለት ኣዳም ጥራይኪ ኣይርእየክን እየ ዘለኹ ጻድቕ ኮይንኪ ኢልዋ ይኸውን፡ ሄዋንውን ንኣዳም ከምኡ ኢላቶ





ትኸውን። እዚ ኸኣ ሕፍረቶም ብቆጽሊ በለስ ስለ ዝተኸደኑ እዩ። ዘፋ3:8-10 "ምድሪ ምስ ወልወለ ድማ ድምጺ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ኣብ ገነት ክመላለስሰምዑ ኣዳምን ሄዋንን ከኣ ካብ ገጽ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ኣብ ማእከል ኣእዋም ገነት ተሓብኡ። እግዚኣብሄር ኣምላኽ ድማ ንኣዳም ጸዊዑ ኣበይ ኣሎኻ በሎ ንሱ ኸኣ ድምጽኻ ኣብ ገነት ሰሚዐ ፈራሕኩ። ጥራየይ ከኣ ኢየ እሞ ተሓባእኩ በሎ" ይብል።

ኣዳምን ሄዋንን ኣብ ጸልማት ኮይኖም ሕፍረቶም ክኸድኑ ዝመሃዝዎ ቆጽሊ በለስ ብርሃን እግዚኣብሄር ወይ ድምጺ እግዚኣብሄር ምስ ተገለጸ ክቖሙ ኣይከኣሉን። ኣዳም ከኣ ጥራየይ እየ እሞ ተሓባእኩ ክብል ከሎ እቲ ቆጽሊ በለስ ተኸዲንዎ እዩ ነይሩ። ዝተኸደኖ ቆጽሊ በለስ ካብቲ ዝመጽእ ፍርዲ ወይ ቁጥዓ እግዚኣብሄር ሓራ ክገብሮ ግን ኣይከኣለን። መጽሓፍ ቅዱስ ሰብ ብባህሪኡ ወዲ ቁጥዓ ምዃኑ ይነግረና። ኣብ ኤፌ2:3, ሮሜ 8:2, ሮሜ 7:23 ርአ።

ብዛዕባዚ ሕጊ ቁሩብ ክንዛረብ። ንኣብነት እዕዋፍ ናተን ናይ ምንፋር ሕጊ ኣለወን። ክነፍራ ኣይጭነቃን ኢየን። ዓሳ ድማ ናይ ምሕንባስ ሕጊ ኢዩ ዘለዎ። ክሕንብስ ኣይሸገርን ኢዩ። ከም እዕዋፍ ክነፍር ኣይክእልን፡ ምኽንያቱ ናይ ምንፋር ሕጊ የብሉን። ከምኡ ድማ ሰብ ናይ ሓጢኣት ሕጊ ኣብ ውሽጡ ስለዘሎዎ መንግስቲ ኣምላኽ ክወርስ ኣይክእልን እዩ። ጽድቂ ክገብር ኣይክእልን እዩ። ምኽንያቱ ሕጊ ጽድቂ ኣብ ውሽጡ የብሉን። ሰብ ብናይ ገዛእ ርእሱ ጻዕሪ ባህሪኡ ክልውጥ ኣይክእልን እዩ። እንተፈተነ ከኣ ልክዕ ከምቲ ሀበይ ክዳን ሰብ ተኸዲኑ ዝንቀሳቐስ ግናኸ ባህሪኡ ብዘምኽንያት እቲ ክዳን ዘይልወጥ፡ ከምኡ ከኣ ኣዳም ዝተኸደኖ ቆጽሊ በለስ ነዚ እዩ ዝመስል። ስለዚ ድማ እዩ ካብ ገጽ እግዚኣብሄር ሃዲሙ።

ድሕሪዚ ግና ኣብ ዘፍ3:21 "እግዚኣብሄር ኣምላኽ ድማ ንኣዳምን ሰበይቱን ደበሎ ገይሩ ከደኖም" ይብል። እዚ ደበሎ እዚ ቆርበት እንስሳ እዩ። እምበኣር እግዚኣብሄር እንስሳ ሓሪዱ ቆርበት ከምዝኸደኖም ንርኢ ኣለና። እዚ ከኣ ጐይታ የሱስ ክርስቶስ ኣብ መስቀል ምእንቲ ኩሉ ሰብ ተሓሪዱ ጽድቂ ንኹሉ ሰብ ከምዝኸውን ዝነግር ትንቢት እዩ። እምበኣር ሰብ መንግስቲ ኣምላኽ ክኣቱ ወይ ክጸድቕ ዝኽእል ብክርስቶስ ጥራይ እዩ። ነስተውዕል፡ እግዚኣብሄር ቅድሚ ንኣዳምን ሄዋንን ደበሎ

እንኮ መንገዲ ምድሓን ምኽዳኑ፡ ኣዳምን ሄዋንን ቆጽሊ በለስ (ናይ ገዛእ ርእሶም ጽድቂ) እዮም ፈቲኖም። ክምቲ ኣብ ላዕሊ ዝጠቐስናዮ እምበኣር ኩሉ ሰብ ዓሌት ቋንቋ ከይፈለየ ኣብ ብዘሎ ዓለም ነዛ ኣዳም ዝተኸድና በለስ ክኽደኑ እዮም ክጽዕሩ ዝነብሩ። እዛ ክዳን በለስ ግን ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ እተቐውም ክዳን ኣይኮነትን። እቲ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ዘቑመና ክዳን ጽድቂ ግና ኣብ ታሕቲ ክንርእዮ ኢና፡፡

ሕጊ ሙሴ

ግብሪ ሕጊ ወይ ሕጊ ሙሴ 10 ትእዛዛት ክምኡውን ካልእን እዩ። እዚ ሕጊ እዚ ኸኣ ካብ ኣምላኽ እዩ ተዋሂቡ። ገለ ሰባት ግና ሰብ ንሕጊ ሙሴ እንተድኣ ፈጺምዎ ክምዝጸድቕ መጽሓፍ ቅዱስ ይዛረብ እዩ ይብሉ። ስለዚ ምስዚ ብግብሩ ዝጸድቅ ሰብ የለን ኢልካ ትምህሮ ዘለኻ ኣይጋጨንዶ ይብሉ ይኾኑ። መጽሓፍ ቅዱስ ግና ሓደ እኳ ብግብሩ ወይ ብምፍጻም ሕጊ ሙሴ ዝጸድቅ የልቦን ኢሉ ይነግረና። ገላ2፡16 ሮሜ 3፡20, 7፡1-9 ኣብዚ ዝረኣናዮ ጥቕሲ ስጋ ዝለበሰ ኩሉ ብግብሪ ሕጊ ዝጸድቅ ዋላ ሓደ የለን እዩ ዝብል፡ ሰብ ብግብሩ ንሕጊ ክፍጽም ከምዘይክእል እናፈለጠ ስለምንታይ እግዚኣብሄር ንሰብ ሕጊ ሂብዎ ንዝብል ሕቶ፡ እቲ ምኽንያት ሰባት ብግብሮም ክጸድቑ ከምዘይክእሉ ስለ ዘይፈልጡ ምእንቲ ክፍልጦም ኢሉ እዩ ሕጊ ዝሃበ። እዚ ከኣ ፍቕሪ ኣምላኽ እዩ። ሮሜ 3፡19-20 "ግናኸ ኩሉ ኣፍ ምእንቲ ክዕጾ ኩላ ዓለምውን ትሕቲ ፍርዲ ኣምላኽ ምእንቲ ክትከውንሲ እቲ ሕጊ ዝብሎ ዘበለ ኩሉ ነቶም ኣብ ትሕቲ ሕጊ ዘለው ከምዝዛረቦም ንፈልጥ ኢና። ሕግስ ሓጢያት ኢዩ ዘፍልጥ እሞ ስለዚ ስጋ ዝለበሰ ኩሉ ኣብ ቅድሚኡ ብግብሪ ሕጊ ዝጸድቅ የልቦን" ይብል።

እቲ ካብ እግዚኣብሄር ዝመጸ ሕጊ ቅዱስን ጻድቕን ብርሃንን ኮይኑ ንባህሪ እግዚኣብሄር ዘንጸባርቕ እዩ። ሰብ ግና ብባህሪኡ ሓጥእን ርኹስን ኣንጻር ባህሪ እግዚኣብሄርን ስለዝኾነ ምስናይ እዚውን ጥቡርን ተታላሊ ልቢ ስለዘለዎ ባህሪኡ ስለዘይፈልጥ ሕጊ ዝመጸ እንበኣር መንነቱ (ሓጥእ ምዃኑ) ኻፍልጦ እዩ። ኣዳም ድምጺ እግዚኣብሄር ኣብ ገነት ክመላለስ ምስ ሰምዐ እዩ ጥራይይ እየ እሞ ተሓቢእኩ ኢሉ ዝመለሰ። እግዚኣብሄር ድማ ደበሎ ማለት ቆርበት ክዲንዎ። ኣብዚ ከነስተውዕሎ ዝግብኣና



## ግብር ሕግን እምነትን በበይኑ፡ ኢዩ፡-

| ሕጊ | እምነት |
| --- | --- |
| 1. ግብሪ | 1. ምሕረት |
| 2. ደሞዝ | 2. ፍቕሪ |
| 3. ትምክሕቲ | 3. ነጻ ሂያብ (ጸጋ) |

"ሕግስ ብሙሴ ተዋህበ ጸጋን ሓቅን ግና ብየሱስ ክርስቶስ መጸ"። ዮሃ1፡16, ክምኡውን ገላ3፡10-12, "ነፍሲ ወከፍ ነቲ ኣብ መጽሓፍ ሕጊ ተጻሒፉ ዘሎ ኩሉ ኽገብሮ ዘይጸንዕ ርጉም ይኹን ዝብል ጽሑፍ ኢዩ እሞ እቶም ካብ ግብሪ ሕጊ ዘበሉ ኹሎም ኣብ ትሕቲ መርገም እዮም። ግናኸ እቲ ጻድቕ ብእምነት ህያው ኮይኑ ክነብር እዩ እሞ ብሕጊ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ሓደ እኳ ከም ዘይጸድቅ ግሁድ እዩ"ይብል። ሮሜ4፡13-14 "እታ ንኣብርሃም ወይስ ንዘርኡ ወራሲ ዓለም ምእንቲ ክኸውን እተዋህበቶ ተስፋ ብጽድቂ እምነት እያ እምበር ብሕጊ ኣይኮነትን እሞ እቶም ካብ ሕጊ ዝኾኑ እንተ ዝወርሱ እምነት ኮንቱ ምኾነት እታ ተስፋውን ምተጠልመት ነይራ" ይብል። እዚ ዝረኣናዮ ጥቕስታት እምነትን ሕግን በበይኑ ከምዝኾነ እዩ ዝዛረብ። ነዚ እንዛረበሉ ዘለና መረዳእታ ዝኸውን ነዚ ዝስዕብ ኣብነት ኣብ መንጎ ኣስራሕን ሰራሕተኛን ዘሎ ክንርኢ ኢና። ዝኾነ ኣስራሒ መንግስታዊ ይኹን ውልቃዊ ኣብ ልዕሊ እቲ ሰራሕተኛ ዝሕግጎ ሕጊ ኣለዎ። እዚ ከኣ ሰዓታት ምኽባር፡ እዝን እትን ግበር፡ እዝን እትን ኣይትግበር ዝብል እዩ። እቲ ሰራሕተኛ ነቲ ዝተባህሎ ምስ ዝፍጽም ጥራሕ እዩ ዓስቢ ክቕበል ዝኽእል። ነዚ ዝስዕብ ተመልከት።

ኣዛዚ ወይ ኣስራሒ ሕጊ ይሕግግ፡

ሰራሕተኛ
1. ነቲ እተኣዘዞ ሕጊ ይገብር ወይ ይፍጽም
2. ውጺኢቱ ካኣ ደሞዙ ይቕበል
3. ብጉልበቱ ወይ ብፍልጠቱ ይምካሕ

ኣብዚ ዝረኣናዮ ነጥቢ ኣስራሒ ወይ ሓጋጊ ነቲ ዝሓገጎ ወይ ዝኣዘዞ ባዕሉ ኣይሰርሖን እዩ ወይ ድማ ነቲ ስራሕተኛ ኣይሰርሓሉን እዩ። እቲ ስራሕተኛ ድማ ትእዛዝ እንተዘይ ኣኽቢሩ ወይ ነቲ እተኣዘዞ እንተዘይ ሰሪሑ ወይ ንብረት እንተ ኣጥፊኡ ደሞዙ ኣይረክብን ወይ ኣይቅበልን እዩ። ኣብዚ ስፍራ እዚ ፍቕርን ምሕረት ነጻ ሂያብን ወይ ድማ ጸጋ የለን።

እምነት ግና ካብዚ ዝራኣናዮ ፍልይ ዝበለ እዩ። እምነት ካብ ምስማዕ እዩ ዝመጽእ። እቲ ዝእመን ኣካል ከኣ ዘይሕሱ ዘይጠልም ሓቀኛ ምስዝኾውን ጥራሕ እዩ። ንኣብነት ሓደ ኣለቃሒ ነቲ ዘለቅሖ ሰብ ክኸፍሎ ከምዘይክእል ምስ ረኣየ እቲ ኣለቃሒ ምሕረት ጌረልካ ዝብል ቃል ምስ ዘውጽእ፡ እቲ በዓል ዕዳ ወይ ተለቃሒ ነቲ ቃል ሰሚዑ ይሕጎስ፡ ካብ ዕዳ ሓራ ከምዝወጸ ድማ ይዛረብ። ከምኡውን እቲ ኣለቃሒ ብዙሕ ገንዘብ ነጻ ሂያብ እንካ እንተዝብሎ፡ ነቲ ተለቃሒ እዚ ኹሉ ዝገበርኩልካስ ስለዘፍቀርኩኻ እየ ድማ እንተዝብሎ፡ እምበኣር ነስተውዕል እቲ ኣለቃሒ ኢዩ ኩሉ ዕዮ ዓይዎ እቲ ተለቃሒ ወይ በዓል ዕዳ ግና በቲ ዝተባህሎ ኣሚኑ ምስጋና ጥራሕ እዩ ዘቕርብ። ብገዛእ ርእሱ'ውን ዝምኻሓሉ ፍልጠት ኮነ ክእለት የብሉን። ትምክሕቱስ በቲ ምሕረትን ፍቕርን ነጻ ሂያብን ዝሃቦ ሰብ እዩ። እምበኣርከስ ግብሪ ሕግን እምነትን በበይኑ ምዃኑ ርኢና ኣለና።

ሰባት ንግብሪ ሕጊ ወይ ሕጊ ሙሴ ክፍጽምዎ ዘይክእሉሉ ምኽንያት ሕጊ ባህሪ እግዚኣብሄር ስለ ዘንጸባርቕ እዩ። ባህሪ ሰብ ግና ሓጥያት እዩ። ሰብ ብሕጊ እንተዝጸድቕ ውጽኢት ዕዮኡ ደሞዝ ስለዝኾነ ብገዛእ ርእሱ ደኣ ምተመክሐ እምበር ብእግዚኣብሄርሲ ኣይምተመክሐን። ሮሜ 4፡1-4 "እምባኣርሲ ኣብርሃም ኣቦና ብስጋ እንታይ ረኺቡ ክንብል ኢና። ኣብርሃም ብግብሪ ጻዲቑ እንተዝኾውንሲ ገለ ዝምክሓሉ ምረኸበ ነይሩ። ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ግና ኣይኮነን እቲ ጽሑፍ'ከ እንታይ ይብል ኣብርሃም ብኣምላኽ ኣመነ እሞ እዚ ንጽድቂ ተቖጽረሉ ነቲ ዝገብር ግና ዓስቡ ከምዕዳ ኮይኑ ኢዩ እምበር ከም ጸጋ ኣይኮነን ዝቑጸረሉ" ይብል። እምበኣር ብሕጊ ክጸድቕ ምፍታን ነቲ ኣዳም ተኸዲንዎ ዝነበረ ቆጽሊ በለስ እዩ ዘመልክት። ደበሎ ወይ ቆርበት ግና እምነት ኢዩ ዘመልክት። እምበኣር ፍቓድ ኣምላኽ ካብ ጥንቲ እቲ ሰባት ዝድሕኑሉ መንግዲ ብእምነት ብጸጋ





እምበር ብግብሪ ሕግስ ኣይኮነን። እዚ ኩሉ ክንርእዩ ዝጸናሕና ሰብ ብናይ ገዛእ ርእሱ ጻዕሪ ወይ መንገዲ ካብቲ ዝመጽእ ፍርዲ ወይ ቁጥዐ እግዚኣብሄር ከምልጥ ፈጺሙ ከም ዘይክእል እዩ።

ኣምላኽ ጻድቕ ፈራዲ ስለ ዝኾነ ንሓጢኣት ዘበለ ኩሉ ክፈርዶ እዩ። እብ፡9፡27 "ከምቲ ንሰብ ሓንሳእ ሞት ብድሕሪኡ ፍርዲ ተስርዩ .."ዝብለና ሰባት ካብዚ ፍርዲ ፈጺሞም ከምልጡ ወይ ክመልቁ ኣይክእሉን እዮም። እቲ ፍርዲ ኣምላኽ ክፍጸም ግድን ኢዩ።

## *እግዚኣብሄር ነቲ ቅኑዕ ፍርዱ ፈጺምዎ*

ካብዚ ቀጺልና ኣፈጻጽማ ናይቲ ቅኑዕ ፍርዲ እግዚኣብሄር ብክፋል ክገልጾ ዝኽእል ገለ ኣብነት ክንርኢ ኢና።

ንኣብነት፡ ሓቀኛ መፍቀርን ሓቀኛ ፈራድን ሓደ ዉሉድ ዘለዎ ሰብ ኣሎ ንበል። ኣብቲ ዓንቀጻት ሕጊ ድማ ኣብ ዓለም ዘሎ ኩሉ ወርቅን ጥሪትን (ሃብቲ) ተደሚሩ ማዕረ ሂወት ሰብ ስለ ዘይከዉን ሰብ ዝቀተለ ይቕተል ደኣ እምበር ጋርነብሲ ዋግኡ ኣይኮነን ወይ ድማ ኣይፍቀድን ዝብል ጽሑፍ ሕጊ ስለዘለዎ እቲ ሓቀኛ ፈራዲ ንወዱ ጸዊዑ ሕግና ሰብ ዝቀተለ ይቐተል እዩ ዝብል እሞ እምበእር ከይትቕተልስ ኣይትቕተል ኢሉ እንተዘጠንቅቆ'ሞ እቲ ቆልዓ ግና ሕራይ ኢሉ ውጺኡ ሰብ ቀቲሉ ናብ ኣብኡ እንተዝመጽእ እዚ ሓቀኛ ፈራድን ሓቀኛ መፍቀርን ንዉላዱ እንታይ ኮን ይገብሮ።

1. ንወዱ ስለዘፍቀሮ እንተደኣ ሚሒርዎ ክፈርዶ ዝግብኦ ሰብ ስለዘይፈረዶ ሓቀኛ ፈራዲ ክኸዉን ኣይክእልን እዩ። እንጻር ሓቀኛ ከኣ ሓሳዊ ምዃኑ ነስትዉዕል።

2. በቲ ሓቀኛ ፍርዱ ንወዱ ሞት እንተፈረዶ ድማ ሓቀኛ መፍቀሪ ኣይኮዉንን። ምኽንያቱ ባህርያት ፍቕሪ ከምሓር እሞ ብህይወት ክነብር እዩ ዝድርኽ፡፡ እምበእርከስ እዚ ሰብ ሓቀኛ ፈራድን ሓቀኛ መፍቀርን እንተደእ ክኸዉን ኮይኑ ነቲ ኣብ ልዕ ሊ ወዱ እንጠልጢሉ ዘሎ ከቢድ ጽዋእ ናይ ሞት ፍርዲ ኣብ ክንዲ ወዱ ንሱ ምስ ዝሓልፎ(ዝፍረዶ) ጥራሕ እዩ። ድሕርዚ ፍጻሜ ገለ ሰባት ንወዱ ናይ ሓቂ ፍቕሪ ከም ዘፍቀሮ ክግልጹ

ክለዉ ገለድማ ፍርዲ ከየ ቅንንሲ ሂወቱ ሂቡ ብምባል ሓቀኛ ፈራዲ ምኳኑ ክገልጹ ይኽእሉ። ወዱ ዉን ድሕሪዚ ፍጻሜ እዚ እዩ፡ ኣቡኡ ኣዝዩ ከም ዘፍቅሮን እቲ ዝገበሮ ገበን ድማ ከቢድ ምፃኑ ክርድኦ ዝኽእል፡፡ እዚ ሰብ፡ ኣብ ክንድኡ ኣቡኡ ስለዝተፈረደ ካብ ፍርዲ ሓራ እዩ።

ከምዚ ኣብ ላዕሊ ዝራኣናዮ ካብ ኣዳም ዝተወልደ ዘበለ ኹሉ ሓጢኣተኛ ስለዝኾነ እግዚኣብሄር ከኣ ንሓጢኣት ስለዝቐጽዖን ስለ ዝፈርዶን ፍርዱ ክፍጽም ናይ ግድን ኢዩ። እግዚኣብሄር ኣምላኽ ሓቀኛ ፈራዲ ጥራይ ኣይኮነን፡ ሓቐኛ መፍቀሪ ድማ እዩ። እግዚኣብሄር ንሰብ በቲ ሓቀኛ ፍቕሩ ኣፍቂሩዎ፡ ስለዚ ድማ እዩ ንወዱ የሱስ ክርስቶስ ናብ ዓለም ልኢኹዎ። ዮሃ፡3፡16 “ኣምላኽ በቲ ሓደ ወዱ ዝኣመነ ኹሉ ናይ ዘልኣለም ህይወት ምእንቲ ክረክብ እምበር ከይጠፍእሲ ንወዱ በጃ ክሳዕ ዝህብ ክሳዕ ክንድዚ ንዓለም ኣፍቀራ” ይብል። ከምኡ'ውን 1ዮው4፡9-16 “ኣምላኽ ንዕኡ ምእንቲ ብህይወት ክንነብር ኢሉ ነቲ ሓደ ወዱ ናብ ዓለም ብምልኣኹ እታ ፍቕሪ ኣምላኽ ንኣና በዚ ተገልጸትልና። ኣምላኽ ባዕሉ ስለዘፍቀረና ብናይ ሓጢኣትና መተዓረቒ ክኸውን ኢሉ ወዱ ስለ ዝሰደደልና ኢዩ እምበር ንሕና ንኣምላኽ ስለዘፍቀርናዮ ኣይኮነን፡ እታ ፍቕሪ በዚ ኢያ” ይብል። ኣብዚ ስፍራዚ ኣምላኽ ንኣና ስለ ዘፍቀረና እዩ እምበር ንሕና ንኣምላኽ ስለ ዘፍቀርናዮ ኣይኮነን” ይብል። ሰብ ንእግዚኣብሄር ከፍቅሮ ኣይክእልን'ዩ፡ ምናልባት ንኣምላኽ የፍቅሮ ኢየ ዝብል እንተሎ፡ ንኣምላኽ ከምዘየፍቅሮ ግና እቲ ሓጢያተኛ ባህሪኡ ይምስክረሉ ወይ ብግብሩ ይፍለጥ። ቲቶ፡1፡16 “ንኣምላኽ ከምዝፈልጥዎ ባዕሎም ይብሉ ፍንፉናትን ዘይእዙዙ ንሰናይ ግብሪ ዘበለ ኩሉ ዘይጠቅሙን ብምኳኖም ግና በቲ ግብሮም ይኽሕድዎ ኣለው” ይብል። ከምኡ'ውን ነቲ ብሙሉእ ልብኻን ብምሉእ ሓይልኻን ብምሉእ ነብስኻን ንእግዚኣብሄር ኣምላኽካ ኣፍቅሮ ዝብል ቀዳማይ ትእዛዝ ሕጊ ሙሴ ዋላ ሓደ ሰብ ክፍጽሞ ዝኽእል ኣይተረኽበን። ስለዚ ደቂ ሰባት ንኣምላኽ ዝጸልእ ባህሪ ሓጥያት እዩ ዘለዎም።

1ጴጥ 3፡18 “ክርስቶስ ድማ ናብ ኣምላኽ ምእንቲ ከቕርበና ኢሉ ንሱ እቲ ጻድቕ ስለቶም ዓመጽቲ ሓንሳእ ስለ ሓጢኣት ሞተ፡ ብስጋ ሞተ ብመንፈስ ግና ህያው ኮነ”ይብል። ከምኡውን ሮሜ 5፡8-10 “ግናኸ ንሕና ገና ሓጥኣን ከለና ክርስቶስ ኣብ ክንዳና ሞይቱ እዩ እሞ ኣምላኽ እታ ፍቕሩ ንኣና በዚ የርኢ ኣሎ..





ጸላእቱ ከለና ምስ ኣምላኽ ብሞት ወዱ ተዓረቕና ..”ይብል። እታ ሓቀኛ ፍቕሪ ንጸላኢኻ ምፍቃር እዩ እምበር ጽቡቕ ንዝገበረልካ ወይ ንዘይጸልኣካ ምፍቃርሲ ፍቕሪ ኣይኮነትን፡ ኣምላኽ ንጸላእቱ እዩ ኣፍቂሩ። ኣብዚ ክነስተውዕሎ ዝግባኣና ኣምላኽ ንሰብ ኣፍቂርዎ ክንብል ከለና ነቲ ቑጥዓ ወይ ሓቐኛ ፍርዱ ሸለል ኢልዎ ማለት ኣይኮነን። ኣምላክ ሓቐኛ ፈራዲ እዩ። የሱስ ክርስቶስ ዝመጸ ናብዛ ምድሪ እቲ ኣባና ብምኽንያት ሓጥያትናን ኣበሳናን ኣብ ልዕሌና ኣንጠልጢሉ ዝነበረ ቑጥዓ እግዚኣብሄር ወይ ፍርዲ ኣብ ክንዳና ክፍረድ ክቅጻዕ ክመውት እዩ ዝመጸ። ሓጥያት ዝመጸ ብሓደ ኣዳም እዩ፡ እቲ ብምኽንያት ሓጢኣት ኣብ ልዕሊ ኹሉ ሰብ ዝመጸ ፍርዲ ጐይታ የሱስ ክርስቶስ ኘኽፍረዶ ብቑዕ ኮይኑ። እምበኣር እቲ ሓቐኛ ፍርዲ እግዚኣብሄር እዚ እዩ። እቲ ከቢድ ቑጥዓ ፍርዲ ኣምላኽ ኣብ ልዕሊ ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ወሪዱ።

ወዱኳ ክነሱስ ኣይነሓፎን። ኣብ ኢሰያስ 53 ብምልኡ እቲ ምዕ ራፍ ብዛዕብኡ እዩ ዝዛረብ። ኣብ ቁጽሪ 5ን 6ን ከምዚ ይብል “ንሱ ግና ብሰሪ ገበንና ቖሰለ ብሰሪ ኣበሳና ድማ ተኸትከተ። ንሕና ሰላም ምእንቲ ክንረክብ መቕጻዕቲ ናብኡ ወረደ.. እግዚኣብሄር ከኣ ኣበሳ ኹላትና ኣብኡ ኣውደቖ ”ይብል። ከምኡውን ኣብዚ ምዕራፍዚ “ብሰሪ ገበን ህዝበይ ተቐዝፈ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከኣ ብመከራ ክሕምሽሾ ፈተወ” ይብለና። እንበኣርከስ ነቲ ኩሉ ኣበሳናን ገበንናን የሱስ ክርስቶስ ተቐጺዕ ዎ። እዚ ማለት እቲ ብምኽንያት ኣበሳ ኘኹሉ ሰብ ከተጽንት ወይ ክትቀጽዕ ኣብ ኢድ እግዚኣብሄር ዝነበረት ሴፍ እግዚኣብሄር ብዘይ ምሕረት ሰዲድዎ። የሱስ ከኣ ኣብ መስቀል ተቐቢልዎ። ነዚ ፍርዲ እዚ ኣብ ክንዲ ኩሉ ሰብ ኘኽፍረድ ኣብ ሰማይ ኮነ ኣብ ምድሪ ብጀካ ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ብቑዕ ኮይኑ ዝተረኽበ ዋላ ሓደ የለን።

ንደቒ ሰብ ዘድሕን እንተዝርከብ ነይሩ ካብ ፍጡርሲ ፈጣሪ ዶኽብር'ዎ የሱስ ክርስቶስ ምምጻእ ኣይመድለየን። ማቴ፡26፡39-44 ዘሎ የሱስ በታ ዝተታሕዘላ ምሸት ዝጸለዮ ጸሎት፡ ዎ ኣቦ ዝከኣል እንተኾይኑስ እዛ ጽዋእ ኣዚኣ ማለት እዛ ፍርዲ እዚኣ ካባይ ትሕለፍ ግናኸ ፍቓድካ ዳኣ እምበር ፍቓደይሲ ኣይኹን ኢሉ እዚ ቃል እዚ ሰለስተ ግዜ ደጊምዎ። እዚ ዘረድኣና እቲ መከራ ወይ ፍርዲ ኣዝዩ ከቢድ ከምዝኾነ እዩ፡፡ የሱስ ክርስቶስ እዚ ክብል እንከሎ ዕላምኡ ስለዝረሰዔ ወይ ስለዝፈርሔ ወይውን

ምምጽኡ ስለዝተጣዕሰ ኣይኮነን፣ እንታይ ድአ ብጀከኡ ነዛ ጽዋእ ክሰትያ ዝኽእል ኣብ ሰማይ ኰነ ኣብ ምድሪ ዋላ ሓደ ከምዘየለ ምእንቲ ከመልከት እዩ እዚ ዝበለ። ነዚ ፍርዲ ዘርሕቕ ስለዘይተረኽበ ወይ ስለዘየለ ድማ ምእንታና የሱስ ተፈሪድዎ።

ኣብ ራእ፡5፡1-5 "ኣብ የማን እቲ ኣብ ዝፋን ተቐሚጡ ዘሎ ድማ ብቕድሚኡን ብድሕሪኡን እተጻሕፈ ብሸውዓተ ማሕተም እተሓትመ መጽሓፍ ርኤኹ። ሓደ ብርቱዕ መልኣኽ ድማ ነዚ መጽሓፍ እዚ ዝግንጽሎ፡ ንማሕተሙውን ክፈትሓ፡ ዝበቅዕ መን ኣሎ እናበለ ብብርቱዕ ድምጺ ዓው ኢሉ ክዛረብ ረኣኹ። ነዚ መጽሓፍ እዚ ኽግንጽሎ ዝኽእል ኣብ ሰማይ ኮነ ኣብ ምድሪ፡ ወይስ ኣብ ትሕቲ ምድሪ ሓደ እኳ ኣይነበረን። ኣነ ድማ ነቲ መጽሓፍ ዝግንጽሎ ወይ ዘንብቦ ብቑዕ ሓደ እኳ ስለዘይተረኽበ ብዙሕ በኸኹ። ካብቶም ሽማግሌታት ሓደ ድማ ኣይትብከ እነሆ እቲ ካብ ነገድ ይሁዳ ዝኾነ ኣንበሳ እቲ ሱር ዳዊት ነቲ መጽሓፍን ነቲ ሸብዓተ ማሕተሙውን ኪፈትሖን ስዒሩ ኣሎ በለኒ" ይብል። እዚ ኣብ የማን ኣምላኽ ዘሎ ማሕተም ኣብ ልዕ ሊ ደቂ-ሰባት ዝወርድ ከቢድ ፍርዲ እዩ። ነዚ ፍርዲ ድማ እዩ ዘልዕሎ ወይ ዝኸፍቶ ስለዝተሳእነ የውሃንስ ዝበኸየ። እንተኾነ ግና የሱስ ክርስቶስ ነቲ ፍርዲ ስለዝተፈርዶ (ስለዝኸፈሎ) ደጊም እቲ ማሕተም ኣብ የማን ኣምላኽ ክቐመጥ ኣይግባእን። ስለዚ ድማ እዩ የሱስ ክርስቶስ ኣብ የማን ግርማ ኣምላኽ ተቐሚጡ። ነዚ ዝድግፉና ጥቕስታት እብ 1፡3 "ንሱ ናይ ክብሩ ነጸብራቕን ቅርጺ ባህሪዩን ኮይኑ ኩሉውን ብሓይሊ ቓሉ ጸዊሩ ኸሎስ ምንጻህ ሓጢኣትና ምስ ገበረ ኣብ ላዕሊ ኣብ የማን ግርማ ተቐመጠ", ቆሎ 3፡1, "ደጊም ምስ ክርስቶስ ተንሲእኩም እንተ ኾንኩምሲ ነቲ ክርስቶስ ኣብ የማን ኣምላኽ ተቐሚጥዎ ዘሎ፡ ነቲ ኣብ ላዕ ሊ ዘሎ ድለዩ" ማቴ 26፡64, ኤፌ 1፡2, ርአ። ኣብዚ የሱስ ክርስቶስ ኣብ የማን ኣምላኽ ከም ዝተቐመጠ እዩ ዝነግረና። እምበኣርከስ የሱስ ክርስቶስ ኣብ መስቀል ምእንታና ሙማቱ እግዚኣብሄር ሓቀኛ ፈራዲ ስለዝኾነ እቲ ቅኑዕ ፍርዱ ኣብ ልዕሊ የሱስ ክርስቶስ ኣውሪድዎ። ከምኡውን ሓቀኛ መፍቀሪ ስለዝኾነ ድማ ንወዱ ሂቡ ካብ ናይ ዘልኣለም ጥፍኣት ኣብጺሑና።

እንበኣር የሱስ ክርስቶስ ነቲ ኣብ ልዕሌና ዝነበረ ፍርዲ ስለዝተፈርዶ ደጊም ብክርስቶስ የሱስ ዝኣመንና ካብቲ ናይ ዘልኣለም ኩነኔ ነጻ ኢና። ዮሃ 5፡24" እቲ ንቓለይ ዚሰምዖን በቲ ዝለኣኸኒ ዝኣምንን ናይ ዘልኣለም ህይወት ኣለዎ። ንሱ ካብ





ሞት ናብ ህይወት ተሳገረ እምበር ናብ ፍርዲ ኸም ዘይበጽሕ ብሓቂ ብሓቂ እብለኩም ኣለኹ።" ከምኡውን ዮሃ 3፡18" ብእኡ ንዝኣምን ኣይፍረዶን። ነቲ ዘይኣምን ግና ብስም ሓደ ወዲ ኣምላኽ ስለ ዘይኣመነ ድሮ ተፈሪድዎ ኣሎ።" ይብል። ንእግዚኣብሄር ኣቦ ብክርስቶስ የሱስ ስብሓት ይኹኖ ኣሜን ።

## 2. *ሰብ ካብ ምውት ግብሪ ብንስሓ ይምለስ*

ንስሓ፡- ንስሓ ማለት ሓደ ሰብ ከቢድ ገበን ወይ ዓመጽ ምስ ዝፍጽም እሞ በቲ ዝፈጸሞ ፍጻሜ ካብ ውሽጡ ተጣዒሱ ምሕረት ወይ ይቕሬታ ሓቲቱ ነቲ ዝኸዶ ዝነበረ መንገዲ ገበንን ዓመጽን ሓዲጉ 180 ዲግሪ ንድሕሪት ምስ ዝምለስ ጥራይ እዩ፣ ንስሓ ዝብሃል። እቲ እናበኸየ ተጣዒሰየ ዝብል ግናኸ በቲ ሒዝዎ ዘሎ መገዲ ዓመጽ ዝቕጽል ሰብ ዋላኳ እንተነብዐ ተነሲሑ ክብሃል ኣይከኣልን። ሓቀኛ ንስሓ ዝንሳሕ ሰብ ምሉእ ምሕረት ይቕበል። ብዛዕባ ምሕረት ክንዛረብ ከለና፣ ንኣብነት ሓደ ኣለቓሒ ንኽልተ ሰብ ንሓደ ሃብታምን ደኻን ሸሽሕ ቅርሺ እንተዘለቅሖም እሞ ንኽልቲኦም ድማ ምሕረት ጌረልኩም እንተዝብሎም፣ ምሕረት ዝርድኦ ነቲ ክኸፍል ዘይክእል ደኻ ዳኣዩ እምበር ነቲ ክኸፍል ዝኽእል ሃብታምሲ ኣይኮነን። ምሕረትሲ ኣብ ዘይክእል ሰብ እዩ ዝሰርሕ እምበር ኣብ ዝኽእል ሰብሲ ኣይሰርሕን እዩ ወይ ትርጉም የብሉን። እንበኣር ኩሉ ሰብ ሓጢያተኛ ስለ ዝኾነ፣ ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝረኣናዩ ብገዛእ ርእሱ ንሓጢኣቱ ክኣልዮ ወይ ባህሪኡ ክልውጥ ዝኽእል ሰብ ስለዘየለ፣ ካብ እግዚኣብሄር ምሕረት የድልዮ። ምሕረት ዘየድልዮ ሰብ ዋላ ሓደኳ የለን።

ሰብ ኣብ ሓጢኣት ምስ ወደቐ እግዚኣብሄር ምስ ሰብ ክዛረብ ክጅምር ከሎ እታ ቀዳመይቲ መዛራረቢት ቃል <u>ተነሳሕ</u> ወይ ተመለስ ዝብል እዩ። ዘፍ 3፡9 "እግዚኣብሄር ኣምላኽ ድማ ንኣዳም ጸዊዑ ኣበይ ኣሎኻ በሎ" እዚ ማለት ኣዳም ኣብ ሓጥያት ከም ዘሎ ፈሊጡ ብሓጥያቱ ክእመን እሞ ምእንቲ ክነጽህ እግዚኣቢሄር ዝሓተቶ ሕቶ እዩ። ኣዳም ድማ ጥራየይ እየ በምባል ንሓጥያቱ ምስ ተኣመነ እግዚኣቢሄር ድማ ብደበሎ ክዲንዎ። ካብዚ እዋን ጀሚሩ እግዚኣብሄር ኰነ ኩሎም ልኡኻቱ ንመጀመርያ ኣፎም ዝኸፍትሉ <u>ተነሳሕ</u> ዝብል ቃል እዩ። ንኣብነት

ማቴዎስ 3፡1 'በቲ ወርሓት እቲ ዮሃንስ መጥመቕ መንግስቲ ሰማያት ቀሪባ ኣላ እሞ፡ ተነስሑ ኢሉ እናሰበኸ ፡ ናብ በረኻ ይሁዳ መጸ፡፡' ከምኡውን ኣብ ማቴ 4፡17 'የሱስ ካብኡ ነጀው መንግስተ ሰማያት ቀሪባ ኣላ እሞ ፡ ተነስሑ እናበለ ኪሰብኽ ጀመረ፡፡' ይብል ወዘተ፡፡

ሰብ ብምኽንያት ሓጥያት ካብ ገጽ እግዚኣብሄር ተባሪሩ እዩ፡፡ ኣብ ኢሰ 53፡6 "ኩላትና ከም ኣባጊዕ ተባሪርና ነፍሲ ወከፍ ነናብ መንገዱ ዘምበለ እግዚኣብሄር ከኣ ኣበሳ ኹላትና ኣብኡ ኣውደቖ"ይብል። እዚ ከም ኣባጊዕ ተባረርና ዝብል ሓደ ዘባርር ኣካል ስለዘሎ እዩ። ንኣብነት እዘን ተፈጥራዊ ኣባጊዕ ብጓሳይኤን እናተጓሰያ ከለዋ ወኻርያ ወይ ቶኽላ እንተ መጺወን ተኣኪበን ብሓደ መንገዲ ኣይከናን ዝኽዳ። ነናይ ገዛእ ርእሰን መንገዲ ሒዘን የዋጻኣኒ ኢዩ ብዝበልአ መሀደሚ ንቕድሚኤን እየን ፋሕ ኢለን ዝሃድማ። እዚ ኸኣ ነቲ ዘባርረን ዘሎ ሓይሊ ጸላኢኤን ፈጺመን ክገጥማሉ ስለዘይክእላ እዩ። ጓስአን ምስ መጸ ግና ነቲ ጸላኢ ቀቲሉ በቲ ዝርድአን ድምጺ ምስ ጸወዐን እተን ዝተባረራ ኣባጊዕ ናብ ጓስአን ከም ዝምለሳ ርዱእ እዩ። ከምኡ ኸኣ ኣብ መንገኦ እግዚኣብሄርን ሰብን ኣትዩ ንሰብ ካብ ገጽ እግዚኣብሄር ዘባረረ ሓጢኣት እዩ። ካብዚ ዕለት እዚ ጀሚሩ ድማ ኩሉ ሰብ ብሓጢኣት ወይ ብሞት ናብ ጥፍኣት እናተኸብከበ ካብ ገጽ እግዚኣብሄር ርሒቑ (ተባሪሩ) ናይ ገዛእ ርእሱ መንገዲ ሒዙ ይሃድም ኣሎ። መዝ 49፡13-14 "እዛ መገዶምሲ ዕሽነቶም እያ ድሕሪኦም ዝመጹውን ንባህሎም ይሰምርዎ ከም ኣባጊዕ ኣብ ሲኦል ይነብሩ፣ ሞት ይጓስዮም። ንግሆ ቅኑዓት ይገዝእዎም፣ ውቃቢኦም ኣብ ሲኦል ይጠፍእ፣ ማሕደርውን የብሎምን"ይብል። ዝኾነ ሰብ ሎሚ እንተ ትመውት መንግስቲ ኣምላኽ ከም ትወርስ ርግጸኛዶ ኢኻ ተባሂሉ ምስ ዝሕተት እሞ፣ እቲ ዝምልሶ መልሲ ርግጸኛ ኣይኮንኩን ኣብ ሰማይ እየ ዝፈልጠ ዝብል እንተኾይኑ፣ እዞም ከምዚ ዝብሉ ሰባት ክሳዕ ሕጂ ከምተን ዝተባረራ ኣባጊዕ መንገዲ ርእሶም ሒዞም ንጥፍኣት ዝጉዩ ዘለዉ እዮም። ምኽንያቱ ርግጸኛታት ዘይምኻኖም ኣብ ልቦም ጥርጥርን ዘይምትእምማንን ከም ዘሎ እዩ ዘርኢ። ንስኺ ወይ ንስኻ ካበየናት ኢኻ/ኺ። ንህይወትካ/ኪ ምስኣምዶ ትሰርዓ? ሕጂ ግና ክበስረካ ሰብ ብመገዲ ርእሱ መንግስቲ ኣምላኽ ስለ ዘይወርስ የሱስ ፡ክርስቶስ መገድን ሓቅን ህይወት ኮይኑ መጺኡ ኣሎ። ከምቲ እቲ ጓሳ ኣባጊዕ ነቲ ዘባረረን ጸላኢ ቀቲሉ መጋሲኡ ዝጽውዕ፣ ከምኡ ኸኣ ጐይታ የሱስ ክርስቶስ ነቲ ዘባረረና





ሓጢኣትን ሞትን ኣብ መስቀል ቀቲሉ፣ ሓይሊ ሞትን ሓጢኣትን ሰዒሩ፣ ካብ ሞት ምስ ተንሰአ፡ ኝኹሎም ተባሪርም ዘለው ደቂ ሰባት ይጽውዕ ኣሎ። ናብኡ ዝተመልሰ ዘበለ የሱስ ክርስቶስ ጓሳኡ ይኸውን። 1ጴጥ 2፡25 "ከም እተባረራ ኣባጊዕ ኔርኩም ኢኹም እሞ ሕጂ ግና ናብቲ ጓሳኹምን ሓላው ነፍሳትኩምን ተመሊስኩም ኣለኹም" ይብል።

እምበኣር ንስሓ ማለት ካብቲ ክትክዶ ዝጸናሕካ ግጉይ መንገዲ ወይ ግጉይ ስርዓት ሃይማኖት ሓዲግካ ናብ የሱስ ምምላስ ማለት ኢዩ። ገለገለ ሰባት ንየሱስ'ሞ መዓስ ክሒድናዩ ይብሉ ይኾኑ። ሕጂ እንተዝመውትሞ፣ መንግስቲ ኣምላኽ ከምዝኣቱ ወይ ጻድቅ ምኻኑ፣ ኣብዚ ምድሪ ከሎ ርግጽነት እንተዘይብሉ ወይ ድማ ኣብ ሰማይ ኢየ ዝፈልጦ ዝብል እንተ ኾይኑ ግና፣ እዚ ሰብ እዚ ንየሱስ ኣይፈልጦን እዩ። ገና ኣብቲ ግጉይ መንገዲ ኢዩ ዘሎ። ግጉይ መንገዲ ዝብሃል ዝኾነ ይኹን ሃይማኖት ካብ ቃል ኣምላኽ ወጻኢ ዝኾነ ትምህርቲ ዘለዎ እዩ። እዚ ከኣ መንገዲ ሰብ ይብሃል። መንገዲ ኣምላኽ ግና ከም መንገዲ ሰብ ኣይኮነን።

ኢሰ 55፡8-9 "ሓሳባተይ ሓሳባኩም ኣይኮነን መንገድታትኩም ከኣ መንገድታተይ ኣይኮነን ይብል እግዚኣብሄር ከምቲ ሰማይ ካብ ምድሪ ልዕል ዚብል መገድታተይ ካብ መገድታትኩም ሓሳባተይ ከኣ ካብ ሓሳባትኩም ልዕል ዝበለ እዩ" ይብል። መገዲ እግዚኣብሄር የሱስ ክርስቶስ እዩ ፡ዮሃ 14፡6 "የሱስ ከኣ መገድን ሓቅን ህይወትን ኣነ ኢየ፡ ብዘይ ብኣይ ሓደ እኳ ናብ ኣቦ ዝመጽእ የልቦን"ይብል። እምበኣር መንገድታትና ሓዲግና ናብቲ ዝጽውዓና ዘሎ እሙን ጓሳ ድምጹ ሰሚዕና ንመለስ። ንሱ እሙን ኢዩ ኢዱ ዘርጊሑ ይጽበየና ኣሎ። ኢሰ፡55፡7 "ረሲእ መገዱ ዓመጸኛ ኸኣ ሓሳቡ ይሕደግ ናብ እግዚኣብሄር ይመለስ ፡ንሱ ኸኣ ኪምሕሮ ኢዩ፣ ኣዝዩ ይቕረ ይብል ኢዩ እሞ ናብ ኣምላኽናውን ንመለስ ይብል።

እምበኣር ንስሓ ማለት ውሽጣዊ ጣዕሳ ኢዩ። ሓቖኛ ንስሓ ነቲ ሒዝካዮ ዝጸንሓካ፣ ሕጂ እንተሞትካ መንግስቲ ኣምላኽ ከም እትወርስ ርግጽነት ክህበካ ዘይከኣለ ሃይማኖታዊ ስርዓት ወዘተ ሓዲግካ ንድሕሪት ናብ የሱስ ክርስቶስ ምምላስ እዩ።

ገለ ሰባት ግና ንየሱስ ክርስቶስ ንኣምኖ ኢና ኣብ መስቀል ተሰቂሉ ከም ዘድሓነናውን ንኣምንን ንፈልጥን ዝብሉ ሎሚ

እንተ ሞቱ ግና መንግስቲ ኣምላኽ ከም ዝኣትዉ ርግጽነት ዘይብሎም መንግስቲ ኣምላኽ ክንወርስ ዘይክንወርስ ከከም ግብርና ስለዝኾንና ኣብ ሰማይ ኢና እንፈልጦ ዝብሉ እዞም ሰባት እዚኣቶም ግና ንየሱስ ክርስቶስ ኣይፈልጥዎን ወይ ከኣ ኣይኣምንዎን እዮም ዘለዉ። ከም ዘይፈልጥዎን ከም ዘይኣመንዎን ክገልጸልና ዝኽእል ነዚ ዝስዕብ ኣብነት ርአ።

ገሓዝን ባህታን ዝተባህሉ ክልተ ሰባት ክኸፍልዎ ዘይክእሉ ኣዝዩ ከቢድ ዕዳ ኣለዎም ንበል። እቲ ዘዕደዮም ወይ ከኣ ዝእወዶም ሰብ ወይ መንግስቲ ክኸፍልዎ ስለ ዘይክእሉ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ኣእትይዎም ንበል። ነስተውዕል እዞም ሰባት እዚኦም ኣይኮነንዶ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ኣትዮም፣ እናሰርሑውን ክኸፍልዎ ዘይክእሉ ዕዳ እዩ ዘለዎም። እንተኾነ ግና ሓደ ንኹሉ ዕዳኦም ክኸፍል ተኽእሎ ዘለዎ ሃብታም ሰብ፣ በቲ ዝወረዶም ደንጊጹ ክኸፍለሎም ይውስን እሞ ምስ ወሰነ፣ ነቲ ዘዕደዮም (ዝእውዶም) ሰብን መሰኻክርን ፈተውትን ጸላእትን ሒዙ ናብቲ ተኣሲሮምዎ ዘለዉ ስፍራ ይኸይድ እሞ፣ ኣብ ቅድሚ ገሓዝን ባህታን ኣብ ቅድሚ ኩሉ ሰብን ከኣ እቲ ዘለዎም ዕዳ ኩሉ ይኸፍሎ። ብኡ መሰረት ድማ እቲ ዘዕደዮም ሰብ ከም ዝተቐበለ ተቐቢለ ኢሉ ይፍርም። ቤት ፍርዲ ድማ እዞም ሰባት ዕድኦም ተኸፊሉ እዩ ደጊም ሓራ እዮም ኢሉ ይፍርም። እቶም መሰኻክር ድማ ዕ ድኦም ከም ዝተኸፍለ መስኪሮም ይፍርሙ። እዚ ዝተፈረመሉ ወረቐት ንገሓዝን ንባህታን ሓሓዲኦም ይወሃቦም እሞ እቲ ዝኸፈለሎም ሰብ ደጊም ሓራ ኢኹም ምስ በሎም፣ ባህታ በቲ ዝተገብረሉ እናመስገነ ካብ ቤት ማእሰርቲ ወጺኡ ንገዝኡ ይኸይድ። ሓራ ኣይኮንካን ኢሎም ንዝሓትትዎ ኩሎም ከኣ ሓራ ከም ዝኾነ እታ ፌርማ ዘለዋ ወረቐት የርእዮም። እቶም ዝሓተትዎ ከኣ ነታ ወረቐት ርእዮም የጽቅጡ። ገሓዚ ግና ነታ ሓራ ኢኻ እትብል ዝተፈረመላ ወረቐት ሒዙ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ኮፍ ይብል እሞ ኩሉ ዕዳኻዶ ተኸፊሉ ኣይኮነን ኢሎም ንዝሓተትዎ ሰባት እወ ኢሉ ነቲ ዝተፈረመሉ ወረቐት የርእዮም። እንታይ ደእ ትገብር ኣብዚ ቤት ማእሰርቲ ምስ ዝብልዎ ድማ ዕዳይ እባ ባዕለይ ክኸፍል ኢሉ እንተ ዝምልሰሎምሲ፣ እቲ ዕዳኦም ዝኸፈለሎም ሰብ በመናም ይሕጐስ? ብገሓዚ ዶ ወይስ ብባህታ ንዝብል ሕቶ እቲ መልሲ ብባህታ ደኣንበር ብገሓዚሲ ሕጉስ ኣይኮነን።





ምኽንያቱ ንኽወጽእ ደኣንበር ኣብ ቤት ማእሰርቲ ኮፍ ክብልሲ ኣይኮነን ኩሉ ነዳኡ ዝተኸፍለሉ። ነቲ ዝተገብረሉ ኣሚኑ ስጉምቲ ዝወሰደ ግና ባህታ እዩ። ገሓዚ ግና ስለ ዘይክእል ዕዳኡ ተኸፊልሉ ክነሱ ኣብ ግብሩ ብምውካሉ ነቲ ንዕድኡ ዝተኸፍለ ገንዘብ ከንቱ እዩ ጌርዎ። እእምሮ ዘለዎ ሰብ ከምዚ ናይ ገሓዚ ግብሪ ዝገብር የለን። እንበኣር ነስተውዕል እቶም የሱስ ክርስቶስ መድሓኒና እዩ። ዕዳ ሓጢኣትና ክፊሉ ኣድሒኑና እዩ ዝብሉ፣ እንበኣር ካብ ደሓንኩምሲ መንግስቲ ኣምላኽ ትወርሱ ዶ ኢኹም ተባሂሎም ምስ ዝሕተቱ ግና ንሱስ ርግጽነት የብልናን ብግብርና ኢና ሓራ እኽውን ወይ እንድሕን ኢሎም ዝምልሱ ርግጽነት ዘይብሎም ልክዕ ከምቲ ገሓዚ ዝገበሮ ግብሪ እዮም ዝገብሩ ዘለዉ።

ነስተውዕል ምድሓን ዘድልዮ ኣብ ሓደጋ ዘሎ እዩ። ካብ ሓደጋ እንተድኣ ድሒኑ ኸኣ ኣብ ሓደጋ የለን ድሒኑ እዩ፣፣ ከምኡ ኩላትና እብ ናይ ገሃነም ሓደጋ ተንጠልጢልና ኔርና፣ የሱስ ክርስቶስ ግና ካብዚ ናይ ገሃነም ሓደጋ ኣድሒኑና እዩ ኢልና እንተድኣ ኣሚንና ገሃነም እሳት ክይንኣቱ ክንፈርሕ ወይ ከኣ ክንጠራጠር ኣይግበኣናን፣ ምኽንያቱ ድሒንና ኢና፣፣

እቲ ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ኣብ መስቀል ዝኸፈሎ ዕዳ ሓጥያትና ኣይኮነን ዶ። ጎደሎ ከይኑ ክንምልኣሉ ንሱ እኹል ጥራሕ ዘይኮነስ ልዕሊ እኹል ዝዓዘዘ ጸጋ እዩ፣፣ ሮሜ 5፣15 "ግናኸ እቲ ውህበት ጸጋ ኸንድቲ ኣበሳ ኣይኮነን፣፣ ብኣበሳ ሓደ ሰብኣይ ብዙሓት ሞይቶም እዮም እሞ፣ እቲ ጸጋ እምላኽን ውህበቱን ብጸጋ እቲ ሓደ ሰብኣይ፣ ማለት የሱስ ክርስቶስ ፣ናብቶም ብዙሓት እምብዛ ይዓዝዝ እዩ፣፣" ይብል፣፣ እምበኣር ነቲ የሱስ ክርስቶስ ዝገበረልና ግብሪ ኣሚንና ካብቲ ክንከዶ ዝጸናሕና መንገዲ ንመለስ፣፣

# ምዕራፍ 2

## እምነት ብኣምላኽ

እዚ ኻብዚ ቀጺልና እንርእዮ እምነት ዝብል ትምህርቲ፣ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ንደቂ ሰባት ካብ ናይ ዘልኣለም ጥፍኣት ናብ ናይ ዘልኣለም ህይወት ዘሳግር መንገዲ ወይ ዝሃቦም ቃል ተስፋ ከመይ ዝበለ ከምዝኾነ ክንርኢ ኢና።

### እምነት

ቃል ኣምላኽ ብዛዕባ እምነት ክዛረብ ከሎ፣ "ከይሰምዑስ ከመይ ኢሎም ክኣምኑ" ይብል። እንበኣር እምነት ካብ ምስማዕ እያ ትመጽእ። ከምኡ ኸኣ እብ 11፡1 "እምነት ግና ነቲ ተስፋ ዚግበሮ ነገር ርግጽ ምግባር ናይቲ ዘይርኤ ነገር ምርዳእ እያ" ይብል። ሮሜ 8፡24-25 "ነቲ ዚርእዮስ ተስፋ ዚገብሮኸ መን ኣሎ ብተስፋ ኢና ድሒንና ዘሎና እሞ፣ ነቲ ዚርኤስ ተስፋ ምግባሩ፣ እዚ ተስፋ ኣይኮነን። ነቲ ዘይንርእዮስ ተስፋ እንተ ገበርናዮ ግና ብትዕግስቲ ንጽበዮ ኢና።" ይብል።

ኣብዚ ስፍራ እዚ እምነት ማለት ነቲ ተስፋ ዝግበሮ ዘይርኣ ነገር ምእማን እንበር ነቲ ዝርኣ ምእማንሲ ምእማን ኣይኮነን ክብለና ከሎ፣ ንኣብነት ሓደ ወላዲ ወይ ውሉድ ኣብ ወጻኢ ዓዲ ጽቡቕ ስራሕ ዘለዎ ንስድራቤቱ ግዱስ ምስ ዝኾውን ነቶም ሓገዝ ዘድልዮም ስድራቤቱ ሽግሮም ከቃልል ዝኽእል ገንዘብ ይሰደልኩም ኣለኹ ምስዝብሎም እሞ ስድራቤቱ በቲ ዝሰምዕዎ ቃል ተሓጊሶም ነቲ ገንዘብ ኣብ ኢዶም ገና ከይበጽሐ ከሎ ንኽምዝን ንኽምትን ኢሎም ክምድብዎ ከለዉ፣ ነቲ ዝሰምዕዎ ቃል ተስፋ ኣሚኖም ውዱእ ጌሮም ስለዝወስድዎ እዩ። ገለ ሰባት ኣበይ ኣሎ ድኣ እቲ ገንዘብ ኢሎም ምስ ዝሓትዎም ከም ዝመጽእ ኣይንጠራጠርን ኢና። ምኽንያቱ ንወድና ስለ ንኣምኖ ይብሉ። እቲ ገንዘብ ምስ መጸ ግና እቲ ዘይርኣ ዝነበረ ተስፋ





ኣብ ኢዶም ስለ ዝጨበጥዎ እቲ መስርሕ እምነቶም ይውዳእ። ነቲ ገንዘብ ሒዞም እናረኣዩ ከም ዝመጽእ ንኣምን ኢናስ ኣይብሉን። ስለዚ ኸኣ'ዩ መጽሓፍ ቅዱስ እቲ ዝርኣስ ተስፋ (እምነት) ዝገብሮ መን ኣሎ ዝበለና። እምነትሲ ነቲ ዘይርኣ ምእማን እዩ። ፩ቆረ 5፡6-7 "ስለዚ ኹሉ ሳዕ እሙንቶ ኣላትና፣ ብእምነት እምበር ብምርኣይ ኣይኰንናን እንመላለስ ዘሎና.. .. "ይብል።

እቲ እትሰምዮ ቃል ብእምነት ኣብ ልብኻ ክሓድር ባህርያት እቲ ወሃቢ ቃል ምፍላጥ ኣገዳሲ እዩ። እዚ ማለት ድማ እቲ ወሃቢ ቃል ተስፋ ነቲ ዝሃቦ ቃል ክፍጽም ምሉእ ክእለት ዘለዎን ዘይጠልምን ዘይሕሱን ምስ ዝኾውን ብምሉእ ልቢ ንኽትኣምን የኽእለካ። ኣንጻር እዚ ግና እቲ ወሃቢ ቃል ተስፋ ነቲ ዝሃቦ ቃል ክፍጽም ተኽእሎ ዘይብሉ ዚጠልም ዝሕሱ ምስ ዝኾውን ግና ብብዙሕ መንገዲ እኳ ክእምን እንተተጋደለ እቲ ስማዒ ክኣምኖ ኣይኽእልን።

እቲ ብዘይ ጥርጥር ብምሉእ ልብና ክንኣምኖ ዝግብኣና ሓደ እዩ። ንሱ ኸኣ እግዚኣብሄር በይኑ እዩ። ምኽንያቱ ኩሉ ዝኽእል ኣምላኽ ስለዝኾነ። ነቲ ዝሃቦ ቃል ተስፋ ንኸይፍጽም ክኽልክሎ ዝኽእል ወላ ሓደ ሓይሊ የለን። ዘፍ 17፡1 "ኣብራሃም ወዲ ተሰዓን ትሸዓተን ዓመት ምስ ኰነ እግዚኣብሄር ተራእዮ። ኣነ እቲ ኹሉ ዝኽእል ኣምላኽ እየ፣ ኣብ ቅድመይ ተማላለስ ፍጹም ከኣ ኹን" ይብል።ዘፍ 18፡14 "ንእግዚኣብሄርዶ ዝጨንቆ ነገር ኣለዎ፣ ንዓመታ ኽምዚ ቅንያት እዚ ብምዱብ ጊዜ ኽምለሰካ እየ። ሳራ ድማ ወዲ ኺህልዋ እዩ በሎ።" ይብል። ኣብዚ እቲ ኣምላኽ ዝሃቦ ቃል ተስፋ ነእምሮ ደቂ ሰባት ኪርድኦም ፈጺሙ ዘይክኣል እዩ። ምኽንያቱ ደቂ ሰባት እንፈልጦ ፍልጠትን ዓ ቕምን ኣዝዩ ሒደትን ድሩትን ስለዝኾነ። እግዚኣብሄር ኣምላኽ ንመኻን እሞ ጓል ተስዓ ዓመት ኣረጊት ሰበይቲ ንዓመታ ወዲ ክትወልዲ ኢኺ ዝብል ቃል ተስፋ ክዛረብ ከሎ፣ እቲ ቀልጢፉ ኣብ ኣእምሮ ደቂ ሰባት ዝመጽእ ሓሳብ እዝስ ኣይክኣልን እዩ ከምይ ኢሉ ክኸውን ይኽእል ዚብል እዩ። ስለዚ ድማ እዮም ኣብርሃምን ሳራን ዝሰሓቑ። እግዚኣብሄር ግና ነዞም ሰባት ኪዛረቦም ከሎ፣ ኣነ ኩሉ ዝኽእል ኣምላኽ እየ፣ ዝጨንቀኒ የልቦን ኢልዎም።

እንበኣር እቲ ዝወሃበና ቃል ተስፋ በቲ ወሃቢ ቃል (እግዚኣብሄር) ሓቐኛ ባህርያቱን ኩሉ ከኣልነቱን ክንርእዮ እሞ ክንኣምኖ ይግብኣና። እንበር በእምሮና ለኪዕና ክንጠራጠር ወይ ኣይክኣልን ክንብል ኣይድሊየናን። ማር 10፡27 "የሱስ ከኣ ጠሚትዎም፣ ንኣምላኽ ኹሉ ይከኣሎ እዩ እሞ ንኣምላኽ ደኣ እምበር ንሰብሲ ኣይከኣሎን እዩ በለ።" ይብል። እግዚኣብሄር ነቲ ዝሃቦ ቃል ተስፋ ምእንቲ ክፍጽም ነቲ ንሰብ ዘይከኣል ኣብ ትሕቲ ጸሓይ ዘሎ ተፈጥራዊ ባህሪ(ሕጊ ፍጥረት) ለዊጡ ንቃሉ ክፍጽም ዚኽእል ኣምላኽ እዩ። ንኣብነት ደቂ እስራኤል ብማእከል ባሕሪ ኤርትራ ምስጋሮም ከምኡውን ኣብ እያሱ 3፡13-17 ኣብ ሩባ ዮርዳኖስ ዝውሕዝ ዝነበረ ብርቱዕ ውሕጅ ንድሕሪት ተመሊሱ ኣብ ርሑቕ ከም ጎቦ ምኹማሩ፣ ከምኡ ድማ ኣብ ግዜ ከቢድ ድርቂ ሓንሳእ ተሰንኪቱ ኝኽልተ ሰባት ጥራሕ ዘብልዕ ሓርጭ፣ ንኣስታት ሰለስተ ዓመት ንሰለስተ ሰብ ምምጋቡ፣ ኣብ ሓዲሽ ኪዳን እውን ብኽልተ ዓሳን ሓሙሽተ ጐጐን ንቆልዓ ሰበይቲ ከይጸብጸብካ ንሓሙሽተ ሽሕ ሰብኡት ኣጽጊቡ 12 መሶብ ምሉእ ምትራፉ፣ ከምኡ ድማ ኣልኣዛር ድሕሪ ኣርባዕተ መዓልቲ ካብ ሞት ምትንስኡ ወ.ዘ.ተ። እዚ ኩሉ ዝረኣናዮ እግዚኣብሄር ቃሉ ኝክፍጽም ነቲ ተፈጥራዊ ሕጊ፣ ባህርያቱ ከም ዝለወጠ፣ ነቲ በእምሮ ሰብ ዘይከኣል ከኣ እግዚኣብሄር ብኽእለቱ ከም ዝፈጸሞ ንርኢ።

እግዚኣብሄር ነቲ ዝሃቦ ቃል ተስፋ ኝክፍጽም እሙንን ሓቐኛን እዩ። ሓሶትን ጥልመትን ባህሪኡ ስለዘይኮነ፣ ፈጺሙ ዘይሕሱ ዘይጠልም ኣምላኽ እዩ። 1ሳሙ 15፡29 "እቲ ጽንዓት እስራኤልሲ ኸይጠዓስ ሰብ ኣይኰነን እሞ፣ ኣይሕሱን ኣይጠዓስን ከኣ በሎ" ይብል። ከምኡ ኸኣ ሮሜ 3፡4 ".. ..ኣምላኽ ሓቐኛ ምዃኑ ኹሉ ሰብ ግና ሓሳዊ ምዃኑ ይረኸብ" ይብል።

እምበኣርከስ እግዚኣብሄር ነቲ ዝኣተዎ ቃል ከይፈጸሞ ምስ ዝተርፍ ሓሳዊ ወይ ከኣ ጠላም ክብሃል ስለዝኽእል፣ ፍጻሜ ናይቲ ዝሃቦ ቃል ግድን እዩ ክኸውን። ሉቃ 21፡33 "ሰማይን ምድርን ኪሓልፍ ቃለይ ግና ኣይኪሓልፍን እዩ" ከምኡውን ኢሰ 55፡11 " እቲ ኻብ ኣፈይ ዚወጽእ ቃለይ ከኣ ከምኡ ኪኸውን እዩ፣ ነቲ ኣነ ዝደልዮ ኺሰልጥ ኣብቲ ኣነ ዝልእኮ ኬቕንዕ እዩ እምበር ብኸንቱ ናባይ ኣይኪምለስን እዩ" ይብል።





እግዚኣብሄር ኩሉ ዝኽእልን እሙንን ሓቐኛን ስለዝኾነ እቲ ንሱ ዝሃበና ቃል ተስፋ ብዘይጥርጥር ብምሉእ ልብና ክንኣምኖ ይግብኣና። ነቲ ዝ/በና ቃል ተስፋ ከይኣመንናዮ ምስ እንተርፍ ግና ንኣምላኽ ከም ሓሰውን ጠላምን ምቁጻር ማለት እዩ። 1ዮሃ 5፡10 "ብወዲ ኣምላኽ ዚኣምን እቲ ምስክር ኣብ ውሽጡ ኣለዎ። እቲ ንኣምላኽ ዘይእምን ነቲ ኣምላኽ ብዛዕባ ወዱ ዝመስከሮ ምስክር ስለ ዘይኣመኖ ንእኡ ሓሳዊ ገይርዎ ኣሎ።" ይብል። ቁጠዓ ኣምላኽ ከኣ ኣብታ ዘይትኣምን ነብሲ እዩ ዝግሃድ።

ኣብ ሮሜ 10፡17 "እምበኣርሲ እምነት ካብ ምስማዕ እያ፣ ምስማዕውን ብቓል ክርስቶስ እዩ።" ይብል። ኣብዚ ስፍራ እዚ እቲ ሰሚዕና ክንኣምኖ ዝግብኣና ቃል ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ምዃኑ ጥራሕ እዩ ዘረድኣና። መጽሓፍ ቅዱስ ብሙሉኡ ንየሱስ ክንኣምኖ እዩ ዝሕብር።። ኣብ ዮሃ 5፡39 "ናይ ዘለኣለም ህይወት በተን ጽሑፋት እትረክቡ እናመሰለኩምሲ ትምርምርወን ኢሎኹም። ንሳተን ከኣ ብዛዕባይ እየን ዚምስክራ።" ይብል። ሉቃ 24፡44-47 "ንሱ ድማ እዚ እቲ ምሳኻትኩም ከሎኹ ኣብ ሕጊ ሙሴን ነብያትን መዝሙራትን ብዛዕባይ እተጻሕፈ ኹሉ ኺፍጸም ይግብኦ እዩ ኢለ ዝነገርኩኹም ቃለይ እዩ በሎም። ሽዑ ነተን ጽሑፋት ኬስተውዕልወን ኣእምሮኦም ከፈተሎም እሞ ክርስቶስ ሓሳረ መከራ ኺጸግብ ብሳልስይቲ መዓልቲውን ካብ ምውታት ኪትንስእ ብስሙ ኸኣ ንስሓን ሕድገት ሓጢኣትን ካብ የሩሳሌም ጀሚሩ ኣብ ኩሎም ኣህዛብ ኪስበኽ ጽሑፍ እዩ።" እዚ ዝረኣናዮ ጥቕሲ ብሉይ ኪዳን ብምሉኡ ብዛዕባ የሱስ ክርስቶስ ከም ዝዛረብ ከመልከት ከሎ፣ እግዚኣብሄር ኣቦ ባዕሉ'ውን እቲ ሰሚዕና ክንኣምኖ ዝግብኣና ቃል የሱስ ክርስቶስ ጥራሕ ምዃኑ ኣመልኪቱ ኣሎ። ኣብ ማር9፡7 ይገልጽ።"ደበና መጺኡ ኣጐልበቦም፣ ካብቲ ደበና ኸኣ እዚ ዘፍቅሮ ወደይ እዩ ንእኡ ስምዕዎ ዚብል ድምጺ መጸ።" ከምኡውን ኣብ ዮሃ 16፡13-14" እቲ መንፈስ ሓቂ ምስ መጸ ግና ንሱ ዝሰምዖ ዘበለ እዩ ዚዛረብ እምበር ካብ ርእሱ ኣይዛረብን እዩ እሞ ንሱ ነቲ ዝመጽእ ኬፍልጠኩም ናብ ኩሉ ሓቂውን ኪመርሓኩም እዩ። ንሱ ኻባይ ኪወስድን ኪነግረኩምን እዩ እሞ ንኣይ ኬኽብረኒ እዩ።" ይብል።

ኣብዚ ጥቕሲ እዚ ከም እንርእዮ ዘሎና ዕዮ መንፈስ ቅዱስ ካብ ጐይታ የሱስ ክርስቶስ ተቐቢሉ ንኩሉ ሰብ ከኣ በዚ ቃል ክኣምኑ ይዛረብ።። እቲ ካብ ርእሱ ኣይዛረብን እዩ ዝብል ቃል

መንፈስ ቅዱስ ነቲ ብክርስቶስ የሱስ ኣብ መስቐል ዝተገብረ ዓቢ ግብሪ ሰባት ብእኡ ኣሚኖም ኻክድሕኑ የረድእን ይመርሕን ስለዝኾነ እዩ። እዚ ዝረአናዮ ኩሉ ስሚዕና ክንኣምኖ ዝግብኣና ንቃል ክርስቶስ የሱስ ጥራሕ ከም ዝኾነ እዩ ዝሕብር። ስለዚ ድማ እዩ እምነት ካብ ምስማዕ፣ ምስማዕ ድማ ብቃል ክርስቶስ እዩ ዝብል።

## *ሀ. ስም የሱስ*

የሱስ ማለት ትርጉሙ ካብ ሓጢኣት ዘድሕን መድሓኒ ማለት እዩ። ማቴ 1፡21 "ወዲ ኽትወልድ እያ ንሱ ከኣ ንህዝቡ ካብ ሓጢኣቶ ኬድሕኖም እዩ እሞ ስሙ የሱስ ክትሰምዮ ኢኻ" ይብል። ብጀካ ስም የሱስ ካልእ ካብ ሓጢኣት ኣናጊፉ ውሉድ ኣምላኽ ዝገብር ስም ኣብ ሰማይ ኮነ ኣብ ምድሪ የልቦን። ግብ4፡11 "‥ ‥ብእኡ ኽንድሕን ዚግባእ ካልእ ስም ኣብ ትሕቲ ሰማይ ንሰብ ኣይተዋህበን እሞ ምድሓን ብሓደ ኻልእ ከቶ የልቦን"ይብል። ከምኡውን ሉቃ 24፡46-47 "ክርስቶስ ሓሳረ መከራ ኺጸግብ ብሳልሳይቲ ማዓልቲውን ካብ ምውታት ኪትንስእ ብስሙ ኸኣ ንስሓን ሕድገት ሓጢኣትን ካብ የሩሳሌም ጀሚሩ ኣብ ኩሎም ኣህዛብ ኪሰብኽ ጽሑፍ እዩ" ይብል። እምበኣር እቲ ካብ ኩሉ ሓጢኣትና ኣንጺሁ ምስ ኣቦ ዘተዓረቀና ብጀካ እቲ ምእንታና ኣብ መስቀል ተሰቒሉ ሞይቱ ዝተንስኣን ኣብ ሰማይ ዝዓረገን የሱስ ወዲ ህያው ኣምላኽ ካልእ ከቶ ወለ ሓደ የልቦን።

## *ዳግም ምላድ ወይ ካልኣይ ምላድ*

መጽሓፍ ቅዱስ ሰብ ዳግም እንተ ዘይተወሊዱ ንመንግስቲ ኣምላኽ ክኣቱ ዝኽእል ከምዘየለ ይነግረና። እዚ ዳግም ምላድ ዝብል ሓሳብ ንኣእምሮና ወይ በተሓሳሳባ ሰብ ንክርድኦ ኣሸጋሪ ክኸውን ይኽእል እዩ። ንቃል እግዚኣብሄር ዝፈልጥ ሰብ ግና ንምርድኡ ቀሊል እዩ። ዳግም ክይተወልደ መንግስቲ ኣምላኽ ክኣቱ ዝኽእል የልቦን።ዮሃ 3፡3-6 ከምዚ ይብል "የሱስ ድማ ካብ ላዕሊ እንተ ዘይተወልደ ንመንግስቲ ኣምላኽ ኪርእያ ዚኽእል ከም ዜልቦ ብሓቂ ብሓቂ እብለካ ኣለኹ ኢሉ መለሰሉ። ኒቆዲሞስ ከኣ ንሰብከ ምስ ኣረገ ኪውለድ ከመይ ኢሉ ይከኣሎ፣ መሊሱ ናብ ከርሲ ኣዲኡ ኣትዩስ ኪውለድዶ ይከኣሎ እዩ በሎ። የሱስ መለሰ ብሓቂ ብሓቂ እብለካ ኣለኹ ካብ ማይን መንፈስን እንተ ዘይተወልደ ኣብ መንግስቲ ኣምላኽ ኪኣቱ ዚኽእል የልቦን። ካብ





ስጋ እተወልደ ስጋ እዩ ካብ መንፈስ እተወልደ ኸኣ መንፈስ እዩ።" ይብል።እዚ ካብ ስጋ እተወልደ ስጋ ኢዩ ዝብሎ ዘሎ ብስጋዊ ርክብ ካብ ዘርኢ ኣዳም ዝተወልደ ሰብ እዩ። ምድራዊ፣ ጠፋኢ፣ ዘርኢ ሓጥያተኛ ባህሪ ዘለዎ ሰብ ድማ እዩ። እቲ ካብ መንፈስ እተወልደ መንፈስ እዩ ዝብሎ ዘሎ ግና ቃል ክርስቶስ ሰሚዕካ ብምእማን ብመንፈስ ቅዱስ እትውለዶ ምውላድ እዩ። እዚ ኸኣ ሰማያዊ፣ ዘይጠፍእ ዘርኢ፣ ኣምላኻዊ ባህርይ ዘለዎ ውሽጣዊ ሰብ እዩ። እምበኣር ዳግም እንውለድ ነቲ ጐይታ የሱሱ ክርስቶስ ምእንታና ኣብ መስቀል ዝገበሮ ግብርታት ኩሉ ምስ እንኣምኖ እዩ። ዮሃ 1፡12-13 "ነቶም እተቐበልዎ ዘበሉ ኹሎም ብስሙ ንዚኣምኑ ግና ውሉድ ኣምላኽ ኪኾኑ መሰል ሃቦም። ንሳቶም ከኣ ካብ ኣምላኽ እምበር ካብ ደም ወይ ካብ ፍቓድ ሰብኣይ ዘይተወልዱ እዮም"ይብል። ከምኡውን 1ጴጥ 1፡21-23 ከኣ "ንሽኻትኩም እምነትኩምን ተስፋኹምን ናብ ኣምላኽ ምእንቲ ኪኸውን በቲ ኻብ ምውታት ዘተንስኦ ክብሪውን ዝሃቦ ኣምላኽ ኣሚንኩም ኣለኹም። ብህያውን ንዘልኣለም ብዝነብርን ቃል ኣምላኽ ካብ ዘይጠፍእ ዘርኢ እምበር ካብ ጠፋኢ ዘርኢ ኣይኮንኩምን ከም ብሓድሽ እተወለድኩም‥" ይብል። እንበኣር እቲ ክንኣምኖ ዝግብኣና የሱስ ክርስቶስ ኣብ መስቀል ዝገበሮ ግብርታት ካብዚ ቀጺልና ክንሪኦ ኢና።

## *ለ. ግብርታት የሱስ ክርስቶስ ኣብ መስቀል*

### 1.ሓርነት ካብ ሓጢያት

ኩልና ደቂ ሰባት እቲ ካብ ኣዳም ዝወረስናዮ ባህሪ ሓጢኣት ብኽእለትና ኮነ ብጻዕርና ካብ ውሽጥና ክነርቖ ስለ ዘይኻኽእል ኣብ መስቀል ፈጺሙ ሓርነት ዝኣወጀልና ካብዚ ቐጺልና ገለገለ ነጥብታት ክንርኢ ኢና ።

ኩሉ ሰብ ሓጢያተኛ ኢዩ። ሮሜ 3፡23 "ኩሎም ሓጢኦም ክብሪ ኣምላኽውን ስኢኖም"ይብል። የሱስ ግና ኩሉ ሰብ ምእንቲ ብእኡ ክጸድቕ ንሱ ኣብ ክንዲ ኩላትና ሓጢያት ኮይኑ። 2ቆረ 5፡20-21 "ስለዚ ንሕና ኣብ ክንዲ ክርስቶስ ልኡኻት ኢና እሞ ኣምላኽ ብኣና ገይሩ ይምዕድ ኣሎ። ንሕና ብእኡ ጽድቂ ኣምላኽ ምእንቲ ኽንከውን ነቲ ሓጢኣት ዘይፈለጠ ኣብ ክንዳና ሓጢኣት ገበሮ‥" ይብል።እቲ ምስ እግዚኣብሄር ኣባኢስና ዝነበረ

ሓጢኣትና የሱስ ክርስቶስ ነቲ ሓጢኣት ዘርሕቕ ገንሸል እምኒኽ ኮይኑ ምስ ኣቦ ኣተዓሪቑና። ዮሃ 1:29 "ንጽብሒቱ ዮውሃንስ ንየሱስ ናብኡ ኺመጽእ ከሎ ረአዮ እሞ እነሆ ሓጢኣት ዓለም ዜርሕቕ ገንሸል እምኒኽ በለ"ይብል። ንሓጢኣትና ዝሓጽብ እቲ ኣብ መስቀል ዝፈሰሰ ደም የሱስ እዩ። ማቴ 26:28 "ጽዋዕ ኣልዒሉ ኣመስጊኑ ድማ ከምዚ እናበለ ሃቦም እዚ ምእንቲ ብዙሓት ንሕድገት ሓጢኣት ዝፈስስ ዘሎ ናይ ሓድሽ ኪዳን ደመይ ኢዩ እሞ ካብዚ ኹሉኹም ስተዩ" ይብል። 1ዮሃ 1:7 "ከምቲ ንሱ ኣብ ብርሃን ዘሎ ኣብ ብርሃን እንተ ተመላለስና ግና ንሓድሕድና ሕብረት ኣሎና ደም የሱስ ክርስቶስ ወዱውን ካብ ኩሉ ሓጢኣት የንጽሃና እዩ።" ከምኡውን እብ 9:22 "ከምቲ ሕጊ ኣስታት ኩሉ ብደም እዩ ዚጸሪ ብዘይ ምፍሳስ ደምውን ይቕሬታ ኣይከውንን እዩ" ይብል። እምባእርከስ የሱስ ክርስቶስ ኣብ መስቀል ሓጢኣት ኮይኑ ደሙ ካብ እፍሰሰልና ሕጂ እቲ ንሓጢኣትና ሓጺቡ ምስ ኣቦ ዘተዓርቐና ደም የሱስ ጥራሕ እዩ። እቶም ብክርስቶስ የሱስ ኣሚንና ብደሙ ሕድገት ሓጢኣት ዝረኸብና ኩልና ናይ ዘልኣለም ህይወት ክንወርስ ኣምላኽ ኪዳን ስለዝኣተወና ካብ ኩኔ ሓራ ኢና።

## 2. ሓርነት ካብ ሞት

እዚ ሞት ኢልዎ ዘሎ ስጋዊ ሞት ኣይኮነን፡ መንፈሳዊ ሞት ወይ ድማ ካልኣይ ሞት ኢዩ። መንፈሳዊ ሞት ከቢድን ዘስካሕክሕን ዘልኣለማዊ መቕጻዕቲ እዩ። ካብዚ ሞት እዚ ብሓይሊ፡ ብጥበብ፡ ብኽእለት፡ ብገንዘብ፡ ከምልጥ ዝኽእል ሰብ ወላሓደ የልቦን ። ኣብ ሮሜ 5:12 "ስለዚ ኸአ ከምቲ ብሰሪ ሓደ ሰብኣይ ሓጢኣት ናብ ዓለም ዝኣተወ፡ ብሓጢኣት ውን ሞት ኩላቶም ስለ ዝበደሉ ድማ ሞት ናብ ኩሉ ሰብ ሓለፈ" ይብል። ከምኡ ድማ ሮሜ 6:22-23 "ዓስቢ ሓጢኣት ሞት እዩ.. .." ይብለና። ከምኡ ውን እብ 9:27 "ከምቲ ንሰብ ሓንሳእ ሙማት ብድሕሪኡውን ፍርዲ እተሰርዖ" ዝብል፡ ኩሉ ሰብ በቲ ካብ ኣዳም ዝወረሶ ሓጢኣት ሓንሳብ ካብ እምላኽ ተፈልዩ ወይ ሞይቱ እዩ። ድሕሪ ስጋዊ ሞት ከኣ ካብዛ ዓለም ምስ ተፈልየ ካልኣይ ሞት ወይ መፈሳዊ ሞት ናይ ዘልኣለም ፍርዲ ይጽበዮ ኣሎ። የሱስ ክርስቶስ ግና ናብ ዘልኣለማዊ ፍርዲ ካልኣይ ሞት ምእንቲ ከይንበጽሕ እሞ ከይንጠፍእ ኣብዛ ዓለም ከለና ተነሲሕና





ምእንቲ ክንምለስ ምእንታና ኣብ መስቀል ሞይቱ ንሞት ድማ በትንሳኤ ስዒርዎ። ነዚ ዝምልከት ጥቕስታት ርእ። ሮሜ 5:8 "ግናኻ ንሕና ገና ሓጥኣን ከሎና ክርስቶስ ኣብ ክንዳና ሞይቱ እዩ እሞ ኣምላኽ እታ ፍቕሩ ንኣና በዚ የርኢ ኣሎ።" ሮሜ 4:25 ድማ "ንሱ ብሰሪ ሓጢኣትና በጃ ተዋህበ ስለ ጽድቅናውን ተንስኤ" 1ጴጥ 3:18 "ክርስቶስ ድማ ናብ ኣምላኽ ምእንቲ ኬቕርበና ኢሉ ንሱ እቲ ጻድቕ ስለቶም ዓመጽቲ ሓንሳእ ስለ ሓጢኣት ሞተ ። ብስጋ ሞተ ብመንፈስ ግና ህያው ኮነ" ይብል። ካልእ ከምዚ ዝኣመስለ የሱስ ክርስቶስ ንሞት ስዒሩ ከምዝተንስአ እብ ብዙሕ ጥቕስታት ኣሎ። እምብኣርከስ የሱስ ክርስቶስ ንሞት ስለ ዝሰዓሮ ሞት ኣባና ኣብቶም ብየሱስ እንኣምን ምልኪ የብሉን። ካብቲ ካልኣይ ሞት ወይ ፍርዲ ዘልኣለም ሓራ ኢና። ዮሃ 5:24 ".. .. .. ንሱ ኻብ ሞት ናብ ህይወት ተሳገረ እንበር ናብ ፍርዲ ኸም ዘይበጽሕ ብሓቂ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ"ይብል። ከምኡውን ዮሃ 3:18 "ብእኡ ንዝኣምን ኣይፍረዶን .. .." ይብል።

## 3. ሓርነት ካብ መርገም

መርገም ማለት ውጽኢት ናይቲ ኣንጻር ሓቅን ቅንዕናን ዝግበር ግብርታት ኮይኑ ወይ ንእግዚኣብሄር ብዘይምእዛዝ ኣብ ልዕሊ ደቂ ሰባት ዝወርድ ኣሉታዊ ሳዕቤን እዩ። መርገም መበገሲኡ (ምንጩ) ካብ ሓጥያት ኮይኑ ፡ድሕሪ ኣዳም ኣብ ልዕሊ ደቂ ሰባት ዝወረደን ዝወርድ ዘሎን መቕጻዕቲ እዩ። ከምቲ ኣቐዲምና ኣብ ምዕራፍ 1 ዝረኣናዮ ኩሉ ሰብ ብሰንኪ ዘይምእዛዝ ሓጥያተኛ ስለዝኾነ ኣብ ትሕቲ እዚ መርገም እዚ እዩ ዘሎ።ከምቲ ኣብ ዘዳ 21:22-23 "እቲ ኣብ ዕንጨይቲ እተሰቕለ ብእግዚኣብሄር እተረገመ እዩ ...፡ ዝብል ፡ ኩሉ ሰብ ሓጥያት ስለ ዝገበረ ሓጥያት ከኣ ናብ ሞት ዘበጽሕ ኣበሳ ስለ ዝኾነ፡ ስለዚ ኩሉ ሰብ ኣብ ዕንጸይቲ ክስቀል ይግብኦ እዩ።

ግናኸ ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ኣብ መስቀል ተሰቒሉ ኣብ ክንዳና ሞይቱ መርገም ኮይኑ ካብ መርገም ስለዝተሻየጠና እቲ ብየሱስ ክርስቶስ ዝእመነ ዘበለ ካብዚ መርገም ሓራ እዩ።ኣብ ገላ 3:13-14 ከምዚ ይብል"ንሕና ነቲ ተስፋ መንፈስ ብእምነት ክንቅበሎ እቲ በረኸት ኣብርሃምውን ብየሱስ ክርስቶስ ምእንቲ ኪኸውንሲ ፡ ኣብ ዕንጸይቲ ዚስቀል ዘበለ ርጉም እዩ፡ ተጻሒፋ

ኣሎ እሞ፣ ክርስቶስ ምእንታና መርገም ኮይኑ፣ ካብ መርገም ሕጊ ተሻየጠና፡፡”

እዚ ሓርነት እዚ ግና ካብቲ ሓጥያት ዘፈልፍል ንእግዚኣብሄር ኣምላኽ ዘጉሂ መርገም ዘስዕብ ዘርኢ ኣዳም ደኣ እምበር፣ ንባህርያት እዚ ለበስናዮ ዘለና መሬታዊ ስጋ ዝምልከትሲ ኣይኮነን፡፡ ባህርያት እዚ መሬታዊ ስጋ ኣብ ምድራዊ ነገር ዝተሰረተ ኮይኑ ፣ምእንቲ ክነብር፣ ክበልዕ ክሰቲ ምስ ዝደክም ክዕርፍ ክድቅስ ይግብኦ። ይምርያ ይወልድ ይዓቢ ይኣርግ ይመዉት ወዘተ...እዩ። እዚ ባህርያት እዚ ካብቲ ሓጥያት ዘፈልፍል ዘርኢ (ባህርያት ኣዳም) ወጻኢ እዩ። ንኣብነት ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ሓጥያት ዘፈልፍል ዘርኢ ኣዳም ኣይነበሮን፣ ባህርያት እዚ ለቢስናዮ ዘለና መሬታዊ ስጋ ግን ነይርዎ። የሱስ ከም ዝጠመየ ሉቃ 4፡2 ከም ዝደቀሰ ማር 4፡38 ከም ዝደኸመ ዮሃ 4፡6 ከምኡውን ከም ዝተሳቐየን ከም ዝሞተን ንርኢ። ስለዚ ድማ ኣብዚ ስጋ ክሳብ ዘለና፣ እዚ መሬታዊ ባህሪ እዚ ኣብ ህይወትና ክህሉ ግድን እዩ፣ መርገም ድማ ኣይኮነን። እቲ ኣብ ዘፍ 3፡16-19 “ነታ ሰበይቲ ኸኣ መከራኽን ጻዕሪ ጥንሰኽን ኣዘየ ኽብዝሖ እየ፣ ደቂ ብጻዕሪ ኽትወልዲ ኢኺ ድሌትኪ ድማ ናብ ሰብኣይኪ ኪኸዉን እዩ። ንሱዉን ኪመልከኪ እዩ በላ። ንኣዳም ከኣ ቃል ሰበይትኻ ሰለ ዝሰማዕካ እሞ ካብታ ካብኣ ኣይትብላዕ ኢለ ዝኣዘዝኩኻ ኦም ሰለ ዝበላዕካ ምድሪ ብዛዕ ጠኻ ርግምቲ ትኹን። ኩሉ ዘበን ህይወትካ እንጌራኻ ኻብኣ ብጻዕሪ ኽትበልዕ ኢኻ።.. ናብታ እተፈጠርካላ ምድሪ ክሳዕ እትምለስ፣ እንጌራ ብረሃጽ ገጽካ ኽትበልዕ ኢኻ፣ መሬት ኢኻ እሞ ናብ መሬት ድማ ትምለስ በሎ።”

እዚ ኣብ ዘፍጥረት 3 ዝረኣናዮ ሓሳብ መርገም እዩ እንተደኣ ኢልናዮ፣ ካብዚ መርገም እዚ ድማ ብመሰረት ገላትያ ምዕራፍ 3፡13-14 ሓራ ኢና ንብል እንተ ድኣ ኮይንና። ነዚ ዝስዕብ ሓሳብ እስከ ንርአ፣ ንኣብነት ነታ ሰበይቲ ድላይኪ ካብ ሰብኣይኪ ክኸውን እዩ ንሱ ድማ ክመልከኪ ዝብል ቃል፣ ሰብኣይ ርእሲ ሰበይቱ ወይ ከኣ ርእሲ ቤቱ ምኻኑ እዩ ዘመልከት። እዚ ኸኣ ሰበይቲ ምስሊ ቤተክርስትያን ሰብኣይ ከኣ ምስሊ ክርስቶስ ምኻኑ ኣብ ኤፌሶን ምዕራፍ 5 ይነግርና። እምበኣር ነዚ ሓሳብ እዚ መርገም እዩ ካብ መርገም ድማ ሓራ ኮይንና ኢና እንተድኣ ኢልና ሰብኣይ ርእሲ ሰበይቲ ምኻኑ ይተርፍ ፣ ሓዳር ብዘይ መራሒ ወይ ከኣ ብዘይርእሲ ቤተክርስትያን ከኣ ብዘይ ክርስቶስ





ክም ምዃን ማለት እዩ። ከምኡ ድማ እቲ ንኣዳም ዝተባህለሉ ብቁሊ መረሮ ክትበልዕ ኢኻ። እዚ ማለት ኣብ ዝባን ምድሪ ብህይወት ክሳዕ ዘሎኻ እንጌራ ብራሃጽካ ክትበለዕ ኢኻ ኢልዎ። እዚ ድማ ትጉህ ሰራሕረኛ የመልክት። እዚ መርገም እዩ እንተደኣ ኢልናዮ፣ ካብዚ መርገም ከኣ ሓራ ኢና ንብል እንተድኣ ኮይንና፣ ምስቲ ኣብ 2ተሰ 3፡9-12 “ምሳኻትኩም ከሎናዉን ፣ገለ ሰብ ክዓዪ ዘይፈቱ እንተ ኾይኑስ ኣይብላዕዉን ኢልና ኣዘዝናኩም እሞ፣ ንሕና ምእንቲ ኽትመስሉ ደኣ ንርእስና ኣርኣያ ጌርና ሃብናኩም እምበር መሰል ስለ ዜብልና ኣይኮንናን። ማለት ሓያሎ ኻብኻትኩም ብዘይ ስርዓት ከም ዚመላለሱ ዙረት እምበር ሓንቲ እኳ ኸም ዘይዓዩ ንሰምዕ ኣሎና። ነዞም ከምዚኣቶም ዘመሰሉ ብህድኣት እናዓየዩ እንጌራኦም ክበልዑ ብጐይታና የሱስ ክርስቶስ ንእዝዞምን ንምዕዶምን ኣሎና።” ምስ ዝብል ሓሰብ ይጋጮ እዩ። ካብ መርገም ሓራ እየ ኢልካ ቡቅሊ መሮር (ፍረ ምድሪ) ዘይምብላዕ ዕሽነት እዩ ከምኡዉን እቲ መሬት ኢኻ እሞ ናብ መሬት ክትምለስ ኢኻ ዝብል ሓሳብ ካብዚ መርገም እዚ ሓራ ኢና እንተድኣ ኢልና ብስጋ ኣይንመዉትን ኢና ዝብል ስለዝሰምዕ ፣እዚ ኸኣ ቁኑዕ ዘይኮነ ካብ ሓቂ ዝረሓቐ ትምህርቲ እዩ።

እምበኣርከስ እቲ ኣብ ገላ3፡13 “ክርስቶስ መርገም ኮይኑ ካብ መርገም ሕጊ ተሻየጠና ዝብል ቃል ካብቲ ሓጥያት ዘፈልፍል፣ ዘይእዙዝ ባህርያት ዘስዕቦ መርገም እዩ ዘመልክት። እቲ ብክርስቶስ ዝኣመነ ድማ ካብ ዘይምእዛዝ ናብ ምእዛዝ ስለዝተሰጋገረ ኣብ ትሕቲ ጸጋ እምበር ኣብ ትሕቲ መርገምሲ ኣይኮንናን።

## 4. ሓርነት ካብ ሕማም

ሕማም ሓደ ካብቲ ንደቂ ሰባት ዘሳቒ ጸላኢ እዩ። ብሕማም ዝጥቃዕ ክፍሊ ኣካላት ሰብ ስጋን ነፍስን እዩ። ከምቲ ኣብ 1ቆሮ 15፡47-49 ኣብዚ ሰፍራ እዚ ኩሉም እቶም ካብ ኣዳም ዝተወልዱ መሬታዉያንን ምስሊ እቲ መሬታዊ ስጋ ዝድቅስ ዝደክም፣ ዝቁንዞ ከምኡዉን ሓሙሽተ ናይ ስምዒት ሕዋሳት ዘለዎ ኮይኑ ብሕማም ክጥቃዕ ዝኽእልዩ። እዚ መሬታዊ (ኣዳማዊ ስጋ) ብሰለስተ መገዲ ሕማም ክጥቅዮ ይኽእል። እንተኾነ ግና

በቲ ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ኣብ መስቀል ዝፈጸሞ ፍጻሜ ካብዚ ሰለስተ ዓይነት መገዲ ሕማም ብእምነት ክመይ ጌርና ሓራ ክምንወጽእ ቀጺልና ክንርኢ ኢና።

## ሀ, ብኣጋንንቲ ዝመጽእ ሕማም፣

እዚ ሕማም እዚ ንኣጋንንቲ ዘምልኹ (ምስ ኣጋንንቲ ሕብረት ዘለዎም ሰባት) ብብዝሒ ይርአ። ንኣብነት ከታብ፣ድግምቲ፣ ጥንቆላ ወዘተ... ቀንዲ መተሓላለፊ ናይዚ ሕማም እዚ እዩ። እቲ በዚ ሕማም እዚ ዝተጠቕዐ ሰብ፣ ንጐይታና የሱስ ከም መድሓኒኡ ምስ ተቐበለ በቲ ኣብ መስቀል ዝተፈጸመ ፍልጠት ሓቂ ፣ኢሳ53፡5 ከምኡ ድማ 1ጴጥ 2፡24፣ ብምእማን ካብ ማእሰር ኣጋንንቲ(ሕማም) ሓራ ይኸዉን።

## ለ. ካብ ሓጥያት ዝመጽእ ሕማም

እዚ ሕማም እዚ ብሰንኪ ዘይምእዛዝ ሕጊ ኣምላኽ ብምፍራስ ዝመጽእ ሕማም እዩ። ፈዉሲ ናይዚ ሕማም እዚ 1ይ በደልካ ተኣሚንካ ምስ ተንሳሕካ ብደም ክርስቶስ የሱስ ምስ ነጻህካ። ብመሰረት 1ጴጥ 2፡24 ከምኡውን ኢሰ 53፡5 ዘሎ፣ ብምሉእ ልብኻ ምስ ትእመኖ (ደጋጊምካ ውን ምስ ትኣምኖ) ካብ ኩሉ ሕማምካ ትፍወስ፡፡

## ሐ. ብሸለትነት (ብዘይምጥንቃቅ ዝመጽእ ሕማም)

ነዚ ምድራዊ ስጋ ዘድልዮ ሕጊ ሸለል ምስ ትብል ክትሓምም ይክኣል እዩ። ንኣብነት ንስጋ ምብላዕ ዘደለዮ ክነሱ ካብዚ ናይ ምብላዕን ምስታይን ምኽዳንን ሕጊ ምስ ተጉድል ብሰንኪ ጥሜትን ቁርን ክትሓምም ዝከኣል እዩ። ከምቲ ኣብ ኤፌ 5፡30 "ሰብ ንስግኡ ይምግቦን ይከናኸኖን እምበር ሓደ እኳ ዝጸልኦ የልቦን፣ ዝብል ጽሑፍ ዘሎ ንስጋና ሸለል ክንብሎ ዘይኮነስ ብጥንቃቀ ክንከናኸኖ ይግበኣና እዩ፡፡ እምበኣርከስ ነዚ ምድራዊ ስጋና እቲ ዘድልዮ ከም ምብላዕ ምስታይ ምኽዳን ዕረፍቲ... ... ወዘተ ከነጉድለሉ ኣይግበኣናን እዩ። እንተሓመምና ድማ ብእምነት ብቲ ኣብ መስቀል ዝተፈጸመ ግብሪ ብምእማን ክንፍወስ ንኽእል ኢና።





እምበኣር ፈውስና ምስ ረኸብና ከይንሓምም ካብቲ ሕማም ዘስዕብ ዝረኣናዮ ሰለስተ መንገዲ፣ ክንእለ ወይ ክኣ ክንጥንቀቅ ይግበኣና፡፡ እንተዘይ ተጠንቂቅና ግን ኣብዚ ምድራዊ ስጋ ክሳብ ዘለና ብሕማም ክንትንከፍ ባህርያዊ እዩ፣ ሰማያዊ ስጋ ምስ ለበስና ግና ምጥንቃቕ ኣይከድልየናን እዩ፣ ሕማም ውን ኣይትንከፈናን እዩ፡፡

## 5. ሓርነት ካብ ግዝኣት ሰይጣን

እግዚኣብሄር ንሰብ ምስ ፈጠረ ኣብ ምድሪ ንዘለው እንስሳታት፣ ኣራዊትን፣ ለመምታን፣ ኣዕዋፍ ሰማይን፣ ዓሳታት ባሕርን፣ ክመልኽን ክገዝእን ስልጣን ሂብዎ እዩ። ዘፍ 1፡26 ርአ። ኣብዚ ከም እንርእዮ ዘለና እግዚኣብሄር ኣምላኽ መጀመርታ ኣዛዚ ንጉስ ፍጥረት ንዓለም ክመልኽን ክማሓድርን ስልጣን ዝሃቦ ንሰብ እንበር ንሰይጣን ኣይኮነን። ግናኸ ሰይጣን ብቃል ሓሶትን ምትሳልን ንእግዚኣብሄር ከይእዘዙ ንቃሉ ግና ክሰምዑ ጌርዎም። ስለዚ ድማ ባሮት ሓጢኣት ኮይኖም ነቲ ኣምላኽ ዝሃቦም ስልጣን ሰይጣን ወሲድዎ ገዛኢ ዓለም ድማ ሰይጣን ኮይኑ። ካብዚ እዋን ጀሚሩ መጽሓፍ ቁዱስ ንሰይጣን ኣምላኽ እዛ ዓለም እዚኣ፣ ገዛኢ እዛ ዓለም እዚኣ፡ ገዛኢ ጸልማት፣ ሓለቃ ስልጣን ኣየር፣ እናበለ ይጽውዖ። (ዮሃ12፡31, 2ቆሮ 4፡4)። ካብ ግዝኣት ሰይጣን ብሓይሉን ብክእለቱን ጥበቡን ክመሉቕ (ክድሕን) ዝኽእል ወለ ሓደ ሰብ የልቦን። ክናግፎ ዝኽእል ሓይሊ'ውን በጀካ የሱስ ክርስቶስ ካልእ ኩቶ የልቦን። እምበኣር የሱስ ክርስቶስ ካብ ግዝኣት ሰይጣን ማለት ካብ ስልጣን ጸልማት ሓራ ምእንቲ ክንወጽእ ንሰይጣን ኣብ መስቀል ሰዒርዎ ርእሱ ጨፍሊቁ ንብዘሎ ኣጽዋሩ ገፊፉ ክንቱ ጌርዎ። ቆሎ 2፡15 "ነቶም ሕልቅነታትን ስልጣናትን ኣጽዋሮም ገፊፉ ብእኡ እናፈከረሎም ከኣ ብግልጺ ኣሰተሓፈሮም" ይብል።

እምባኣርከስ የሱስ ክርስቶስ ንሰይጣን ኣብ መስቀል ካብ ሰዓሮ እቶም ንየሱስ ክርስቶሰ ዝኣመኑ ካብ ግዝኣት ሰይጣን ሓራ እዮም። ንጐይታ ስለ እተኣዘዙ ባሮት ጽድቂ ይኾኑ ኣብ ልዕሊ መንግስቲ ሰይጣን ከኣ ክመልኩን ክገዝኡን ስልጣን ኣለዎም። ሉቃ 10፡17-19 "እቶም ሰብዓ ልኡኻት ከኣ ጐይታይ ኣጋንንቲ ድማ ብስምካ ይግዝኡና ኣለው እናበሉ ብሓጐስ ተመለሱ።

በሎም ሰይጣን ከም መብረቕ ካብ ሰማይ ኪወድቕ ከሎ ርኤኽዎ እነሆ ተመንን ዕንቅርቢትን ኩሉ ሓይሊ ጸላእን ክትረግጹ ስልጣን ሂበኩም ኣሎኹ ዝጎድኣኩም ከኣ የልቦን"ይብል። ማር 16:17 "ነቶም ዚኣምኑ ውን እዚ ተኣምራት እዚ ኺሰዕቦም እዩ። ብሰመይ ኣጋንንቲ ኼውጽኡ ብሓድሽ ልሳን ከኣ ኪዛረቡ።"ማቴ 10:8 "ሕሙማት ኣሕውዩ ምውታት ኣትንስኡ ለምጻማት ኣንጽሁ ኣጋንንቲ ኣውጽኡ። ብኸምኡ ተቐበልኩም ብኸምኡ ሃቡ"ይብል። ኣብዚ ከነስተውዕሎ ዝግብኣና ካብ መግዛእቲ ሰይጣን ሓራ ክንወጽእ ጥራይ ዘይኮነስ ኣብ ልዕሊኡ ክንረግጽን ክንገዝእን ስልጣን ተዋሂብና ኣሎ። ከምቲ ጸልማት ንብርሃን ክሕዞ ወይ ክጸሮ ዘይክእል ከምኡ ድማ ንሕና ብክርስቶስ ብርሃን ስለዝኾና ሓይልታት ጸልማት ክሕዙና ወይ ነቲ ምሳና ዘሎ ብርሃን ክጻወርዎ ኣይክእሉን እዮም።

በዚ ዝረኣናዮ ሓሙሽተ ነጥብታት ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ካብቲ ዝነበረና ከቢድ ጥፍኣት ሓራ ከም ዝገበረና ኢና ርኢና።

<u>ሓራ ምኳንካ ብእምነት ርእሰኻ ቁጸር</u>

ነቲ የሱስ ክርስቶስ ኣብ መስቀል ዝገበሮ ግብርታት ኩሉ ብሙሉእ ልቡ ኣሚኑ ንዝተቐበሎ ሰብ ናይ ዘልኣለም ህይወት ኣላቶ። ካብ ኵነኔ ከኣ ሓራ እዩ። ኣብ ዮሃ 3:16-18 "ኣምላኽ በቲ ሓደ ወዱ ዝኣመነ ኹሉ ናይ ዘለኣለም ህይወት ምእንቲ ኺረክብ እምበር ከይጠፍእሲ ንወዱ በጃ ኽሳዕ ዝህብ ክሳዕ ክንድዚ ንዓለም ኣፍቀራ። ኣምላኽ ንወዱ ዓለም ብእኡ ኽትድሕን እምበር ንዓለም ኪፈርዳስ ኣይለኣኸን። ብእኡ ንዚኣምን ኣይፈረዶን ነቲ ዘይኣምን ግና ብስም ሓደ ወዲ ኣምላኽ ስለ ዘይኣመነ ድሮ ተፈሪድዎ ኣሎ።"ይብል። ኣብዚ ስፍራዚ በይኑ ክእመን ዝግባእ፡ ከድሕን ተኽእሎ ዘሎዎ የሱስ ክርስቶስ ጥራይ ምኳኑ ንሱ በይኑውን ህይወቱ በጃ ሓጢኣትና ከም ዝሕሰፈ ኢና ንርኢ ዘለና። ብእኡ ዝኣመነ ናይ ዘልኣለም ህይወት ከም ዘላቶ ዘይኣመነ ግና ድሮ ተፈሪድዎ ኣሎ ክብል ከሎ ብጃካኡ ካልእ መንገዲ ከምዘየለ ኢዩ ዝነግረና ዘሎ። የሱስውን ባዕሉ ኣብ ዮሃ 14:6 "የሱስ ከኣ መገድን ሓቅን ህይወትን ኣነ እየ፡ ብዘይ ብኣይ ሓደ እኳ ናብ ኣቦ ዚመጽእ የልቦን" ኢሉ ተዛሪቡ ኣሎ። እምባኣርከስ ነቶም ብስሙ ዝኣመኑ ድሑናት ናይ ዘልኣለም ህይወት ወረስቲ ምኳኖም በዚ ዝስዕብ ቃል የረጋግጸሎም፡





ዮሃ 3:36 "ብወዲ ዚኣምን ናይ ዘለኣለም ህይወት ኣላቶ እቲ ብወዲ ዘይኣምን ግና ቑጥዓ ኣምላኽ ደኣ ኣብኡ ይነብር እምበር ንህይወቱ ኣይኪርእያን እዩ" ይብል። ዮሃ5:24 "እዚ ንቓለይ ዚሰምዖን በቲ ዝለኣኸኒ ዚኣምንን ናይ ዘለኣለም ህይወት ኣላቶ። ንሱ ኻብ ሞት ናብ ህይወት ተሳገረ እምበኣር ናብ ፍርዲ ኸም ዘይበጽሕ ብሓቂ ብሓቂ እብለኩም ኣለኹ" ይብል። ከምኡውን ኣብ ዮሃ 10:27-29 "እተን ኣባጊዕ ግና ድምጸይ ይሰምዓ ኣነ ካኣ ኤለልየን፡ ንሳተንውን ይሰዕባኒ ኣነ ኸኣ ህይወት ዘለኣለም እህበን፡ ንዘለኣለም ድማ ኣይጠፍኣን እየን ካብ ኢደይውን ዚምንዝዔን የልቦን። እቲ ንኣታተን ዝሃበኒ ኣቦይ ካብ ኩሉ ይዓቢ ኢዩ ካብ ኢድ ኣቦይ ሓደ ኺምንዝዔን ዝኽእል የልቦን።" እምባኣርከስ እቲ ነዚ ቃል እዚ ዝኣምን ናይ ዘልኣለም ህይወት ከም ዘላቶ ርግጸኛ ክኸውን ደኣ ኣለዎ እምበር ከጠራጠርሲ ኣይግብኦን ምኽንያቱ ምጥርጣር እምነት ኣይኮነን። ገሃነም እሳት ኣይንእቱን ኢና። የሱስ ክርስቶስ ሓላዊና ስለ ዝኾነ ንዘልኣለም ኣይንጠፍእን ኢና።

እዚ ኩሉ ብፍቕሩን ብምሕረቱን እምበር ካብ ግብርና ከምዘይኮነ ኣብ ኤፌ 2:8-9 "ሓደ እኳ ኸይምካሕሲ ካብ ግብሪ ኣይኮነን፡ እሞ ብእምነት ብጸጋ ኢኹም ዝደሓንኩም፡ እዚ ኸኣ ውህበት ኣምላኽ እዩ እምበር ካባኻትኩም ኣይኮነን" ይብል። ውሉድ ኣምላኽ ኻኸውን ብመሰረት እዚ ኣብ ላዕሊ ዝራኣናዮ ኢዩ። ውሉድ ካብ ኮንና ድማ ወረስቲ ኢና። ሮሜ 8:17 "ውሉድ ካብ ኰንናኸ ወረስቲ ድማ ኢና ንኣምላኽ ወረስቱ ንክርስቶስ መዋርስቱ ኢና ምስኡ ሓሳረ መከራ እንተ ጸገብናስ ምስኡውን ክንከብር ኢና"ይብል። ገላ 4:6-7 "ውሉድ ስለ ዝኾንኩም ከኣ ኣምላኽ ነቲ ኣባ ኣቦ ኢሉ ዚጽውዕ መንፈስ ወዱ ናብ ልብና ለኣኸ። ደጊም ብድሕርዚ ውሉድ እምበር ባርያ ኣይኰንካን። ውሉድ ካብ ኰንካ ግና ብክርስቶስ ወራሲ ኣምላኽ ኢኻ።" ይብል፡ እምባኣር ውሉድ ኣምላኽ ካብ ኮንና ነቲ ብፍቅርን ብምሕረትን ዝወለደና ኣቦ ብምሉእ ልብና ክንስዕቦ ነቲ ንሱ ዝጸልኦ ኸኣ ክንጸልኦ ይግባኣና።

ኤፌ 5:1-2 "ደጊም ከም ፍቁራት ውሉድ ሰዓብቲ ኣምላኽ ኩኑ ከምቲ ክርስቶስ ዘፍቀረኩም ነፍሱውን መባእን መስዋእትን ገይሩ ንኣምላኽ ንምዑዝ ጨና በጃና ዘሕሰፈ ከምኡ ብፍቕሪ ተመላለሱ" ይብለና። ንሕና ብክርስቶስ የሱስ ኣሚንና ዳግም

ዝተወለድና ብጸሎትን ቃል ኣምላኽ ብምንባብን መንፈሳዊ ህይወትና እናሃነጽና በቲ መንፈስ ቅዱስ ዝመርሓና ብፍቅሪን ብሓቅን ክንመላለስ ይግብኣና። ነቲ ኣብ ዓለም ክለና እንመላለሰሉ ዝነበርና መገዲ ሓጢኣት ኣምላኽ ዘይፈትዎ ግብርታት ፈጺምና ካብ ውሽጥና ክንጸልኦ ይግብኣና እዩ። 1ዮሃ 2፥15-16 "ንዓለም ወይስ ነቲ ኣብ ዓለም ዘሎ ኣይትፍተው ሓደ እኳ ንዓለም እንተ ፈተዋ ፍቕሪ ኣቦ የብሉን ኩሉ እቲ ኣብ ዓ ለም ዘሎ ፍትወት ስጋን ፍትወት ኣዒንትን ንብረት ትዕቢትን እዚ ካብ ዓለም እዩ እምበኣር ካብ ኣቦስ ኣይኮነን" ይብል። ዓ ለም ንሓጢኣት፥ ሓጢኣት ምኽኑ ትፈልጦ ኢያ ካብ ውሽጣ ግን ኣይትጸልኣን ኢያ። ብእኡ ግና ትሕበንን ትኸርዕን ጥበብ ኢላ ካኣ ትሰምዮ። ዳግም ዝተወልደ ክርስትያን ግን ንሓጢያት ይፈልጦ ጥራሕ ዘይኮነስ ካብ ውሽጡ እዩ ዝጽልኦ። ሓጢኣት እንተፈጸመ ክኣ ይጠዓስ ብምሉእ ልቡ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ይበክን ይንሳሕን፥ እምበር ብሓጢኣትሲ ባህ ኣይብሎን እዩ።

## *ኣምላኽ ንሓጢኣት ይርስዮ እዩ*

ካብቲ ዘገርም ባህሪያት እግዚኣብሄር ንሓጢኣት ዝርስዕ ባህሪ ስለዘለዎ እዩ ። ኣምላኽ ንሓጢኣት ይርስዮ ኢዩ ክንብል ከለና ሓጢኣት እቶም ተጣዒሶም ብስቡር ልቢ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ዝሸኑ ምሕረት ዝሓቱን ሰባት ዳኣ እዩ ዝርስዕ እምበር ናይ ዘይተነስሑ ሰባትሲ ኣይኮነን ዝርስዕ። እግዚኣብሄር ነቲ ይቕረ ዝበሎ ሓጢኣት ደጊሙ ከም ዘይዝክሮ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ዝተዛረቦ ገለ ሒደት ጥቕስታት ክንርኢ ኢና። ኢሰ 43፥25 "ኣነ ኣነ እየ ስለ ርእሰይ ኢለ ገበንካ ዝድምስስ መሊሰ ኸኣ ሓጢኣትካ ኣይዝክርን"ይብል። ኣብ እብ 8፥11 ከኣ "ዓ መጸኦም ክምሕር እየ እሞ ንሓጢኣቶምውን ድሕሪዚ ኣይክዝክሮን እየ.." ይብል። መዝ 103፥10-13 "ከም መጠን ሓጢኣትና ኣይገብረናን ከም መጠን ኣበሳና ኣይፈድየናን ኢዩ ሰማይ ካብ ምድሪ ልዕል ከም ዚብል ከምኡ ምሕረቱ ናብቶም ዚፈርህዎ ይስልጥን ምብራቅ ካብ ምዕራብ ከም ዚርሕቕ ከምኡ ንኣበሳና ኻባና ኣርሓቖ ከምቲ ወላዲ ንውሉዱ ዚርሕርሓሎም ከምኡ እግዚኣብሄር ንዚፈርህዎ ይርሕርሓሎም እዩ" ይብል።

እግዚኣብሄር ኣምላኽ ነቲ ዝደምሰሶ ኣበሳና ከም ዘይዝክሮ ርኢና ኣለና። እዚ ማለት ትማል እዚ ጌርካ ምሒረካ ብቅድሚ





ትማሊውን እዚ ደጊምካ ምሕረት ጌይረልካ ኢሉ ኣይጻባጽብን እዩ። ምኽንያቱ ነቲ ዝደምሰሶ ሓጢኣትና ኣይዝክሮን እዩ። እዚ ኸኣ ምእንቲ ብትብዓት ኣብ ቅድሚኡ ክንመላለስ ነቲ ዝኸሰና ጸላኢውን ኣፍደገ መታን ከይረክብ ይሕግዘና። እቲ ዝኸሰና ጸላኢ ነቲ ኣብ ኣምላኽ ምሕረት ዝረኸብናሉ እግዚኣብሄር ዝደምሰሶ ሓጢኣትና እናምጽአ ኣበሳና ዘዘክር ሓርነት ክይስምዓ ና ዝኹንን ጸላኢ ቀዳማይ ሰይጣን እዩ። ካልኣይ ድማ ስጋዊ ስብና ነቲ ዝገብሮ ኣባሳ ስለ ዝዝክር፥ ሳልሳይ ከኣ ሰባት ነቲ ምሕረት ዝረኸበ ሰብ ሓጢኣቱ እናዘከሩ ይኹንንዎ። እዞም ሰለስተ ከሰስቲ ዝረእናዮም ነቲ ኣምላክ ዝሃበና ሓርነት ዝቃወሙ ይኹኑ ዳኣምበር ኣየስልጡን እዮም። እቲ ዘየስልጥሉ ምኽንያት ድማ እግዚኣብሄር ንሓጢኣት ስለዘይዝክሮ እዩ፥ ኣምላኽ ሓራ ኢኻ እንተኢልካ ሓራ ኢኻ 1ቆረ6፥10-11 "ሰረቕቲ ወይ ስሱዓት ወይ ሰካራት ወይ ተጻረፍቲ ወይ ዘረፍቲ ንመንግስቲ ኣምላኽ ኣይኪወርስዋን እዮም ገሊኹም ከኣ ከማታቶም ኔርኩም ግናኸ ብስም ጐይታና የሱስ ክርስቶስን ብመንፈስ ኣምላኽናን ተሓጺብኩምን ተቐዲስኩምን ጸዲቕኩምን ኢኹም" ይብል። ካብቲ ዝነበረና ሓጢኣት ብደም ክርስቶስ የሱስ ነጺህና ጸዲቅና ተቀዲስና እኳ ክነስና ሓጢኣት ኣይጠብቀናን ማለት ግን ኣይኮነን። ከም ሰብ ክንጋገ ንኽእል ኣብ ጌጋና ግን ኣይንጸንዕን ኢና። ኣብ ሓጢኣት ምጽናዕ ሰይጣናዊ ኢዩ። ሓጢኣቱ ቀልጢፉ ዘይንሳሕ ሰብ ናብ ዝገደደ በደል እዩ ዝሳገር። ዳግም ምስ ተወለድና ጸዲቅና ውሉድ ኣምላኽ ኮይንና ኢና። ሳልሳይ ምላድ የለን፥ ኣብ ጉዕዞና ንዝጠብቀና ሓጢኣት ግና ብደም ጐይታ የሱስ ክርስቶስ ኩሉ ሳዕ ክንሕጸብ ይግባኣና። እብ12፥1 "ምእንትዚ ንሕና ድማ ብኸንድዚ ዚኣክል ደበና ምስክር ተኸቢብና ኸሎና ንኹሉ ዝኸበደናን ነቲ ዚጠብቀና ሓጢኣትን ነርሕቕ... ..."ይብል።

ራእ 7፥14 "ኣነውን ጐይታይ ንስኻ ትፈልጥ በልክዎ ንሱ ኸኣ እዚኣቶም ካብቲ ብርቱዕ ጸበባ ዝመጹ እዮም ንክዳውንቶም ከኣ ብደም እቲ ገንሸል ሓጺቦም ኣጻዕደው" ይብል። ሓጢኣት ጠቢቅዎ ዘይንሳሕ ኣማኒ ልክዕ ከምቲ ምርኣይ ሰብኣይ ጻዕዳ ክዳን ዝተኸድነ ክዳኑ ብኣዝዩ ጨናዊ ቀልቀል ተጸይቑ ኣብ ማእከል ክዙራት ሰባት ደው ዝብል እዩ ዝመስል። ኣእምሮ ዘለዎ ሰብ ነዚ ኣይገብሮን፥ ሓጢኣት ከም ለምጺ ናይ ምስፋሕ ባህሪ ስለ ዘለዎ እቲ ቀልጢፉ ዘይንሳሕ ሰብ ናብ ዝገደደ ውድቀት እናተሳገረ ክሳብ ካብ ጐይታ ምፍላይን ምኽሓድን

ይበጽሕ። ኣብዚ ክይንበጽሕ ግና ነቲ ዝጠብቀና ሓጢኣት ቀልጢፍና ደም የሱስ ክርስቶስ ጸዊዕና ክንነጽህ ይግብና።





# ምዕራፍ 3

## ትምህርቲ ጥምቀታት

ትርጉም ጥምቀት ብቋንቋ ግሪክ "ፓፒቲዞ" ወይ "ፓፕቲዝማ" ዝብል ኮይኑ ቃል ብቃሉ ክትርጎም ከሎ ኣብ ሓደ ነገር ኣቲኻ ምጥሓል፡ ምስዋር ወይ ምሽፋን ወይ ምቅባር ማለት እዩ። ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ሓሙሽተ ዓይነት ጥምቀታት ከምዘለው ተጠቂሱ ኣሎ ንሱ ኻኣ፦

1. ናይ ዮውሃንስ ጥምቀት
2. ናይ ኣካል ጥምቀት
3. ናይ ማይ ጥምቀት
4. ናይ መንፈስ ቅዱስ ጥምቀት
5. ናይ መከራ ጥምቀት ተባሂሉ ኣብ 5 ተኸፊሉ ንረኽቦ። ካብዚ ቀጺልና እምባኣር እዞም 5 ጥምቀታት በብሓደ ክንሪዮም ኢና።

## *1. ናይ ዮውሃንስ ጥምቀት*

ዮውሃንስ ወዲ ካህን ዘካርያስ ካብ ዘርኢ ኣሮን ካብ ዓሌት ሌዊ እዩ። ዮውሃንስ መጥመቕ እቲ ናይ መወዳእታ ናይ ብሉይ ኪዳን ነብዩ ኸኣ እዩ። ሓድሽ ኪዳን ዝብሃል ድማ የሱስ ክርስቶስ ኣብ መስቀል ተሰቒሉ ደሙ ምስ ኣፍሰሰ ድሕሪ ትንሳኤ የሱስ ክርስቶስ ነጀው ዘሎ ኪዳን እዩ። ኣብ ማቴ 26፡28 "ጽዋእ ኣልዒሉ ኣመስጊኑ ድማ ከምዚ እናበለ ሃቦም። እዚ ምእንቲ ብዙሓት ንሕድገት ሓጢኣት ዚፈስስ ዘሎ ናይ ሓድሽ ኪዳን ደመይ እዩ.. " ይብል ። ቅድሚ የሱስ ክርስቶስ ደሙ ምፍሳሱ ዝነበረ ኪዳን (ኣገልግሎት፡ ኩሉ ስርዓት) ብሉይ ኪዳን ወይ ሕጊ ሙሴ ተባሂሉ ይጽዋዕ። እምበኣር ዮውሃንስ ብሕጊ ሙሴ ወይ ከኣ ብመሰረት ስርዓት ብሉይ ኪዳን እዩ ኣገልግሎቱ ዘገልግል ዝነበረ።

ኣገልግሎት ዮውሃንስ የሱስ ክሳዕ ዝግለጽ ነቲ ህዝቢ ጥምቀት ንስሓ እናሰበኸ ብማይ እናኣጥመቐ መገዲ ዝጸረገ ኣገልጋሊ እዩ

ነይሩ። ማር 1፡4-5 "ከምኡ ኸኣ ዮውሃንስ ኣብ በረኻ እናኣጥመቐ ንሕድገት ሓጢኣት ዚኸውን ጥምቀት ንስሓ እናሰበኸ መጸ። ብዘላ ሃገር ይሁዳን ኩሎም ሰብ የሩሳሌምን ናብኡ ይወጹ፡ ብሓጥኣቶም እናተናዘዙውን፡ ኣብ ርባ ዮርዳኖስ ብእኡ ይጥመቑ ነበሩ" ይብል። እዚ ዮውሃንስ ብማይ እናኣጥመቐ ዝፈጸሞ ግብሪ ክህንነት ኣብ ሕጊ ብማይ ይነጽሁ ከም ዝነበሩ ቃል ኣምላኽ ይነግረና። ሓደ እዋን እግዚኣብሄር ኣምላኽ ንሙሴ እቲ ህዝቢ ብማይ ተሓጺቡ ክቕደስ ኣዚዝዎ። ኣብ ዘጸ 19፡11 "እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ በሎ፡ እግዚኣብሄር በታ ሳልሰይቲ መዓልቲ ኣብ ቅድሚ ኹሉ ህዝቢ ኣብ ከረን ሲና ኺወርድ እዩ እሞ፡ ናብቶም ህዝቢ ኺድ ሎምን ጽባሕን ቀድሶም፡ ክዳውንቶም ከኣ ይሕጸቡ። ነታ ሳልሰይቲ መዓልቲ ይዳለው" ይብል። ከምኡውን ዘጽ 29፡4 "ንኣሮንን ንደቁን ናብ ኣፍ ደንኳን ምርኻብ ኣቕርቦም፡ ብማይ ድማ ሕጸቦም" ይብል። ኣብዚ ስፍራዚ ሰባት ምስ እግዚኣብሄር ቅድሚ ምርኻቦም ብማይ ክሕጸቡ ሕጊ ከም ዝነበረ ንርኢ። እዚ ምንጻህ ዝብሎ ካብ ርስሓትን ደሮናን ዘይኮነስ ካብ ሓጢኣት ምኳኑ ርዱእ ኢዩ ። እዚ ከኣ ንስሓ የመልክት። እቲ ዮውሃንስ ብንስሓ ዘጥምቖ ዝነበረ ናይ ጥምቀት ኣገልግሎት የሱስ ክርስቶስ ክግለጽ ስለ ዝኾነ ነቲ ህዝቢ ንምንጻህን ንምድላውን እዩ።

እምበኣር ኣገልግሎት ዮውሃንስ መጥመቕ ብመሰረት ሕጊ ሙሴ ወይ ስርዓት ብሉይ ኪዳን ስለ ዝነበረ ኣገልግሎቱ ንኣይሁድ እምበር ንኣህዛብ ኣይነበረን። ስለዚ ጥምቀት ዮውሃንስ ናዓና ኣገዳስነት የብሉን። ምኽንያቱ ሕጊ ሙሴ ክርስቶስ ክሳዕ ዝግለጽ ጽላሎት ሓድሽ ኪዳን እዩ ነይሩ። የሱስ ምስ መጸ ግና ፍጻሜ ናይ ሕጊ ኮይኑ ደሙ ኣፍሲሱ ስለዝኾነ ሎሚ ብማይ ዘይኮነ ሓጢኣትና ዝነጽህ ብደም የሱስ ክርስቶስ እዩ። 1ዮው1፡7 "ከምቲ ንሱ ኣብ ብርሃን ዘሎ ኣብ ብርሃን እንተ ተመላለስና ግና ንሓድሕድና ሕብረት ኣሎና፡ ደም የሱስ ክርስቶስ ወዱውን ካብ ኩሉ ሓጢኣት የንጽሃና እዩ"ይብል። ግብ 19፡3-4 "ንሱ ኸኣ ብኣየናይ ጥምቀት ደኣ ተጠመቕኩም በሎም። ንሳቶምውን ብናይ ዮውሃንስ ጥምቀት በልዎ። ሽዑ ጳውሎስ ዮውሃንስሲ በቲ ድሕሪኡ ዝመጽእ ማለት ብየሱስ ክርስቶስ ክኣምኑ፡ ነቶም ህዝቢ እናነገረ ጥምቀት ንስሓ እዩ ዘጥመቐ በሎም። እዚ ምስ ሰምዑ ብስም ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ተጠምቁ" ይብል። ኣብዚ ቦታ'ዚ እንተርኢና ነቶም ስዓብቲ ክርስቶስ የሱስ ጥምቀት ዮውሃንስ ኣገዳስነት ከም ዘይብሉ ኢና ንርኢ ዘሎና።





የሱስ ክርስቶስ ብማይ ምጥማቑ ግና ሓጢኣት ስለ ዝነበሮ ኣይኮነን፡ እኳ ደኣ እቲ ንኹሉ ዘጥምቕ ዝነበረ ዮውሃንስ ብየሱስ ክጥመቕ ለሚንዎ። ማቴ3፡13 "ሽዑ የሱስ ብየውሃንስ ክጥመቕ ካብ ገሊላ ናብ ዮርዳኖስ መጸ። ዮውሃንስ ግና ንኣይ ብኣኻ ምጥማቕ የድልየኒ ንስኻዶ ናባይ ትመጽእ ኢሉ ኣበዮ። የሱስ ከኣ፡ ኩሉ ጽድቂ ኽንፍጽም ይግብኣና እዩ እሞ ሕጂስ ይኹን ደኣ ሕደግ፡ ኢሉ መለሰሉ። ድሕሪዚ ፈቐደሉ።" ኣብዚ ስፍራዚ የሱስ ክንሳሕ ኣይንርእዮን ኢና። ክእዘዝ ግና ንርእዮ። ክርስቶስ ብመንፈስ ቅዱስ ወዲ ኣምላኽ ክነሱ ብስጋ ግና እስራኤላዊ ስለ ዝነበረ የሱስ ከም ሓደ እስራኤላዊ ክጥመቕ ተገብኦ። ስለዚ ድማ እዩ ጽድቂ ክንፍጽም ይግብኣና እዩ ዝበለ። እንተ ዘይጥመቕ ግና ከምቶም ፈሪሳውያን ዝተነቐፉ ምተነቐፈ. ሉቃ 7፡29-30 "ኩሎም ህዝብን ተገውትን ሰሚያም ብጥምቀት ዮውሃንስ ተጠሚቖም ንኣምላኽ ኣጽደቕዎ። ፈረሳዊያንን ፈለጥቲ ሕግን ግና ብእኡ ኣይተጠምቁን እሞ ነቲ ኣምላኽ ዝመኸረሎም ምኽሪ ነዐቕዎ" ይብል።

## 2. ናይ ኣካል ጥምቀት

እቲ ቅድሚ 2 ሽሕ ዓመት ብጐይታ የሱስ ክርስቶስ ምኽንያት ኹሉ ህዝቢ ኣብ መስቀል ዝተፈጸመ ታሪኻዊ ሓቂ ማለት ሞቱን ቀብሩን ትንሳኤኡን ምስ ናይ ኣካል ጥምቀት ከመይ ኢሉ ከምዝመሳሰል በዚ ዝስዕብ ቀዳማይ ኣዳምን ዳሕረዋይ ኣዳምን ዝብል ሓሳብ ክንርኢ ኢና።

ሀ. ቀዳማይ ኣዳም፡ ተባሂሉ ዘሎ እቲ ንኹሉ ሰብ ሓጢኣት ዘመሓላለፈ ምድራዊ ሰብ ኢዩ። 1ቆረ 15፡47 "እቲ ቐዳማይ ሰብ ካብ ምድሪ ኾይኑ መሬታዊ እዩ፡ እቲ ካልኣይ ሰብ ካብ ሰማይ እዩ" ይብል። ቀዳማይ ኣዳም ንኹሉ ሰብ ሓጢኣትን ሞትን ኣማሓላሊፉ ክንብል ከሎና፡ ኣዳም ትእዛዝ ክፍርስ ከሎ ማለት ነታ ኣም በለስ ክበልዓ ከሎ ኩሉ ወዲ ሰብ ካብ ኣዳም ዝተወልደ ዘሎ ምስ ኣዳም ኮይኑ ነታ ኣም በሊዑ ትእዛዝ ኣምላኽ ኣፍሪሱ እዩ። እዚ ማለት ኣዳም ነታ ኣም ክበልዓ ከሎ ኩሉ ዘርኢ ወዲ ሰብ ኣብ ሕቖ ኣዳም እዩ ነይሩ። ነዚ ክረዳእና ዝኽእል ጥቕሲ እብ 7፡9-10 "እዚ ምባለይ ከኣ ከምዚ እዩ ሌዊ እቲ ተቐባል ዕሽር እኳ ብኣብርሃም ገይሩ ዕሽር ሃበ፡ ማለት

መልከጼዴቕ ንኣብርሃም ኪራኽቦ ኸሎ፣ ሎዊ ገና ኣብ ሕቖ ኣቦኡ እዩ ዝነብረ" ይብል። ኣብዚ ክነስተውዕሎ ዝግብኣና ነቲ ኩሉ ኣብ ሕቖ ኣዳም ኮይኑ በዲሉ ዝብል ሓሳብ እዩ ዘረደኣና።

<u>ለ. ዳሕረዋይ ኣዳም</u>፣ እዚ ዳሕረዋይ ኣዳም እዚ ጐይታና የሱስ ክርስቶስ እዩ፣ 1ቆረ 15፡45-47 "ከምኡ ድማ እቲ ቀዳማይ ሰብ ኣዳም ህያው ነፍሲ ኾነ፣ ዚብል ጽሑፍ እዩ፣ እቲ ዳሕራይ ኣዳም ህያው ዝገብር መንፈስ ኰነ። ግናኸ ቅድም እቲ ነፍሳዊ እዩ እምበር፣ እቲ መንፈሳዊ ኣይኮነን፣ ደሓር እቲ መንፈሳዊ እዩ። እቲ ቀዳማይ ሰብ ካብ ምድሪ ኾይኑ መሬታዊ እዩ፣ እቲ ኻልኣይ ሰብ ግና ካብ ሰማይ እዩ" ይብል። ዕላማ ጐይታ የሱስ ክርስቶስ ካብ ሰማይ ንምድሪ ምምጽኡ ነቲ ብምኽንያት ሓጢኣት ኣብ ትሕቲ ፍርዲ ቑጥዓ እግዚኣብሄር ዝነበረ ኩሉ ሰብ ካብ ናይ ዘልኣለም ፍርዲ ሓራ ንኸውጽእ እዩ። እዚ ከኣ ቅድሚ ክልተ ሽሕ ዓመት ኣብ መስቀል ተሰቒሉ ሞይቱ ተቐቢሩ ብሳልስይቲ መዓልቲ ተንሲኡ በዚ መንገዲ እዚ ከኣ ንኹሉ ሰብ ሓራ ገይርዎ።

የሱስ ኣብ መስቀል ክስቐል ከሎ ሓጢኣት ኩሉ ሰብ ወሲድዎ ንኹሉ ሰብ ከኣ ካብ ፍርዲ ሓራ ገይርዎ። ከምቲ ኣብ ሕቖ ኣዳም ኮይኑ ኩሉ ሰብ በዲሉ ዝብል ዝርኣና ከምኡ ከኣ የሱስ ክርስቶስ ኣብ መስቀል ክስቀል ከሎ ኩሉ ሰብ ምስኡ ከም ዝተሰቅለን ከም ዝሞተን መጽሓፍ ቅዱስ ይነግረና። ሮሜ 6፡9 "እቲ ካብ ሞውታት ዝተንስኤ ክርስቶስ መሊሱ ከም ዘይመውት፣ ሞትውን ኣብኡ ከምዘይመልኽ ፈሊጥና፣ ንሕና ምስ ክርስቶስ ካብ ሞትናስ ምስኡ ድማ ብህይወት ከም እንነብር ንኣምን ኣሎና" ይብል። ኣብ ገላ 2፡19 "ኣነስ ንኣምላኽ ብህይወት ምእንቲ ኽነብር፣ ካብ ሕግስ ብሕጊ ሞትኩ። ምስ ክርስቶስ ተሰቒልኩ" ይብል። እዚ ማለት ከኣ እቲ ኣብ ልዕሊ ኩሉ ሰብ ኣንጠልጢሉ ዝነበረ ፍርዲ የሱስ ስለ ዝተፈርዶ ሕጂ ብወገን እግዚኣብሄር ፍርዲ ዘይኮነስ ናይ ምሕረት ደገ እዩ ተኸፊቱ ዘሎ። ኩሉ ሰብ ኣብ መስቀል ተማሒሩ እዩ። ነስተውዕል ከምቲ ካብ ኣዳም ዝተወልደ ዘበለ ኩሉ ብምኽንያት ሓጢኣት ሞትን ፍርዲን ኣብ ልዕሊኡ ዝሓለፈ፣ ኩሉ ምስሊ ኣዳም ማለት ምስሊ እቲ መሬታዊ ዝለበሰ ከምኡ ከኣ እቶም ብክርስቶስ የሱስ ኣሚኖም ካብ ክርስቶስ የሱስ ብእምነት ዝተወልዱ ሓርነት፣





ጽድቂ ኩሉ ባህሪያት እግዚኣብሄር ማለት ምስሊ እቲ ሰመያዊ ይወርሱ። ህይወት ክርስቶስ የሱስ እውን የንጸባርቑ፣ ዋላ እኳ ኩሉ ሰብ ኣብ መስቀል ተሰቂሉ ምሕረት ተገይርሉ ይኹን እምበር እቲ ዕዮ መስቀል ዝሰርሕስ ኣብቶም ብክርስቶስ የሱስ ኣሚኖም ዝተወልዱ ጥራሕ እዩ።

<u>ትግባረ ናይ ኣካል ጥምቀት</u>

ነቲ ኩሉ ሰብ ምስ ክርስቶስ ተሰቒሉ ሞይቱ ዝብል ኣቐዲምና ዝረኣናዮ ሓሳብ ትግባረኡ ኣብ ሰባት ከውን ዝኸውን፣ ዝኾነ ሰብ የሱስ ክርስቶስ ስልኡ ከም ዝተሰቕለን ከም ዝሞተን ከም ዝተንስኣን ምስ ዝኣምን በታ ንክርስቶስ የሱስ ክስዕብ ብሙሉእ ልቡ ዝወሰነሉ መዓልትን ሰዓትን ብሓይሊ መንፈስ ቅዱስ ዳግም ይውለድ። ሓድሽ ፍጥረት ይኸውን እሞ መንፈስ ቅዱስ ባዕሉ ኣብ ስጋ ክርስቶስ የሱስ የጥምቖ። 1ይቆረ፡12፡13 "ኣይሁድ ወይ ጽርኣውያን፣ ባሮት ወይስ ጭዋታት እንተ ኾንና፣ ንሕና ኹላትና ሓደ ስጋ ምእንቲ ኽንከውንሲ፣ ብሓደ መንፈስ ተጠሚቕና ኢና እሞ፣ ሓደ መንፈስ ሰቴና" ይብል። እቲ ኣብ ሮሜ 6፡7ን 8ን ተጠቒሱ ዘሎ እቲ ካብ ምውታት ዝተንስኤ የሱስ መሊሱ ከም ዘይመዉት ሞትውን ኣብኡ ከም ዘይመልኽ ንዘልኣለም ህያው ኮይኑ ዝነብር ከምኡ ኸኣ እቲ ብክርስቶስ የሱስ ዝኣመነ ጥራሕ ምስኡ ይትንስእ። ብእምነት ህያው ኮይኑ ይነብር ሞት'ውን ኣብኡ ኣይመልኽን። ቆሎ2፡12 "ብጥምቀትውን ምስኡ ተቐበርኩም፣ ብግብሪ እቲ ካብ ሙውታት ዘተንስኦ ኣምላኽ ድማ ምስኡ ተንሳእኩም" ይብል። ነስተውዕል ዋላኳ ኩሉ ሰብ ምስ ክርስቶስ ተሰቂሉ ሞይቱ እንተኾነ እቲ ምስ ክርስቶስ የሱስ ዝትንስእ ዳግም ዝተወልደ ጥራሕ እዩ፣ እዚ ማለት ድማ ነቲ ቅድሚ 2 ሽሕ ዓመት ዝተፈጸመ ትንሳኤ የሱስ ክርስቶስ ሕጂ በታ ዝኾነ ሰብ ዝኣመነላ መዓልትን ሰዓትን መንፈስ ቅዱስ ባዕሉ ምስ ክርስቶስ ካብ ሞት የተንስኦ፣ ከምቲ ክርስቶስ ናብ ሰማይ ዝዐረገ እሞ ኣብ የማን ኣምላኽ እተቀመጠ ከምኡ ድማ መንፈስ ቅዱስ ነታ ዝደሓነት ነፍሲ ምስኡ የዕርጋ ኣብ የማን ኣምላኽ ምስ ክርስቶስ የሱስ ኣብ ኣካል ክርስቶስ የሱስ የጠምቓ (የቐምጣ)

ኤፌ2፡6-7 "ምስኡውን ኣተንስኣና፣ ኣብቲ ዝመጽእ ዘመናት ብሕያውነቱ እቲ ብሉጽ ሃብቲ ጸጋኡ ብክርስቶስ የሱስ ኣባታትና

ምእንቲ ኼርኢ፣ ኣብ ሰማያት ብክርስቶስ የሱስ ምስኡ ኣቐመጠና" ይብል። ቆሎ3፥3 "መዊትኩም ኢኹም፣ እታ ህይወትኩም ድማ ምስ ክርስቶስ ኣብ ኣምላኽ ተሰዊራ ኣላ እሞ" ይብል። ነታ ዝኣመነት ነፍሲ ኣብ ክርስቶስ የሱስ ዝሰወራ መንፈስ ቅዱስ እዩ። እዚ ምስዋር ዝብል ምጥማቕ ዝብል ሓሳብ እዩ ዘመልክት። ምኽንያቱ ጥምቀት ማለት ከምቲ ኣቀዲምና ዝረኣናዮ ምቕባር፣ ምስዋር፣ ምሽፋን፣ ማለት ስለዝኾነ። እቲ ኣብ ኤፌ4፥4-5 "ከምቲ ብሓንቲ ተስፋ ጽውዓኹም እተጸዋዕኩም ድማ፣ ሓደ ስጋን ሓደ መንፈስን እዩ። ሓደ ጐይታ፣ ሓንቲ እምነት፣ ሓንቲ ጥምቀት፣ ዝብልን ከምኡውን እቲ ኣብ ገላ 3፥27 ዘሎ "ብክርስቶስ እተጠመቕኩም ዘበልኩም ንክርስቶስ ለቢስኩምዎ እሞ፣ ብእምነት ብየሱስ ክርስቶስ ኩላትኩም ውሉድ ኣምላኽ ኢኹም" ዝብልን ነቲ መንፈስ ቅዱስ ኣብ ኣካል ክርስቶስ ወይ ስጋ ክርስቶስ ዘጠምቖ ጥምቀት እዩ ዘመልክት። ዝኾነ ሰብ እዚ ናይ ኣካል ጥምቀት ዘይብሉ ህይወት የብሉን፣ መንግስቲ ኣምላኽውን ኣይወርስን እዩ፡፡ ኩሉ መንገዱ ክንቱ እዩ ንኣብነት ከም ድራር ጐይታ (ቅዱስ ቑርባን) ከምኡውን ጥምቀት ማይ. . ወዘተ ዝኣመስሉ መንፈሳዊ ስርዓት እኳ እንተፈጸመ ሓንቲ ኣይጠቅሞን እዩ። እዚ ድራር ጐይታን ማይ ጥምቀትን ነቲ ኣብ ሰማይ ምስ ክርስቶስ የሱስ ዘሎካ ሕብረት ኣብዛ ምድሪ ዘንጸባርቕ ቅዱስ ስርዓት ጥራይ እምበር ቅድሚ ናይ ኣካል ጥምቀት ወይ ምድሓን ዝፍጸም ስርዓት ኣይኮነን። እቲ ናይ ኣካል ጥምቀት ዝብል ትምህርቲ ነዚ ይመስል።

## *3) ናይ ማይ ጥምቀት*

ስርዓት ማይ ጥምቀት የሱስ ክርስቶስ ካብ ምውታት ምስተንስአ ነቶም ብስሙ ዝኣመኑ ኩሎም ብማይ ክጥመቑ ከምዘለዎም ዝሃቦ ንጉሳዊ ትእዛዝ እዩ። ማቴ 28፥18-30 "የሱስ ቀሪቡ ከምዚ ኢሉ ተዛረቦም ኣብ ሰማይን ኣብ ምድርን ኩሉ ስልጣን ተዋሂብኒ ኣሎ ስለዚ ኪዱ ንኹሎም ኣህዛብ ብስም ኣቦን ወድን መንፈስ ቅዱስ እናኣጥመቕኩም ዝኣዘዝኩኹም ኩሉ ኽሕልው ካኣ እናኣምሃርኩም ደቂ መዛሙርቲ ገበርዎም። እነሆ ድማ ክሳዕ መወዳእታ ዓለም ኩሉ ምዓልቲ ምሳኻትኩም እየ"ይብል። እዚ ስርዓት ጥምቀት ማይ ጎይታ የሱስ ክርስቶስ ነቶም ንማሕበሩ ክመርሑ ስልጣን ዝሃቦም ሃዋርያት፣ ወንገላውያን፣ ጓሶት፣ መምሃራን፣ ነዞም ዳግም ዝተወልዱ መንግስቲ ኣምላኽ ከምዝወርሱ





ርግጽነት ዘለዎም ዘይጠራጠሩ እዩ ንኽጥምቁ ትእዛዝ ዝሃበ እምበር ነቶም መራሕቲ ኢና (ካህናት ኢና) ባሃልቲ ዳግም ዘይተወልዱ ሕጂ እንተሞቱ መንግስቲ ኣምላኽ ከም ዝወርሱ ርግጽነት ዘይብሎም መራሕትስ ትእዛዝ ኮነ ስልጣን ኣይሃቦምን።

እዚ ኣብ ማቴ 28፥18 ተጠቂሱ ዘሎ ክሳዕ መወዳእታ ዓለም ኩሉ መዓልቲ ምሳኹም ኣለኹ ዝብል ንማሕበር ይዛረብ ከምዘሎ የመልክት። ምኽንያቱ ሃዋርያት የለውን፣ ማሕበሩ ግን ክሳዕ መወዳእታ ዓለም ስለ ትጸንሕ ክሳዕ ሕጂ ኣላ። ከምኡውን ኣብ ማቴ 28፥18 የሱስ ክርስቶስ ነቶም መራሕቲ ማሕበሩ ብስም ኣቦን ወድን መንፈስ ቅዱስን ኪጥምቑ ስለዝኣዘዘ፣ እቲ ብማይ ዝጥመቅ ሰብ ብስም ኣቦን ወድን መንፈስ ቅዱስን ኢዩ ክጥመቅ ዘለዎ። እዚ እቲ ቀዳማይ ትእዛዝን ቀንድን ኢዩ። ኣብ ግብሪ ሃዋርያት እንተ ሪኢና ግና " ምስ ኣመኑ ብስም የሱስ ተጠመቁ" ዝብል ብተደጋጋሚ ንርኢ ኢና፡፡ እዚ ድማ ገለገለ ሰባት ሃዋርያት ስለምንታይ ከምቲ ዝተኣዘዝዎ ብስም ኣቦን ወድን መንፈስ ቅዱስን ዘየጥመቀ፤ ብስም የሱስ ጥራይ ኢሎም ዘጥምቁ ዝነበሩ ዝብል ገለገለ ሕቶታት ክልዓል ይኽእልኢዩ። ኣብዚ ክንርድኦ ዘለና ግና እዞም ኣብ ግብሪ ሃዋርያት ዘለው ብስም የሱስ ተጠሚቆም ዝብሎም ኩሎም ኣይሁድ እዮም። ኣይሁድ ድማ ብዛዕባ ኣቦን መንፈስ ቅዱስን ምሉእ ርዲኢት ኢዩ ዘለዎም፣ ዋላ ሓንቲ ሕቶ የብሎምን። እቲ ጸገሞም ግና ኣምላኽነት (ጐይትነት) የሱስ ክርስቶስ ኢዩ። ንየሱስ ክርስቶስ ከም ተራ ሰብ ድኣንበር ከም ጎይታን መድሓንን ንኽቕበልዎ ኣዝዩ እዩ ኪቢድዎም ዝነበረ። ነስተውዕል ኣይሁድ ንየሱስ ክርስቶስ ከም ጐይታን መድሓንን ክቕበልዎ እንከለው ብዛዕባ ኣቦን መንፈስ ቅዱስን ከኣ ምሉእ ርዲኢት ስለዝለዎም ስለዚ'ዮም ሃዋርያት ንኣይሁድ ብስም የሱስ ጥራሕ ዘጥምቅዎም ዝነበሩ።

## *ትርጉም ማይ ጥምቀት*

ዝኾነ ሰብ ቅድሚ ብማይ ምጥማቁ ብክርስቶስ ኣሚኑ ዳግም ከምዝተወልደ ከረጋግጽ ይግብኦ። ምኽንያቱ ማይ ጥምቀት ናይቲ በተሓሳሰባ ሰባት ክንርድኦ ዘይንኽእል ምስ ኣመንና ብመንፈስ ቅዱስ ኣብ ውሽጢ መንፈስና ዝፍጸም ሓቀኛ ፍጻሜ እዩ፣ እዚ ማለት ድማ ነቲ ዝኣመነ ሰብ መንፈስ ቅዱስ ካብ ሞት ምስ የሱስ ኣተንሲኡ ኣብ የማን ኣምላኽ ኣብ ስጋ የሱስ ዘጠመቖ

ጥምቀት ወይ ናይዚ አቖዲሙ ብመንፈስ ኣብ ውሽጥና ዝተፈጸመ ሓቀኛ ፍጻሜ ደጋዊ መግለጺ እዩ። ምኽንያቱ እቲ ዝጥመቅ ሰብ ምስ የሱስ ከም ዝተቀብረን ብሓድሽ ህይወት ክመላለስ ከአ ምስኡ ከም ዝተንስአን ንዓለም ርእሱ ዝገልጸላ(ዝምስክረላ) ወይ ድማ ኣብ ቅድሚ ኩሉ ሰብ ዝእመነሉ ስርዓት ኢዩ።

ሮሜ 6፥3-5 "ወይስ ብክርስቶስ የሱስ እተጠመቅና ዘበልና ኩላትና ብሞቱ ከምእተጠመቕናዶ ኣይትፈልጥኑ ኢኹም። እምባኣርሲ ክምቲ ክርስቶስ ብክብሪ ኣቡኡ ካብ ምውታት ዝተንስአ ከምኡ ካአ ንሕና ብሓደሽ ህይወት ምስኡ ምእንቲ ክንመላለስ ናብ ሞት ብጥምቀት ምስኡ ተቀበርና ሞትና ንሞቱ መሲሉ ሕቡራቱ እንተ ኮንናስ ኸምኡ ኸአ ብትንሳኤኡ ክንሓብሮ ኢና" ይብል።

## ጥቕሚ ማይ ጥምቀት

ማይ ጥምቀት ካብ መንፈሳዊ ምንዝርና(ኣምልኾ ጣኦት) ይፈልየና።ኣምልኾ ጣኦት ዝበሃል ብየሱስ ክርስቶስ ኣሚኑ ዳግም ዘይተወልደ ሎሚ እንተሞተ መንግስቲ ኣምላኽ ክም ዝወርስ ርግጸኛት ዘይብሉ ዝክተሎ ኩሉ መንፈሳዊ ስርዓት ምስልን ስእልን ይሃልዎ ኣይሃልዎ ኣምልኾ ጣኦት ተባሂሉ ይጽዋዕ። መንፈሳዊ ምንዝርና ዝብሃል ድማ ሓደ ኣማኒ ነቲ ቅድሚ ንክርስቶስ ምቅባሉ ህይወት ክሀቦ ዘይክኣለ መንፈሳዊ ስርዓት ግጉይ ምዃኑ እናፈለጠ ምስኡ ምስ ዝሓብርን ኣምልኾ ምስ ዝፍጽምን መንፈሳዊ ዝሙት ተባሂሉ ይጽዋዕ። ነስተውዕል ኣምልኾ ኣብ ክልተ ኢዩ ዝከፈል። ንሱ ድማ ወይ ንኣምላኽ ወይ ንሰይጣን እዩ። እግዚኣብሄር ዘይቅበሎ ኣምልኾ ሰይጣን ኢዩ ዝቅበሎ። እግዚኣብሄር ዝቅበሎ ኣምልኾ ካብቶም ብስም የሱስ ክርስቶስ ኣሚኖም ዳግም ዝተወልዱ ብመንፈስን ብሓቅን ዝሰግዱሉ ሰገድቲ ጥራሕ እዩ። ዮሃ 4፥24 "ኣምላኽ መንፈስ እዩ እቶም ዝሰግድሉ ድማ ብመንፈስን ብሓቅን ክሰግድሉ ይግባእ። ኣቦ ከምዚ ዝበለ ሰገድቲ እዩ ዝደሊ እሞ እቶም ናይ ሓቂ ሰገድቲ ነቦ ብመንፈስን ብሓቅን ዝሰግድሉ ሰዓት ክትመጽ እያ ንሳ ኻአ ሕጂ እያ" ይብል።





ሓደ ኣማኒ ብክርስቶስ ኣሚኑ ብማይ ጥምቀት ዝተጠመቐ እተደአ ኾይኑ ምስቲ እግዚኣብሄር ዘይቅበሎ ስርዓት ኣምልኾ ንኽሓብር እቶም ዳግም ዘይተወልዱ መራሕቲ ሃይማኖት ስርዓት ኣምልኾኦም ንኽፍጽምሉ ፍቃደኛታት ኣይኮኑን። ሓደ ኣሚኒ ብመንፈስ ቅዱስ ዝተመልአ ከምኡውን ውህበታት ጸጋ መንፈስ ቅዱስ ከም ትንቢት ፈውሲ ወዘተ. . እኳ እንተሃለዎ ብማይ እንተ ዘይተጠመቀ ግና ናይ ግድንዩ ናብቲ ህይወት ዘይህቦ ዘይኣምነሉ ሃይማኖት ክሓብር፡ እቶም ዳግም ዘይተወልዱ መራሕቲ ሃይማኖት ኸአ ስርዓት ኣምልኾኦም ንኽፍጽምሉ ፍቃደኛታት እዮም። ብማይ ስለ ዘይተጠምቀ ይቅበሉዎ ማይ ጥምቀት እንተደአ ተጠሚቑ ግና ፍጹም ኣይቅበልዎን እዮም። እምበኣር ማይ ጥምቀት ካብ መንፈሳዊ ምንዝርና ኣምላኽ ዘይቅበሎ ስርዓት ንኽይትፍጽም ዝፈሊ ቅዱስ ስርዓት እዩ። ክምቲ ብክርስቶስ የሱስ ምስ ኣመንና፡ መንፈስ ቅዱስ ኣብ ሰማያት ኣብ ኣካል ክርስቶስ ዘጠመቀና ኣባላት ሰግኡ ዝኾና፥ ምስዛ ኣብዚ ምድሪ ዘላ ማሕበር ብማይ ተጠሚቕና ኢና ኣባላት ንኸውን። እዚ ቅዱስ መንፈሳዊ ስርዓት በቶም ዳግም ዝተወልዱ ኣገልገልቲ ኢዩ ክፍጽም ዝግባእ። ብማይ ዘይተጠምቐ ኣማኒ ግና እዛ ኣብዚ ምድሪ ዘላ ማሕበር ክርስቶስ ቅዱስ ስርዓት ኣይትፍጽመሉን እያ። ኣብዚ ምድሪ ማሕበር ክርስቶስ እትፍጽሞ ቅዱስ ስርዓት ንብሎ ዘሎና ከም ቅዱስ ቁርባን፡ ስርዓት ቀብሪ፥ መርዓ፥ ምውፋይ ህጻን ወዘተ .. ..ዝኣመሰሉ እዮም። ነዚ ማይ ጥምቀት ካብቲ ግጉይ ሃይማኖታዊ ስርዓት ኣምልኾ ጣኦት ይፈልየና ኢልና እንዛረበሉ ዘለና ክረድኣና ዝኽእል ገለገል ጥቕስታት ክንርኢ ኢና።

1ጴጥ 3፥20-21 "ትዕግስቲ ኣምላኽ ብመዓልታት ኖህ ምስ ተጸበየት እታ መርከብ ክትስራሕ ከላ ብእኣ ሒደት ማለት ሸሞንተ ነፍሲ ብማይ ዝደሓናላ ነቶም ቀደም ዘይኣመኑ ሰበኸሎም እቲ ማይ ድማ ሕጂ ብተምሳሉ ማለት ጥምቐት የድሕነኩም ኣሎ።.. .." ይብል። እታ ቀዳመይቲ ዓለም ብማይ ኣይሂ ክትጠፍእ ዝገበራ ቀንዲ እቶም ኣብቲ ዘመን እቲ ንእግዚኣብሄር ዝስዕቡ ዝነበሩ ዘርኢ ሴት ንዕኡ ሓዲጎም ምስ ኣምልኾ ጣኦት ናይ ደቒ ቓኤል ስለዝሓበሩ ኣዝዮም ክፉኣት ኮይኖም። ኣብቲ ግዚቲ ኖህ ጥራሕ እዩ ንኣምላኽ ዝስዕብ ዝነበረ። እግዚኣብሄር ክአ ካብቲ ኣምልኾ ጣኦት ዝበዝሖ ቄናን ጠዋይ ወለዶ ኖህን ሰበይቱን ደቁን ኣንስቲ ደቁን ሓንሳእን ንሓዋሩን ብማይ ተፈልዮም (ተጠሚቆም ድሒኖም ።) ስለዚ

ድማ እዩ ጴጥሮስ ከምቲ ኖህ ካብቲ ኣምልኽ ጣኦት ዝበዝሖ ዓለም ብማይ ዝተፈልየ ከምኡ ካኣ ተምሳል እዚ ማይ ጥምቀት ካብ ኣምልኽ ጣኦት የድሕነኩም ኣሎ ዝበሎ። እንበኣር ማይ ጥምቀት ካብ ኣምልኽ ጣኦት ከምዘድሕነና እዩ ገሊጽዎ ዘሎ። ከምኡ ውን ኣብ ግ.ሃ 2፡40 "ካብዚ ቄናን ወለዶዚ ድሓኑ እናበለ ኸኣ ብዙሕ ካልእ ቃል መስከርሎምን መዓዶምን እቶም ሽዑ ዘረባኡ ባህ ኢሉዎም እተቀበሉ ተጠምቁ.. "ይብለና። እዚ ቄናን ጠዋይን ወለዶ ዝብሎ ዘሎ ነቶም እግዚኣብሄር ዝፍንፍኖ ስርዓት ሃይማኖት ዝኽተሉ እዩ። ምኽንያቱ ንስባት መንግስቲ ኣምላኽ ንኽይኣትው ሰይጣን ዝጥቀመሉ ከቢድ ሰንሰለት ሃይማኖት ኢዩ። ኣብዚ ኣብ ግ.ሃ ዝርኣንዮ ኸኣ ነቲ ዝኽተልዎ ዝነበሩ ስርዓተ ሃይማኖት ሓዲጎም ብማይ ተጠሚቆም ናብቲ እብዚ ምድሪ ዝነበረት ማሕበር ክርስቶስ እባላት ከምዝኾኑ ከም (ዝተጸንበሩ) ቃል ኣምላኽ ይነግረና። ማይ ጥምቀት እምበኣር ኣገዳሲ እዩ። ከምቲ ገሊኦም ተጠሚቕካ ኣይተጠሚቕካ ኩሉ ሓደ እንታይ እሞ ይጠቅም ዝብልዎ ኣይኮነን። ነዞም ከምዚ ዝብሉ ጴጥሮስ ኣብ 1ይ መልእኽቱ 3፡21 ማይ ጥምቀት ዘድሕን ኢዩ እምበር ምሕጻብ ርስሓት ስጋስ ኣይኮነን ብምባል መንፈሳዊ ሓይሊ ወይ (ሚስጢር) ከም ዘለዎ ይገልጸልና።

ካብ ስጋውያን ምኽን ወይ ዓለማውነት ክፈልየና ዝኽእል መንፈስና እናዓበየ ብርሃንና ከኣ እናወሰኸ ምስ ዝኸይድ ጥራሕ እዩ እንበር ብማይ ምጥማቕናሲ ካብ ዓለም ኣይፈልየናን እዩ። ንኣብነት ብማይ ዝተጠመቐ ሰብ ግናኸ መንፈሳዊ ዕቤት ዘይብሉ እንተደኣ ኮይኑ ኩሉ ግዜ ዓለማዊ ትምኒት ከም ዘሸግሮ ርዱእ እዩ። ዝኾነ ሓጢኣት ምስ ዝጠብቀና ድማ ካብ ሓጢኣትና ብደም ክርስቶስ ኢና እንጸሪ (እንድሕን) እምበር ብማይ ጥምቀትሲ ኣይኮንና። ማይ ጥምቀት ሓጢኣት ክጽሪ ዝኽእል እንተዝኸውን ኔሩ ኩሉ መዓልቲ ክንጥመቅ ምተገባኣና ነይሩ።

## ንህጻን ብማይ ምጥማቕ መጽሓፍ ቅዱሳዊ ዶ እዩ?

መጽሓፍ ቅዱስ ህጻናት ብማይ ክጥመቁ ኣይምህረናን እዩ። ምኽንያቱ እቲ ብማይ ዝጥመቕ ብትምህርቲ ጥምቀት ተማሂሩ ኣብ ጽቡቕ ርዲኢት ዝበጽሖን ምስ ክርስቶስ የሱስ ሞይትካ ምትንሳእ ምኽኑ ዝፈልጥን ሰብ ክኸውን ከም ዘለዎ እዩ ዝምህረና እምበር ህጻን ብማይ ክጥመቕስ ኣይምህረናን ኢዩ።





እቲ ህጻን ትምህርቲ ጥምቀት ክመሃርን ምስ ክርስቶስ የሱስ ሞይቱ ተንሲኡ ኢሉ ክኣምን ስለ ዘይክእል ኢዩ። እምበኣር ህጻን ወዲ-ተባዕታይ ኣብ 40 ጓል ኣንስተይቲ ከኣ ኣብ 80 ይጠመቑ ዝብል ትምህርቲ ግጉይ ኢዩ። እቲ ኣብ ዘሌ 12፡2-6 ዘሎ 40 ማዓልቲን 80 ማዓልቲን ዝብሎ ዘሎ ነታ ሰበይቲ ዝምልከት ዳኣ እዩምበር ነቲ ህጻንሲ ኣይኮነን። ኣብ ብሉይ ኪዳን ደቂ ኣንስትዮ ወርሓዊ ዝፈሰን ደም ክረኤ ከሎ ናብ መቅደስ ክይኣትዋ ቅዱስ ነገር ክይትንከፋ ብሕጊ ሙሴ ከልኩላት (ርኹሳት) እየን፣ ዓይኒ ደመን ምስ ነቀጸ (ምስ ጸረየ) ንርኽስተን መታዓረቒ ባረይቶ ኣብ መስውኢ ምስ እቕረባ ከም ዝነጽሃ ቃል ኣምላኽ ይምህረና እምበር ንህጻናት ዝምልከትስ ኣይኮነን።

ኣብ ሓድሽ ኪዳን ግና ካብዚ ሕግዚ ነጻ እየን ። ከምኡውን ኣብ ብሉይ ኪዳን ጥምቀት ኣይነበረን። ጥምቀትሲ ኣብ ሓድሽ ኪዳን ጎይታ የሱስ ክርስቶስ ካብ ምውታት ምስ ተንስኤ ነቶም ሰዓብቱ ጥራይ ክጥመቑ ዝኣዘዞም ስርዓት ኢዩ። ገለገለ ነቲ ኣብ ግብ 16፡15 ልድያ ምስ ድራቤታ ተጠሚቃ ዝብልን ከምኡ ውን ኣብ ግብ 16፡33 እቲ ሓላው እሱራት ምስ ስድራቤቱ ተጠሚቁ ዝብልን እቲ ጴጥሮስ ኣብ ግብ 2፡39 እቲ ተስፋ ንዓኹምን ንደቅኹምን ነቶም ኣብ ርሑቕ ዘለው ኢዩ ዝበሎ ጠቒሶም ህጻን ክጥመቅ ይግቦእ'ዩ ኢሎም ይምህሩ። እዚ ግና ግጉይ ኢዩ። ኣማኒ ሰብ ህጻን እንተ ወለደ ዘርኢ ኣዳም ዘለዎ ኢዩ ዝወልድ እምበር ዳግም ዝተወልደ ህጻንሲ ኣይወልድን እዩ። እምነት ናይ ውልቒ ዳኣዩ ምበር ኣቦስ ስለ ኹሎም ደቁ ኣሚኑ ዳግም ክውለደሎም ኣይክእልን ኢዩ። ክጽልየሎም ይኽእል እዩ። ጸሎቱ ከኣ ንኽኣምኑ ይድግፎም ምስ ኣመኑ ኸኣ ብውልቆም ዳግም ይውለዱ ምስ ተወልዱ ብማይ ይጥመቑ። እምበኣር እዚ ብዛዕባ ልደያን ሓላው እሱራትን ክንርኢ ከለና ህጻን ኣብ ማእከሎም ከምዝነበረ ከምዝተጠመቀ ዝነግረና ንጹር ሓበሬታ የልቦን። ንኣብነት ልድያ ኮነ እቲ ሓላው እሱራት ዕድሚኦም ናይ ንእስነት ዕድመ ከም ዝነበረ እንተዝጠቕስልና ህጻን ኣብ ማእከሎም ኔሩ ክንብል ምኻልና። ካብዚ ሓሊፉ ግና ስድራ ዝብል ቃል ስለ ዝተጠቕሰ ጥራሕ ብግምት ህጻን ነይርዎም ኢዩ ኢልካ ምምሃር ፈጺሙ ግጉይ እዩ።

ከምኡ ኸኣ ካብ ኣብርሃም ዝተወልዱ ብህ፦ናቶም ይግዘሩ ስለዝነበሩ ህጻን ክጥመቕ ይግብኦ ኢዩ ከምቲ እቲ ህጻን

ብእምነት ኣብርሃም ዝተገዝረ እቲ ዝጥመቕ ከኣ ናይ ወሰዱ እምነት ይሕሰበሉ ኢዩ ዝብል ግጉይ ትምህርቲ'ውን ኣሎ። ኣብዚ ክንርድኦ ዘለና ከምቲ እግዚኣብሄር ካብ ኣብርሃም ዝተወልደ ኩሉ ይገዝር ኢሉ ኣዘዘ እሞ ካብ ኣብርሃም ዝውለድ ኩሉ ዝግዝር ዝነበረ ክምኡ ድማ ካብ ጐይታ የሱስ ክርስቶስ ዝተወልደ (ዳግም ዝተወልደ) ኩሉ ብማይ ክጥመቕ ይግባእ፣ እዚ ኢዩ እቲ ቃል ኣምላኽ ዝምህረና ሓቂ። እምበኣር ካብቲ ግጉይ ዝኾነ ትምህርቲ ወጺእና በቲ ቃል ሓቂ ዝኾነ መንገዲ እግዚኣብሄር ክንመላለስ ይግብኣና ኢዩ።

## *4) ጥምቀት መንፈስ ቅዱስ*

ዮሃ 7፡38-39 "ብኣይ ዝኣምን እቲ ጽሑፍ ከም ዝበለ ካብ ከብዱ ርባታት ማይ ህይወት ክውሕዝ ኢዩ ። የሱስ ገና ስለ ዘይከበረ መንፈስ ቅዱስ ኣይወረደን ነበረ እሞ እዚ ብዛዕባቲ እቶም ብእኡ ዝኣመኑ ክቕበልዎ ዘለዎም መንፈስ ኢዩ ዝተዛረበ" ይብል። ብክርስቶስ የሱስ ኣሚኑ ዝዳሓነ ኩሉ ብመንፈስ ቅዱስ ክጥመቕ ይግባእ ወይ (ይኽእል) እዩ። እንተኾነ ግን ሳኣን ርድኢት ብክርስቶስ የሱስ ኣሚኖም ብመንፈስ ቅዱስ ዘይተጠመቁ ሰባት የጋጥሙ እዮም። እዚ ክንብል ከለና ግና መንፈስ ቅዱስ የብሎምን ማለት ኣይኮነን። ምኽንያቱ ሰብ ዳግም ዝውለድ ካብ መንፈስ ቅዱስ ስለዝኾነ። ዮሃ 3፡6 "ካብ መንፈስ እተወልደ መንፈስ እዩ። ካብ ስጋ እተወልደ ኻኣ ስጋ እዩ" ይብል። ከምኡ ውን ኤፌ 1፡13 "ንሸኻትኩም ብእኡ ቃል ሓቂ ናይ ምድሓንኩም ወንጌል ምስ ሰማዕኩም ብእኡውን ምስ ኣመንኩም ብናይ ተስፋ መንፈስ ቁዱስ ተሓተምኩም" ይብል። ኣብ 1ቆረ 6፡20 ድማ "ብዋጋ ተዓዲግኩም ኢኹም እሞ ስጋኹም ቤት መቅደስ እቲ ኣብኻትኩም ዘሎ ካብ ኣምላኽ እተቐበልኩሞ መንፈስ ቅዱስ ምዃኑ ናይ ርእሽኹም ከምዘይኮንኩምዶ ኣይትፈልጡን ኢኹም" ይብል። ኣባ ኣቦ ኢሉ ዝጽውዕ መንፈስ ውልድነት ውን ኣለዎ። እምበኣር እቶም ብክርስቶስ የሱስ ዝኣመኑ እዚ ዝረኣናዮ ዘለዎም እኳ እንተኾኑ ብመንፈስ ቅዱስ ዝተጠመቑ እዮም ግን ክንብል ኣይንኽእልን ኢና። ምኽንያቱ ኣብ ግብ 1፡4-5 "ምሳታቶም ብሓንሳእ ኸሎ ከኣ ዮሃንስ ብማይ ኢዩ ዘጥመቐ ንሸኻትኩም ግና ድሕሪ ቅሩብ መዓልቲ ብመንፈስ ቅዱስ ክትጥመቁ ኢኹም እሞ ነቲ ኻብይ ዝሰማዕክምዎ ተስፋ ኣቦ ተጸበዩ ኢሉ ካብ የሩሳሌም ከይወጹ ኣዘዞም" ይብል።





ግብ 8፡16-17 "ብስም ጎይታና የሱስ ዳኣ ተጠሚቆም ነበሩ እምበር መንፈስ ቁዱስ ገና ኣብ ሓደ ካባታቶም እኳ ኣይወረደን ነበረ እሞ ጴጥሮስን ዮሃንስን ወሪዶም መንፈስ ቅዱስ ምእንቲ ክቕበሉ ጸለዩሎም ሽዑ ኢዶም ኣንበረሎም እሞ መንፈስ ቁዱስ ተቐበሉ" ይብል። ግብ 19፡2-6 "ምስ ኣመንኩምሲ መንፈስ ቅዱስ ዶ ተቀቢልኩም በሎም ኣይፋልናን መንፈስ ቅዱስ ከምዘሎ እኳ ኣይሰማዕናን ኢሎም መለስሉ ጳውሎስ ኢዱ ምስ ኣንበረሎም ከኣ መንፈስ ቅዱስ ናባታቶም ወረደ ሽዑ ብቛንቛታት ተዛረቡ ተነበዩን" ይብል። እዚ ዝረኣናዩ ጽሑፍ ኩሉ ሰብ ብየሱስ ክርስቶስ ኣሚኑ ምስ ዳሓነ ጥምቀት መንፈስ ቁዱስ ከምዘሎ ክፈልጥ እሞ ብመንፈስ ቅዱስ ክጥመቅ ከምዘለዎ ኢዩ ዘረዳኣና።

### ስለምንታይ ብመንፈስ ቅዱስ ንጥመቕ

ብመንፈስ ቅዱስ ክንጥመቅ ዘድልየና ምኽንያት ካብዚ ቀጺልና ሓደ ብሓደ ክንርእዮ ኢና።

### ሀ. ሓይሊ

ሉቃ 24፡49 "እንሆ ኣነ ተስፋ ኣቦ ክስደልኩም ኢየ ንሸኻትኩም ግና ካብ ላዕሊ ሓይሊ ክሳዕ እትለብሱ ኣብ ከተማ የሩሳሌም ጽንሑ በሎም።" እምባኣርከስ ብመንፈስ ቅዱስ ዝተጠምቀ ሰብ ንኽገልግል ሓይሊ የድልዮ። ሃዋርያት ነዚ ሓይሊዚ ቅድሚ ምልባሶም ካብ መራሕቲ ሃይማኖት (ሊቃውንትን ጸሓፍትን ፈረሳውያንን መኳንንትን ) ፈሪሖም ኣብ ገዛ ተዓጽዮም ከምዝነበሩ ኣብ ወንጌል ዮሃንስ 20፡19 ንርኢ። ብመንፈስ ቅዱስ ምስ ተጠምቁ ግና ኣብ ቅድሚ ኩሎም ብትብዓት ክምስክሩን ከገልግሉን ጀሚሮም። ንሞት እኳ ኣይፈርሑን። ንጐይታ የሱስ ተኣሚኖም ሓሊፎም። ግብ 1፡8 "መንፈስ ቅዱስ ናባኻትኩም ምስ ዝወርድ ግና ሓይሊ ክትቕበሉ ኣብ የሩሳሌምን ይሁዳን ሰማርያን ክሳዕ ወሰን ምድሪ ምስክር ክትኮኑኒ ኢኹም በሎም" ይብል። ብመንፈስ ቅዱስ ምጥማቕ ሓይልን ትብዓትን መሊኡ ምስክር ክርስቶስ ክንከውን የብቅዓና።

### ለ. ውህበታት

ብመንፈስ ቅዱስ ከም ትንቢት፡ ምፍዋስ፡ ተኣምራት ወዘተ . . . ብሓይሊ ይግለጽ፡፡ ግብ 2፡16 "እዚ ግና እቲ ብነብይ ዩኤል እተባህለ እዩ በተን ዳሕሮት መዓልታት ክኸውን እዩ ይብል ኣምላኽ ኣብ ልዕሊ ስጋ ዘበለ ኩሉ ካብ መንፈስይ ክፈስስ ኢየ። ኣወዳትኩምን ኣዋልድኩምን ክንበዩ፡ ኣግባዝኩም ከኣ ራእይ ክርእዩ፡ ኣረገውትኹም ሕልሚ ክሓልሙ ኢዮም "።ይብል። ግብ 19፡6 ጳውሎስ ኢዱ ምስ ኣንበረሎም ከኣ መንፈስ ቅዱስ ወረደ፡ ሽዑ ብቋንቋታት ተዛረቡን ተነበዩን" ይብል። እዚ ውህበት መንፈስ ቅዱስ፡ ንማሕበሩ ንምህናጽ ዝውሃብ ኮይኑ፣ ውዲት ጸላኢ በቲኻ ኣብ ልዕሊ ሓይሊ ጸላኢ ክትረግጽ፡ እቶም ዝቃወሙ ኣህዛብ ድማ ኣፎም ዓቢስም ናብ ምድሓን ንክመጹ ዕ ትለብሶ ተኣምራታዊ ሓይሊ ኢዩ። ግብ 4፡14-16 "እቲ ዝሓወየ ሰብኣይ ምስእም ደው ኢሉ ምስ ራእዮዎ ዚዛረብዎ ሰኣኑ። ካብ ዋዕላ ክልግሱ ኣዘዝዎም እሞ ኣሉ ክንብላ ዘይኮነልና ኣብ የሩሳሌም ኣብ ዘነበሩ ኹላቶም እተጋህደት ፍልጥቲ ተኣምራት ብኣታቶም ተገይራ እያ እሞ፡ ነዞም ሰባት እዚኣቶም እንታይ ክንገብር ኢና ኢሎም ተመኻከሩ" ይብል። ግብ 19፡12-19

ጐይታ የሱስ ክርስቶስ እዚ ንማሕበሩ ዝሃባ ውህበት ጸጋ (ተስፋ ኣቦ) ኢዩ። እተን ብክርስቶስ የሱስ ዝኣመና ግናኸ ጥምቀት መንፈስ ቁዱስ ዘይኣምና ማሕበራት እዚ ኣቀዲምና ዝራኣናዮ ሓይሊ ኣብኣን ክግለጽ ኣይክኣልን እዩ። ቃል ስብከት ክህሉ ይኽእል። ሓይሊ ግን ኣይርኣዮን እዩ። ሃዋርያ ጳውሎስ ኣብ 1ተሰ 1፡5 "ኣብኻትኩምን ምእንታኻትኩምን ከመይ ከምዝነበርና ከምቲ እትፈልጥዎ እቲ ወንጌል ብሓይልን ብመንፈስ ቅዱስን ብብዙሕ ምርዳእን ከኣ እዩ እምበር ብቃል ጥራይ ኣይመጻናእኩምን" እናበለ ይዛረብ። እብተን ጥምቐት መንፈስ ቅዱስ ዝኣምና ማሕበራት እዚ ሓይሊ እዚ ክግለጽ ከሎ ደብተን ከኣ ብናህሪ ክሰፍሕ ከሎ ይርኤ።

## ሐ. ብመንፈስ ክንጽልይ የኽእለና።

መጽሓፍ ቅዱስ ኩሉ ኣማኒ ብመንፈስ ክጽሊ ኢዩ ዝምህር። ዮሃ 4፡24 "ኣምላኽ መንፈስ ኢዩ እቶም ዝሰግድሉ ብመንፈስን ብሓቅን ክሰግድሉ ይግብኦም። ኣብ ከምዚ ዝበሉ ሰገድቲ ኢዩ ዝደሊ እሞ እቶም ናይ ሓቂ ሰገድቲ ነቦ ብሓቅን ብመንፈስን





ዝሰግድሉ ሰዓት ክትመጽእ ኢያ ንሳ ኸኣ ሕጂ ኢያ" ይብል። ብመንፈስ ምጽላይ ማለት ብቋንቋታት ምጽላይ ምዃኑ ሃዋርያ ጳውሎስ ኣብ 1ቆረ 14፡15 ገሊጽዎ ኣሎ። ብቋንቋታት ንእግዚኣብሄር ክነምልኾን፡ ክነመስግኖን፡ ንኽእል ኢና። ኣብዚ ዝረኣናዮ ኣብ 1ቆረ 14፡18 "ሓለፋ ኩላትኩም ቋንቋታት ይዛረብ ኢየ እሞ ንኣምላኽ ኣመስግን ኣለኹ" ይብል። ስለ ኩሎም ቅዱሳን ብመንፈስ (ብቋንቋ) ክንጽሊ ከም እንኽእልውን ኣብ ኤፌ 6፡18 "ብኹሉ ጸሎትን ልማኖን ኩሉ ሳዕ ብመንፈስ እናጸሌኹምእምን ምስናይ እዚውን ብኹሉ እናተጸመምኩም ስለ ኹሎም ቅዱሳን ብጸሎት ንቕሑ" ይብለና። ብቋንቋ ወይ ብመንፈስ እናጸለና ርእስና ክንሃንጽ ንኽእል። ይሁ 1፡20 ንስኻትኩም ግና ኣቱም ፍቁራተይ በታ ካብ ኩሉ እተቀደሰት እምነትኩም ንርእሰኹም እናሃነጽኩም ብመንፈስ ቅዱስውን እነጸሌኹም" ይብል። 1ቆረ 14፡2 "እቲ ብቋንቋ ዝዛረብ ምስጢራት ብመንፈስ ይዛረብ ኣሎ። ሓደ እኳ ኣየስተውዕሎን እዩ እሞ ንኣምላኽ እምበር ንሰብ ኣይኮነን ዝዛረብ ዘሎ" ይብል። እዚ ብቋንቋታት እንጽልዮ ምስጢር ስለዝኾነ ንመፈስናን ንመንፈስ ቅዱስን ጥራሕ እምበር ንሰባት ኮነ ነእምሮና ክርድኦ ኣይክእልን ኢዩ።

ብመንፈስ ምጽላይ ማለት ብቋንቋ ምጽላይ ማለት እዩ። 1.ቆረ 14፡15-16 "እንታይ ዳኣ ኢዩ ብመንፈስ ክጽሊ ግናኸ ብእምሮይ ድማ ክጽሊ ኢየ። ብመንፈስ ክዝምር ግናኸ በእምሮይውን ክዝምር ኢየ። እንተዘይ ኮነስ ብመንፈስ እንተ ባረኽካ እቲ ኣብ ሰፍራ እቲ ዘይተማህረ ተቐሚጡ ዘሎ ነቲ ንስኻ እትብሎ ካብ ዘይፈልጦ ከመይ ገይሩ ብምስጋናኻ ኣሜን ክብል ይኽእል" ይብል። ኣብዚ ዝረኣናዮ ፍቕዲ፡ ክልተ ዓይነት ጸሎት ከምዘሎ ኢና ንርኢ። ንሱ ድማ ብመንፈስን በእምሮን እዩ። በእምሮ ዝበሃል ቋንቋ ኣደ ክምኡውን ዝኾነ ቋንቋ ተማሂርካ ተጽንየ ኣእምሮካ ዝፈልጦን ዝርድኦን ኢዩ። ብመንፈስ ግና ኣእምሮኻ ክርድኦ ዘይክእል (ምስጢር) ብመንፈስ ቅዱስ እተዋሃበ ቋንቋ እዩ። ስለዚ ድማ ኢዩ ኣብ ፍቕዲ 16 ሓደ ሰባኺ ወይ መምህር ኣብ መድረኽ ኮይኑ ብመንፈስ እንተምሃረ ወይ እንተባረኸ እቲ ህዝቢ ነቲ እቲ መምህር ዝብሎ ስለ ዘይፈልጦ ኣሜን ክብል ዘይክእል። ጳውሎስ ንሰኻ ጽቡቕ ኣመስጊንካ እቲ ህዝቢ ግን ኣይተሃንጸን ክብል እንከሎ፡ እቲ ብቋንቋ ምጽላይ ብውልቕና ንኣምላኽ እንመስግነሉ፡ ምስ ኣምላኽ እንረኸበሉ፡ ምስጢር ከምዝኾነ ክሕብር ከሎ ኣብ ትምህርቲ ወይ ምስ ህዝቢ

ንተሃናነጸሉ ቋንቋ ግን ብኣእምሮ ክኸውን ከም ዘግባእ እዩ ዘረድእ።

እቲ ብቋንቋታት (ብመንፈስ) ዝጸለ ጸሎት ከም ፍቃድ ኣምላኽ እምበር ብግምት ዝጸለ ጸሎት ኣይኮነን። ሮሜ 8፡26-27 "መንፈስ ድማ ከምኡ ንድኻምና ይድግፈ ኢዩ ። ከመይ ጌርና ክንጽሊ ከም ዝግብኣና ኣይንፈልጥን ኢና ስለዚ እቲ መንፈስ ባዕሉ ኢዩ ብዘይንገር እህህታ ዚልምነልና እቲ ልቢ ዝምርምር ንሱ ምእንቲ እቶም ቅዱሳን ከምፍቃድ ኣምላኽ ገይሩ ይልምን እዩ እሞ ነቲ ሓሳብ መንፈስ ውን እንታይ ምኻኑ ይፈልጦ ኢዩ" ይብል። እዚ ዝራኣናዮ ኩሉ ሓቂ ናይ እግዚኣብሄር ቃል ኢዩ።

ኣእምሮና ዘየስተውዕሎ ቋንቋ ምዝራብ (ምጽላይ) ንምንታይ ኣድለየ ንብል ይኸውን። ኣብዚ ክንርድኦ ዘለና ሓደ ንእምነት ዘናውጽ ኻኽንጠራጠር ዘኸስስ ጸላኢ ስለዘሎ ኢዩ። ብቋንቋ ክንጽሊ ከለና ግና ሰብ ኮነ መላእኽቲ ሰይጣን ስለዘየስተውዕልዎ (ስለዘይሰምዕዎ) ክኸስና እምነትና ክንጠራጠር ክገብረና ኣይክእልን። እቲ ካልኣይ ድማ ኣእምሮ ዝፈልጦ ፍልጠት ውሱን ወይ ካኣ ድሩት ኢዩ። ንኣብነት ብቅድሚኻ እንታይ ክምዝፍጸም ስለዘይፈልጥ ርግጽ ኮይኑ ክጽሊ ኣይክእልን እዩ። መንፈስና ግን ብቅድሚና ዝፈጸም ፍጻሜ ስለዝፈልጦ ርግጸኛ ኾይኑ ከም ፍቃድ ኣምላኽ ይጽሊ፡፡ ስለዚ ድማ ኢዩ ኣብ ሮሜ 8፡26 "መንፈስ ድማ ከምኡ ንድኻምና ይድግፎ ኢዩ ከመይ ጌርና ክንጽሊ ከምዝግባእና ኣይንፈልጥን ኢና። እቲ መንፈስ ብዘይ ንገር እህህታ ይጽልየልና" ዝብለና። እዚ ክንብል ከለና ግና እግዚኣብሄር ነቲ ብኣእምሮ ዝጽለ ጸሎት ኣይሰምዖን ኢዩ ማለት ኣይኮነን። ምኽንያቱ ብእምሮ ክጽሊ ብመንፈስ ድማ ክጽሊ ኢየ ዝብል ጽሑፍ ኣሎ። እግዚኣብሄር ኣይኮነንዶ ናይ ኣእምሮ ቋንቋ ውሽጣዊ ሓሳብውን ዝሰምዕ ኣምላኽ ኢዩ።

## ከመይ ጌርካ መንፈስ ቅዱስ ክትምላእ ከም እትኽእል

ማቴ 3፡11 ".. ..ንሱ ብመንፈስ ቅዱስን ብሓውን ከጠምቐኩም ኢዩ" ይብል። ከምኡውን ዮሃ 1፡33 ርአ። ጐይታ የሱስ ክርስቶስ ካብ ምውታት ምስ ተንስአ ብመንፈስ ቅዱስ ከጥምቕ ጀሚሩ። ግብ 2፡33 "ሕጂ ድማ ናብ የማን ኣምላኽ ልዕል ምስ በለ ተስፋ መንፈስ ቅዱስ ከኣ ካብ ኣቦ ምስ ተቐበለ ነዚ ንሰኻትኩም እትርእይዎን እትሰምዕዎን ዘለኹም ንሱ ኣፈሰሶ"





ይብል። እምበኣር ብመንፈስ ቅዱስ ዘጠምቅ ጐይታና የሱስ ክርስቶስ እዩ።

ው.የሃ 7፡37 ከምዚ ይብለና "ብታ ዳሕረወይቲ ዓባይ መዓልቲ በዓል፥ የሱስ ደው ኢሉ ጨደረ በለውን ዝጸምኣ እንተሎ ናባይ ይምጻእ እሞ ይስተ። ብኣይ ዝኣምን እቲ ጽሑፍ ከምዝበለ ካብ ከብዱ ሩባታት ማይ ህይወት ክውሕዝ እዩ። የሱስ ገና ስለዘይከበረ መንፈስ ቅዱስ ኣይወረደን ነበረ እሞ ብዛዕባ እቶም ብእኡ ዝኣመኑ ክቕበልዎ ዘለዎም መንፈስ ኢዩ እተዛረበ ይብል፡፡ ኣብዚ እንርድኦ ብእምነት ኢና ብመንፈስ ቅዱስ እንጥመቅ። ክንኣምን ካኣ ክንምሃር (ክንሰምዕ) ይግባእ። ነቲ ዝሰማዕናዮ ብሙሉእ ልብና ምስ እንቅበሎ ንጸምኦ እሞ ጐይታ የሱስ ብሓዊ መንፈስ ቅዱስ የጥምቀና።

ማር 16፡16 "ነቶም ዝኣምኑ ውን እዚ ትኣምራት እዚ ክስዕቦም ኢዩ። ብስመይ ኣጋንንቲ ከውጽኡ፥ ብሓድሽ ልሳን ክዛረቡ ይብል። እቶም ብመንፈስ ቁዱስ ዝተጠመቁ ኩሎም ብልሳን (ቋንቋታት) ክምዝተዛረቡ መጽሓፍ ቅዱስ ይነግረና ግ.ሃ. 2፡3-4 "እተመቃቀለ ልሳን ሓዊ ዝመስል ድማ ተራእዮም፥ ኣብ ልዕሊ ነፍሲ ወከፎም ከኣ ተቀመጠ። ኩሎም ድማ መንፈስ ቅዱስ መልኦም። መንፈስ ቅዱስ ክዛረቡ ከምዝሃቦምውን ብኻልእ ቋንቋታት ክዛረቡ ጀመሩ ይብል። ግ.ሃ 10፡46-47 ግ.ሃ 19፡6 ጳውሎስ ኢዱ ምስ ኣንበረሎም ከኣ መንፈስ ቅዱስ ናባታቶም ወረደ ሽዑ ብቋንቋታት ተዛረቡን ተነበዩን ይብል።

<u>*መንፈስ ቅዱስ እንምልኣሉ መንገድታት ፥*</u>

1. ኣብ ጸሎት። ግ.ሃ 1፡14 ግ.ሃ 2፡1-4 ሃዋርያት (እቶም 120 ኣመንቲ) ሓቢሮም እናጸለዩ ኸለው መንፈስ ቅዱስ ክምዝተመልኡ ንርኢ።
2. ቃል ኣምላኽ እናሰማዕካ ግ.ሃ. 10፡44-47 ጴጥሮስ ቃል ኣምላኽ እናሰበኸሎም ከሎ መንፈስ ቅዱስ ክምዝተመልኡ ንርኢ።
3. ኢድ ኣንብሮ ግ.ሃ 8፡16-17 ግ.ሃ 19፡6 ጳውሎስ ኢዱ ምስ ኣንበረሎም ከኣ መንፈስ ቅዱስ ናባታቶም ወረደ ሽዑ ብቋንቋታት ተዛረቡን ተነበዩን ይብል።

<u>መተሓሳሰቢ</u>

ነስተውዕል እግዚኣብሄር ቅዱስ መንፈሱ ክመልኣካ እንተድኣ ለሚንካዩ ኣብዚሑ እዩ ዝህበካ። ሉቃ 11፥11-13 "ካብኻትኩም ከ እንታዋይ ኣቦ እዩ ወዱ እንጌራ እንተለመኖ፥ እምኒ ዝህቦ ፥ ወይስ ዓሳ እንተ ለመኖ፥ ኣብ ክንዲ ዓሳስ ተመን ዝህቦ፥ ወይስ እንቋቅሖ እንተ ለመኖ፡ ዕንቅርቢትዶ ይህቦ፥ እምበኣርሲ ንስኻትኩም እኳ ክፉኣት ክነስኹም ንደቅኹም ጽቡቕ ህያብ ምሃብ ካብ ፈለጥኩም፥ እቲ ኣብ ሰማይ ዘሎ ኣቦ ግዳ ንዚልምንዎ ኽንደይ ኣብዚሑ መንፈስ ቅዱስ ዘይህቦም" ይብል። ንእግዚኣብሄር ኣምላኽ መንፈሱ ንክመልኣካ ለሚንካዮ ብርግጽ ክምዝመላኣካ እመን።

ቋንቋታት ምዝራብ ነእምሮና ፈጺሙ ስለ ዘይርድኦ ገለ ሰባት ተመሊኦም ክለውስ እዚ ናተይሲ እምበርዶ ሃለውለው ኣይኮነን ይብሉ። ግናኸ ክንስተውዕሎ ዝግብኣና ብቋንቋ ምዝራብ ምስጢር (ኮድ) ስለ ዝኾነ ነእምሮ ምቹእ ኣይኮነን (ዕሽነት) እዩ። ንኣብነት ኣብ ውትህድርናና፥ መርከበኛታት'ን ወዘተ . . ዝጥቀምሉ መራኸቢ ኮድ ኣእምሮና ድምጹ ጥራሕ ኢዩ ዝሰምዕ እምበር ፍረ ነገሩ ኣይፈልጠን እዩ። ንኣብነት ካብቲ ዝጥቀምሉ ኮዳት ሓደ በዘን "ድ" ን "ዳ" ን ዝበሃላ ክልቲ ፊደላት ጥራሕ እናደጋገሙ ምሉእ ዘረባ የማሓላልፉ ኢዩም። ሰባት እኳ ብዝመሃዝዎ ምስጢር ክልተ ፊደል ብምድግጋም ክዛረቡ ካብ ክኣሉ ክንደይ ግዳ እቲ ብምልኣት መንፈስ ቅዱስ እንቅበሎ ምስጢራዊ ቋንቋ ብእምነት ክንዛረበሉ ዘይግብኣና።

ካልእ ሰብ ድማ ብቋንቋ ክዛረብ እንተኾይኑ ሃለዋቱ ኣጥፊኡ መንፈስ ቁዱስ ዘዛርቦ ስለ ዝመስሎ ትም ኢሉ ዝጸባበ ኣሎ። እዚ ኣተሓሳስባ እዚ ግን ግጉይ እዩ። ምኽንያቱ መጽሓፍ ቅዱስ፥ መንፈስ ቅዱስ ብቋንቋታት ክዛረቡ ሃቦም ንሳቶም ከኣ ክዛረቡ ጀመሩ ወይ ተዛረቡ እዩ ዝበለና ምበር ክዛረቡ ኣጀመሮም ወይ ድማ ኣዛረቦምሲ ኣይብለናን ኢዩ። ግብ 2፥4 "ኩሎም ድማ መንፈስ ቅዱስ መልኦም፥ መንፈስ ቅዱስ ክዛረብ ከምዝሃቦምውን ብኻልእ ቋንቋታት ክዛረቡ ጀመሩ" ይብል። ከምኡውን ግብ 10፥46 ተመልከት። መንፈስ ቅዱስ ክትምላእ ብጽምኣት ብእምነት ናብ ክርስቶስ ቅረብ። ኣዒንትካ እንተድኣ ዓሚትካ ምሉእ ልብኻ ናብ የሱስ ክተተኩር ክሕግዘካ እዩ። እናጸለኻ ከለኻ





ህላውነት ኣምላኽ እቲ ቤት ይመልእ። ሓይሊ መንፈስ ቅዱስ ከኣ ኣብ ልዕሌኻ ይቕመጥ። ኣብ ልዕሌኻ ክም እተቐመጠ ኸኣ መንፈስካ ክርድኦ እዩ። ንኣብነት ንገለ ሰባት ሙቐት ወይ ሓይሊ ይስምዮም፥ ንገሊኦም ክምተዘዝታ ወዘተ . . .ንመንፈስካ ብፍሉይ ስምዒት ክስምዮ እዩ። ኣብዚ እዋንዚ መንፈስ ቅዱስ ቋንቋ ሂብካ ኣሎ ብእምነት ተዛረብ ኣይትጠራጠር። ግብ 2፥2-4 ዘሎ ደጋጊምካ ኣንብብ።

1ቆሮ 14፥2-4፥ "እቲ ብቛንቋ ዚዛረብ ምስጢራት ብመንፈስ ይዛረብ ኣሎ፥ ሓደ እኳ ኣየስተውዕሎን እዩ እሞ፥ ንኣምላኽ እምበር ንሰብ ኣይኮነን ዚዛረብ ዘሎ፡፡ እቲ ትንቢት ዚንብ ግና ፥ ንሰብ ዚሃንጽን ዚምዕድን ዜጸናንዕን እዩ ዝዛረብ፡፡ ቛንቋታት ዚዛረብ ንርእሱ ይሃንጽ፥ ትንቢት ዚንብ ግና ንማሕበር እዩ ዚሃንጽ፡፡" ይብል፥ መጽሓፍ ቅዱስ ንምዝራብ ቛንቋታት ኣብ ክልተ ከፊሉ እዩ ዝምህረና፥

እቲ ቀዳማይ ፥ እዚ ኣብ ላዕሊ ክንርእዮ ዝጸናሕና፥ ኩሉ ሰብ ብመንፈስ ቅዱስ ተጠሚቁ ብቛንቋታት(ብመንፈስ እናጸለየ) ኣእምሮና ዘይርድኦ፥ መንፈስናን መንፈስ ኣምላኽን ጥራሕ ዝርድኦ፥ ንርእስና እንሃንጸሉ ዘይትርጎም ቛንቋታት እዩ፡፡

እቲ ካልኣይ ድማ ንማሕበር ንምህናጽ ዝወሃብ ዝትርጐም ቛንቋታት እዩ፡፡ እዚ ቛንቋ እዚ ንኹሉ ሰብ ዝወሃብ ኣይኮነን፡፡ ኤፌ 4፥11-13 "ኩላትና ናብ ሕብረት እምነት ፥ ናብ ፍልጠት ወዲ ኣምላኽ ፥ ናብ እኹል ሰብኣይ ፥ ናብ ልክዕ ምልኣት ብጽሕና ክርስቶስ ክሳዕ እንበጽሕ ፥ እቶም ቅዱሳን ነቲ ግብሪ ኣገልግሎት ንምህናጽ ስጋ ክርስቶስ ምሉኣት ምእንቲ ክኾኑ ኢሉ ፥ ንሱ ገሊኦም ሃዋርያት ገሊኦም ድማ ነብያት፥ ገሊኦም ከኣ ወንጌላውያን፥ ገሊኦምውን ጓሶትን መምሃራንን ክኾኑ ሃበ፡፡" ይብል፡፡1ቈሮ 12፥29-30 "ኩላቶም ዶ ሃዋርያት እዮም፥ ኩላቶም ዶ ነብያት እዮም፥ ኩላቶም ዶ መምሃራን እዮም፥ ኩላቶም ዶ ኸ ገበርቲ ተኣምራት እዮም፥ ኩላቶም ዶ ውህበት ምፍዋስ ኣለዎም ፥ ኩላቶም ዶ ቛንቃታት ይዛረቡ እዮም፥ ኩላቶም ዶ ኸ ይትርጉሙ እዮም፡፡" ይብል፡፡ ኣብዚ ዝረኣናዮ ጥቅሲ እቲ ንማሕበር ንምህናጽ ዝወሃብ ውህበት ኣብ በበይኖም ሰባት በብይኑ ውህበት ጸጋ ከምዘሎ እዩ ዘመልክት፡፡ 1ቈሮ 12፥8-11 "ንሓደ ቃል ጥበብ ብመንፈስ ይወሃቦ እዩ፥ ነቲ ሓደ ኸኣ ቃል ፍልጠት በቲ ሓደ መንፈስ ፥ ንሓደ ግና እምነት በቲ ሓደ መንፈስ፥ ንሓደ ድማ በቲ ሓደ መንፈስ ናይ ምፍዋስ ውህበት

ይወሃቦ፣ ንሓደ ኸአ ግብሪ ሓይሊ ንምግባር ፣ ንሓደ ትንቢት፣ ንሓደ ምልላይ ምናፍስቲ፣ ንሓደ በብዓይነቱ ዘሎ ቛንቋታት፣ ነቲ ሓደ ኸአ ምትርጓም ቛንቋታት ይውሃቦ፡፡ እዚ ኹሉ ኸአ ንሱ እቲ ሓደ መንፈስ ከም ዘድልዮ ገይሩ ንነፍሲ ወከፍ ንግዲኡ እናመቐለ እዩ ዚገብሮ፡፡"ይብል፡፡

እዚ ዝረአናዮ ውህበታት ኩሉ ንምህናጽ ማሕበር ካብ እግዚአብሄር ዝወሃብ ኰይኑ፣ ንነፍሲ ወከፍ መንፈስ ቅዱስ ከከምቲ ዘድልዮ ዝዕድሎ ናይ ኣገልግሎት ውህበት እዩ፡፡ እቲ ኣብዚ ተጠቂሱ ዘሎ ውህበት ቛንቋታት እንተድኣ ዘይተቶርጕሙ፣ (እታ ማሕበር ከተስተውዕሎ እትኽእል ቃል ኣእምሮ ፣ እንተዘይተዛሪብና) ምስ ንፋስ ከም እንዛረብ ዘሎና ስለእኹውን ፣ እታ ማሕበር ክትህነጽ ኣይትኽእልን እያ፡፡ እምበኣር እቲ ቛንቋታት ምትርጓም ዘድልዮስ እታ ማሕበር ብዝርድኣ ቛንቋ (ቃል ኣእምሮ) ክትሰምዕ እሞ ክትህነጽ እዩ፡፡ ስለዚ ድማ እዩ እቲ ብቛንቋታት ዝዛረብ ትርጉም ምእንቲ ክወሃቦ ይጸሊ ተርጓሚ እንተዘየለ ግና ትም ይበል ዝብል፡፡ 1ቆሮ 14፡14 ".. .. ስለዚ እቲ ብቋንቋ ዚዛረብ ምትርጓሙ ምእንቲ ኺክእሎ ይጸሊ" ይብል። 1ቆረ 14፡28 "ትርጓሚ እንተ ዜልቦ ግና እቲ ብቋንቋ ዚዛረብ ኣብታ ማሕበር ስቕ ይበል፣ ንርእሱን ንእምላኽን ግና ይዛረብ ደኣ" ይብል። ኣብዚ ንርእሱን ንእምላኽን ግና ይዛረብ ክብል ከሎ፣ በቲ ንርእስና እንሃንጸሉ ቛንቋ ክንጽሊ ከምዘለና እዩ ዘመልክት፡፡ ኣብ 1ቈረ 14፡6-33 ዘሎ ኩሉ ብዛዕባ ንማሕበር ንምህናጽ ዝወሃብ ክትርጎም ዝግብእ ቛንቋንታት እዩ ዝዛረብ፡፡

ገለ ሰባት ምዝራብ ቋንቋታት ክውዳእ እዩ ዝብል ኣብ 1ቆረ 13፡8 ስለ ዘሎ ኣብ ሃዋርያት ጥራሕ እምበር ሎምስ ኣይዓይን ኢዩ ኢሎም ይኣምኑ። እዚ ግን ግጉይ ኣተሓሳስባ እዩ። የሱስ ክርስቶስ ምልኣት መንፈስ ቅዱስ ወይ ምዝራብ ቋንቋታት ዝሃበ ንማሕበሩ እዩ። ማሕበሩ ክሳዕ ዘላ ክኣ እዚ ውህበት እዚ ኣብቶም ዝኣምኑ ይዓዪ እዩ። ምስ ተንጥቀት ወይ ድማ የሱስ ምስ ተመልሰ ግና ክውዳእ ኢዩ።

## <u>5) ናይ መከራ ጥምቀት</u>

እዚ ናይ መከራ ጥምቀት ናብቶም ብክርስቶስ የሱስ ኣሚኖም ዝደሓኑ ብምኽንያት እምነቶ ካብ ዓለም ዝመጽም ስደት፣ ጸገምን፣ መከራን፣ ማእሰርቲ፣ ክሳዕ ሞት እዩ። እዚ ናይ መከራ ጥምቀት





ተባሂሉ ይጽዋዕ። ጐይታ የሱስ ክርስቶስ ኣብ ሉቃ 12፡50 "ዝጥመቓ ጥምቀት ግና ኣላትኒ ክሳዕ እትፈጸምሲ ከመይከ ዘይጸበኒ።" ክብል ከሎ ብዛዕባ ናይ መከራ ጥምቀት እዩ ዝዛረብ ዘሎ። ነቶም ብእኡ ኣሚኖም ዝስዕብዎ ኩሎም ስለ ስሙ ካብ ዓለም መከራ ከም ዝስዕቦም ኣብ ማር 10፡39 "የሱስ ከኣ ነታ ኣነ ዝሰትያ ጽዋእሲ ክትሰትዩዋ ነታ ኣነ ዝጥመቓ ክትጥመቕዋ ኢኹም በሎም" ክብል ገሊጽዎ ኣሎ። ከምቲ የሱስ ዓለም ዘይተቀበለቶ (ዝጸላኣቶ) ከምኡ ካኣ ነቶም ንየሱስ ክርስቶስ ዝስዕቡ ኣይትቀበሎምን እያ። ዮሃ 15፡18 "ዓለም እንተጸላኣትኹም ናዓይ ቅድሚኹም ከም ዝጸላኣትኒ ፍለጡ ካብ ዓለም እንተ ትኾንስ ዓለም ነቲ ናታ ዝኾነ ትፈትዎ እያ እሞ ምፈተወትኩም ኔራ። ኣነ ዳኣ ኢየ ካብ ዓለም ዝሓረኽኹም እምበር ካብ ዓለም ኣይኮንኩምን ስለዚ ዓለም ትጸልኣኩም ኢያ።" ይብል።

ግናኸ ከምቲ ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ብዓለም እኳ መከራ እናጸገበ ክነሱ ምእንቲ ጸላእቱ ኣብ መስቀል ሞይቱ ንዓለም ብፍቅሪ ዝማረኸ፣ ከምኡ ኸኣ እቲ ንክርስቶስ ዝስዕብ ኣማኒ ዓለም እኳ መከራ እንተ ኣጽገበቶ ምእንትኣ ክጽሊ ክሳዕ ሞት ህይወቱ ብምሕላፍ ከፍቅራ ከሎ ዓለም ብፍቕሩ ተማሪኻ ንክርስቶስ የሱስ ትቅበሎ። 2ቆረ 4፡8-13 "ብኹሉ ነገር ንጽቐጥ ግናኸ ኣይጸበበናን እንገብሮ ይጠፍኣና ግናኸ ተስፋ ኣይንቀብጽን ኢና። ንስጐግ ድርቡያት ግና ኣይኮንናን። ይደፍኡና ግናኸ ኣይንጠፍእን ኢና። ህይወት የሱስ ኣብ ስጋና ምእንቲ ክትጋሃድ ውን ኩሉ ሳዕ ሞት የሱስ ኣብ ስጋና ንጸውር ኣሎና። ማለት እታ ህይወት የሱስ ኣብቲ መዋቲ ስጋና ምእንቲ ክትግሃድሲ ንሕና ብህይወት ዘሎና ምእንቲ የሱስ ኢልና ኩሉ ሳዕ ናብ ሞት የሕልፉና ኣለው። እምብእርሲ ሞት ኣባና ይዓዪ ህይወት ግና ኣብኻትኩም ትዓዪ ኣላ" ይብል። ከምኡ ውን 1ቆረ15፡29 "እንተዘይ ኮነስ እቶም ኣብ ክንዲ ምውታት ዝጥመቁ ዳኣ እንታይ ይገብሩ ኣለው። ብሱሩ ምውታት ዘይትንስኡ እንተ ኾይኖምሲ ንምንታይ ዳኣ ዝጠመቕሎም" ይብል። ኣብዚ ጥቅሲ እዚ ምውታት ኢልዎም ዘሎ ነቶም ብክርስቶስ የሱስ ዘይኣምኑ (ዓለማዊያን) እዩ። ዕላማ ኣማኒ ነዚኦም ንምድሓን ስለ ዝኾነ፣ ነቲ ብእኦም ኣብ ልዕሊ እቲ ኣማኒ ዝመጽእ መከራ፣ ስደት፣ ማእሰርቲ ሞት፣ ብትዕግስትን ብፍቕሪን ተጻዊሩ ስሊኦም እናጸለየ ህይወት ክርስቶስ የሱስ ኣብ ልዕሊኡ የንጸባርቕ እሞ እቶም ዝሰጉዎ በቲ ፍቕሩ ተማሪኾም ንየሱስ ይስዕቡ። ስለዚ ድማዩ ሞት ኣባና ይዓዪ ህይወት ግና ኣብኹም ዝብል። እቲ ብመከራ ዝጥመቕ ኣማኒ ነቲ ዝመጸ

መከራ ብዓወት ክሰግሮ ዝኽእል። በቲ ኣብ ቅድሚኡ ዘሎ ተስፋ ትንሳኤ ምውታን ናይ ዘልኣለም ክብሪ ብምሉእ ልቡ ተኣሚኑ ደው ስለ ዝብል እዩ ዝሰግሮ። ትንሳኤ ምውታን እንተዘይህሉ ኔሩ ሓደ እኳ ብመከራ ዝጥመቅ ሰብ ኣይምተረኽበን።

እዚ ናይ መከራ ጥምቀት ዝመጽእ ካብ ሰብኣይ፣ ካብ ሰበይቲ፣ ካብ ወለዲ፣ ካብ ውሉድ፣ ካብ ሓዊ፣ ካብ ሓፍቲ፣ ካብ ኣዝማድ ቤተሰብ፣ ካብ መንግስትን መራሕቲ ሃይማኖትን እዩ። ነዚ ዘረድኣና ጥቕሲ ኣብ ማቴ 10፥18 "ናብ ዋዕላ ኺወስዱኹም ኣብ ቤት ጸሎቶም ድማ ኪገርፍኹም እዮም፣ ንኣታቶምን ነህዛብን ንምስክር ክኸውን ምእንታይ ናብ ምኳንንትን ናብ ነገስታትን ክትውሰዱ ኢኹም እሞ ካብ ሰብ ተጠንቀቑ።" ይብል። ከምኡውን ኣብ ጥቕሲ 21-22 "ሓው ንሓው ኣቦ ኸኣ ንውሉዱ ኣሕሊፉ ንሞት ክህብ እዩ፣ ውሉድ ናብ ወለዶም ኪትንስኡን ኪቕትልዎምን እዮም። ስለ ሰመይ ክኣ ኲሉ ሰብ ኪጸልኣኩም እዩ። እቲ ኽሳዕ መወዳእታ ዚዕገስ ግና ንሱ ኺድሓን እዩ" ይብል።ኣብ ጥቅሲ 36 እውን "ንሰብ እቶም ቤተ ሰቡ ጸላእቱ ኪኾኑ እዮም" ይብል። ስለዚ እቲ ናይ መከራ ጥምቀት ዝብሃል ነዚ ይመስል።





# ምዕራፍ 4

## ምንባር ኣእዳው

ሓደ ኣማኒ ኣብ ዝኾነ ሰብ ኢዱ ኣንቢሩ ብእምነት ክጽልየሉ ከሎ ምንባር ኣእዳው ተባሂሉ ይጽዋዕ። ኩሉ ሰብ ክኣ ብባህሪኡ ኢድካ ኣንቢርካ ክትጽልየሉ ኢዩ ዝደሊ (ዝፈቱ)። 2ይ ነገ 5፥11 "ንእማን ግና ኮርዩ ከደ እሞ እንሆ ኣነስ ብርግጽ ወጺኡ ብስም እግዚኣብሄር ኣምላኹ ተማህሊሉ ነቲ ለምጺ ዘለዎ ስፍራ ብኢዱ ዳህሲሱ ዜሕውየኒ መሲሉኒ ነይረ" ይብል። ከምኡውን ማቴ 19፥13 "ሹዑ ኢዱ ኣንቢሩ ክጽልየሎም ቆልዑ ናብኡ ኣምጽኡ" ይብል። እዚ ዝረኣናዩ ጥቕስታት ደቂ ሰባት ካብ ኢድካ ከየምበርካ ክትጽልየሎም ኢድካ ኣንቢርካ ክትጽልየሎም ከም ዝደልዩ እዩ ዘመልክት። ኢድ ኣንብሮ ነቲ ዝጽሊ ሰብ ብእምነት ንኽጽሊ፣ እቲ ዝጽለየሉ ሰብ ክኣ ነቲ ዝጽለ ጽሎት ንምቅባል ልቡ ንክኸፍት በዚ ክልተ ነገር እዚ ኣዝዩ ጠቓሚ ኢዩ።

በዚ ድማ ነቲ ካብ እግዚኣብሄር ዝተቀበሎ መንፈሳዊ ስልጣን ብእምነት ክቅጽሎን ኣገልግሎቱ ንኽሰፍሕን ይሕግዝ። ሓደ ኣማኒ ኢዱ ብምንባር መንፈስ ቅዱስ ከጠምቕ ኣይክእልን ስልጣንውን የብሉን። ምኽንያቱ እቲ ብመንፈስ ቅዱስ ዘጠምቕ ጐይታ የሱስ በይኑ ከም ዝኾነ ኣብ ምዕራፍ ሰለስተ ርኢናዮ ኣሎና። እቲ ኣብ ግብ 8፥17 ከምኡውን ምዕራፍ 19፥6 ዘሎ ኢዶም ምስ ኣንበርሎም መንፈስ ቅዱስ ተምልኡ ዝብል ጽሑፍ ከምዚ ኣብ ላዕሊ ዝራኣናዮ ናይቲ ጸላያይ እምነት ስለ ዝበርትዕ እቲ ዝጽለየሉ ኸኣ ልቡ ስለዝኸፍት እሞ ስለዝኣምን የሱስ ክርስቶስ ብመንፈስ ከጠምቕ ይኽእል። እምበኣር ኢድ ኣንብሮ ነቲ ኢዱ ኣንቢሩ ዝጽሊ እምነቱ ስለ ዘበርትዕ እቲ ዝጽለየሉ ሰብ ድማ ልቡ ከፊቱ ብእምነት ክቅበል ስለዝሕግዝ ውጽኢታዊ እዩ።

ሀ) ፈውሲ፦ እቶም ብክርስቶስ የሱስ ኣሚኖም ዳግም ዝተወልዱ ኩሎም ኢዶም ኣብ ሕሙማት ኣንቢሮም ክጽልዩ ኸለው እቶም ሕሙማትውን ክም ዝሓወዩ፣ የሱስ ክርስቶስ እቲ ብኣይ ዝኣምን እዚ ታኣምራት እዚ ክስዕቦ ኢዩ ብምባል ኣብ ማር 16፥18 "ኢዶም ኣብ ሕሙማት የንብሩ ንሳቶም ውን ክሓውዩ ኢዮም" ኢሉ ተዛሪቡ ኣሎ። ኢድና ኣንቢርና ክንጽሊ ከለና እቲ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ብዛዕባ ፈውሲ (ከም ዝተፈወስና) ዝዛረብ ህያው ቃል ንኣብነት ኣብ ኢሰ 53፥5 "ብስምብራቱ ኢኹም ዝሓወኹም" ዝብል ከምኡ ከኣ ኣብ 1ጴጥ 2፥24 "ብቑስሉ ኢኹም ዝሓወኹም" ዝብል ወዘተ ነዚ ቃል እዚ ክንኣምኖን ደጋጊምና ክንእመኖን ከለና እግዚኣብሄር ከኣ ኣብ ቃሉ እሙን ስለ ዝኾነ ንቓሉ ብትእምርትን ተኣምራታዊ ብዝኾነ ፈውንስን የጽንዖ ኢዩ። ማር 16፥20 "ንሳቶም ከኣ ወጺኦም ኣብ ኩሉ ሰበኹ ጐይታና ምሳታቶም ይገብር ነቲ ቓልውን ብዝስዕብ ታኣምራትን ይጽንዖ ነበረ" ይብል። እዚ ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ንማሕበሩ ኣብ ልዕ ሊ ኹሉ ሕማምን ድናስን ምልኪ ክህልዋ ዝሃባ መንፈሳዊ ስልጣን ኢዩ። ማቴ 10፥8 "ሕሙማት ኣሕውዩ ምውታት ኣተንስኡ ለምጻማት ኣንጽሁ ኣጋንንቲ ኣውጽኡ ብኸምኡ ተቐቢልኩም ብኸምኡ ሃቡ" ይብል። ግ.ሃ 28፥8-9 "ኮነ ድማ ኣቦ ጴብልዩስ ብዓሶን ውጽኣት ክብድን ሓሚሙ ነበረ ጳውሎስ ካኣ ናብኡ ኣቲዩ ጸለየሉ፣ ኣእዳው ኣንቢሩውን ኣሕወዮ። እዚ ምስ ኮነ ድማ እቶም ካልኦት ሕሙማት ደቂ እታ ደሴት ናብኡ መጺኦም ተፈወሱ" ይብል።

ምናልባት ኢድና ኣንቢርና ዝጸለናሉ ሰብ እንተዘይ ተፈወሰ ብሓጢኣት ተኣሲሩ ክኸውን ስለ ዝኽእል ሽማግለታት ማሕበር ዘይቲ እናለኸዩ ክጽልዩሉ ካብ ኩሉ ማእሰርቱ ክፍወስ ሓጢኣቱውን ክነግሮም ይግባእ። ጐይታ ከኣ ንሓጢኣት ይቕረ ኢሉ ንስግኡ ይፍውሶ። ያቆ 5፥14-16 ርአ። እዚ ክንብል ከሎና ግና እቲ ኢድና ኣንቢርና ዝጸለናሉ ሰብ ካብ ሕማሙ እንተ ዘይተፈወሰ ኩሉ ሓጢኣተኛ እዩ ክንብል ኣይንደፍርን ኢና። ንሓይሊ ጸሎት ግና ሸለል ክንብሎ ኣይግብኣናን እዩ።





ለ) በረኸት፦ ዘፍ 48፥21 ርአ ኣብዚ ስፍራ እዚ ያቆብ ንደቂ ዮሴፍ ኢዱ ኣንቢሩ ትንቢታዊ ዝኾነ በረኸት ባሪኽዎም። ክምቲ ዝባረኾም ድማ ኮይኖም። ማር 10፥16 "ሓቚፉ ኢዱ ኣንቢሩሎም ባረኾም" ይብል። ብድርኺት መንፈስ ቅዱስ ኢድና ኣንቢርና ክንባርኽ ኣዝዩ ውጺኢታዊ እዩ። መጽሓፍ ቅዱስ ድማ ነዚ ኢኹም እተጸዋዕኩም ባርኹ (መርቑ) እንበር ኣይትርገሙ ይብለና።

ሐ) ንኣገልግሎት እተጸውዑ ሰባት ምሻም፦ ግ.ሃ 13፥2-3 "እዚኣቶም ንእግዚኣብሄር ኬገልግሉን ኪጸሙን ከለው ኸኣ መንፈስ ቅዱስ ባርናባስን ሰውልን ነቲ ዝጸዋዕክዎም ዕዮ ፍለዩለይ በሎም ሽዑ ጸሙን ጸለዩን ኣእዳዎም ከኣ ኣንበረሎም እሞ ሰደድዎም" ይብል። ከምኡውን ግ.ሃ 6፥3-6 "ስለዚ ኣቱም ኣሕዋት ካባኻትኩም ብጽቡቕ እተመስከረሎም መንፈስን ጥበብን ዝመልኦም ሸውዓተ ሰብኣይ ሕረዩ ነዚ ጉዳይ እዚ ክኣ ንመዝዞም" ነቶም ዝተመርጹ ድማ "ኣብ ቅድሚ ሃዋርያት ክኣ ደው ኣበልዎም እናጸለዩውን ኣእዳዎም ኣንበርሎም" ይብል። እቶም እዚ ጸሎት እዚ ዝጽለየሎም ሰባት እግዚኣብሄር ንማሕበሩ ክገልግሉ ዝጸውዮም ጥራሕ እዮም።

ኩነታት ኣጸዋውዓ ናይዞም ሰባት ቀዳማይ ብመንፈስ ትንቢት ግብ 13፥2-3 ካልኣይ በቲ ኣብ 1ጢ.ሞ 3፥1 ክሳዕ 10 ዘሎን ቲቶ1፥8 ዘሎን መጽሓፍ ቅዱሳዊ ዝኾነ መምዘኒ ዘማልኡ እዮም። ማሕበር ክርስቶስ ወይ ሽማግለታት እዞም ሰባት እዚኣቶም ኣምላኽ ከም ዝሃቦም ብእምነት ምስ ተቐበልዎም ጸጋን፣ ጥበብን፣ ሓይልን፣ ክቕበሉ ኢዶም ኣንቢሮም ይጽልይሎም። እዞም ዝተጸለየሎም ሰባት ኣብቲ ስልጣን እግዚኣብሄር ኢዩ ኣደይብዎም። እግዚኣብሄር ጥራሕ ክኣ ስለዘውርዶም እዚ ጸሎት እዚ ሃንደፍ ኢልካ ዝኮነ ሰብ ኢድካ ኣንቢርካ ዝጽለ ጸሎት ኣይኮነን ኣይግባእን'ውን እዩ።

መ) ጸጋ ኣምላኽ ካብ ሓደ ናብ ካልእ ምምቓል ወይ ምትሕልላፍ፦ እዚ ጸሎት በቶም ዓበይቲ ቅቡኣት ናይ ኣምላኽ ሰባት ዝካየድ ኢዩ። እዚ ድማ ዕዮ ምስ ዝሰፍሖም ወይ ድማ ድሕሪ ሞቶም እቲ ኣገልግሎት ምእንቲ ክቕጽል ነቶም ህይወቶም ዝፈልጥዎም ብትሕትና ምስኦም ዝተመላለሱ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ብምቕራብ ጸጋኦምን ስልጣኖምን ይመቕሉዎም

ወይ ይሕልፍሎም። ኩሉ ኣኼባ ደቂ እስራኤል ምእንቲ ኸእዘዞ ኸኣ ካብ ግርማኻ ኣብልዕሊ ኣንብር ይብል። ዘዳ 34፡9 "ንእያሱ ወዲ ነዌ ድማ ሙሴ ኢዱ ስለ ዘንበረሉ መንፈስ ጥበብ መልአ ደቂ እስራኤል ከኣ ከምቲ እግዚኣብሄር ንሙሴ ዝኣዘዞ ገይሮም ተኣዘዝዎ ይብል። 2ጢሞ 1፡7 "ነቲ ብምንባር ኢደይ ኣባኻ ዘሎ ውህበት ኣምላኽ ክትድሕሶ አዘክረካ ኣሎኹ" ይብል። እዚ ጸሎት እዚ ኽጽሊዩ ዝግብኦም ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝራኣናዮ ብውስናት ሰባት ጥራይ ወይ ንኣገልግሎት ጥራሕ ዝምልከት ኢዩ። ዝኾነ ሰብ በዚ ኣርእስቲ እዚ ኢዱ ኣብ ልዕሊ ዝኾነ ሰብ ከንብር ኣይፍቀድን። ምኽንያቱ ናይ ህይወት ምምቃል ስለ ዝኮነ። ጽቡቕ መንፈስ ዘይብሎምን ወይ ባህሪያቶም መንፈሳዊ ህይወቶም ዘይጥዑይ ሰባት ኢዶም ከንብሩ ኸለው፣ ከምምድንዛዝ ካልእ ሕማቕ ሳዕቤን ክስዕብ ስለዝኽእል ህይወቱ ዘይትፈልጦ ኢዱ ኽንብረልካ ፍቃደኛ ኣይትኹን።





## ምዕራፍ 5

## ትንሳኤ ምውታት

ኣብዚ ምድሪ ዘሎ ኣማኒ (ክርስትያን)፣ ብመንፈሱ ዳግም ዝተወልደ ዘበለ ኹሉ፣ ካብቲ ዝነበሮ ንኣምላኽ ዘየኽብር ባህርያት ተፈልዩ፣ ብሰማያዊ ባህሪ ብቕድስናን ጽድቕን፣ ሓሳብ ክርስቶስ የሱስ ለቢሱ ዝመላለስ ዘሎ፣ ስጋኡን ነብሱን ኣዳማዊ ወይ ከኣ ምድራዊ ስለዝኾነ ስጋዊ ሞት ውን ስለ ዝትንከፎ ዘልኣለማዊ ህይወት ክምዝወርሰ ርግጸኛ ኮይኑ ናብ ትንሳኤ ምውታት ንኸርክብ ዝጕዓዝ ዘሎ እዩ።

ሰብ ድሕሪ ትንሳኤ ወይ ኣብ ገሃነም ወይ ኣብ መንግስቲ ኣምላኽ ንዘልኣለም ዝነብር ዘልኣለማዊ ፍጥረት እዩ። መጽሓፍ ቅዱስ ትንሳኤ ምውታት ከምዘሎ ኣብ ክልተ ኽፈሉ ይምህረና። ዮሃ 5፡28-29 "ኣብ መቓብር ዘለው ኹላቶም ድምጹ ዚሰምዑላ ሰዓት ክትመጽእ እያ ሰናይ ዝገበሩ ናብ ትንሳኤ ህይወት። እኩይ ዝገበሩ ኸኣ ናብ ትንሳኤ ፍርዲ ኺወጹ እዮም እሞ በዚ ኣይትደነቑ" ይብል። ከምኡውን ዳን 12፡2 "ካብቶም ኣብ መሬት ምድሪ ደቂሶም ዘለውስ ብዙሓት ገሊኦም ናብ ናይ ዘልኣለም ህይወት ገሊኦም ከኣ ናብ ሕፍረትን ናብ ናይ ዘልኣለም ነውርን ኪበራበሩ እዮም" ይብል። ብዛዕባ እቲ ካልኣይ ሞት ዝብል እቶም ካብ ምውታት ተንሲኦም ናብ ፍርዲን ዘልኣለማዊ ነውርን (ሕፍረት) ዝኸዱ ኣብ ምዕራፍ ሽዱሽተ ናይዛ መጽሓፍ እዚኣ ፍርዲ ጻዕዳ ዝፋን ዝብል ርአ። እዚ ሕጂ ንሪአ ትንሳኤ ግና ናይቶም ብክርስቶስ የሱስ ኣሚኖም ናይ ዘልኣለም ህይወት ዝወርሱ ጥራይ እዩ ። ትንሳኤ ምውታት ማለት እቲ ሓላፊ ኣዳማዊ ስጋን ነፍስን በቲ ዘይሓልፍ ሰማያዊ ስጋን መንፈስን ተተኪኡ ምስ ተንስአ መሊሱ ዘይመውት እዩ። ነዚ ሓሳብ ክድግፈና ዝኽእል 1ቆሮ 15፡54 "እዚ ሓላፊ ዘይሓልፍ ምስ ለበሰ፣ እዚ መዋቲ ዘይመውት ምስ ለበሰ፣ ሽዑ እቲ ጽሑፍ ሞት ብዓወት ተዋሕጠ ዝበሎ ቃል ኪፍጸም ኢዩ" ይብል። ከምኡውን

ኣብ ሮሜ 6፡8-9 "እቲ ኻብ ምውታት ዝተንስኤ ክርስቶስ መሊሱ ከም ዘይመውት ሞትውን ኣብኡ ከምዘይመልኽ ፈሊጥና ኣሎና።" ይብል። ብዛዕባ እቲ ኣብ 2 ነገ 13፡21 ካብ መቓብር ኤልሳእ ዝተንስኤ ምውት፣ ኣብ ሉቃ 7፡11-17 ኣብ ናይን ትብሃል ከተማ የሱስ ክርስቶስ ዘተንስኦ ጎበዝን ከምኡውን ኣብ ዮሃ 11፡38-45 ኣልኣዛር ካብ ሞት ምትንስኡ ... .. ወዘተ፣ እዞም ሰባት እዚኣቶም በቲ ሓላፊ ኣዳማዊ ስጋ ደኣንበር፣ ብሰመያዊ ስጋ ስለ ዘይተንስኡ፣ እንደገና ውን ስለዝሞቱ ምትንሳእ ናይዞም ሰባት ትንሳኤ ምውታት ተባሂሉ ኣይጽዋዕን።

<u>ቀዳማይ ትንሳኤ ምውታት</u>

ሀ. እቲ ካብ ሰማየ ሰማያት ዝወረደ ካብ ድንግል ማርያም እተወልደ ዝርኣን ዘይርኣን ዝፈጠረ በኹሪ ኩሉ ፍጥረት ናይ ነገስታት ንጉስ ዝኾነ የሱስ ክርስቶስ ቅድሚ 2000 ዓመት ሓጢኣት ኩሉ ዓለም ክርሕቕ ኣብ መስቀል ሞይቱ ምስ ተቐብረ፣ ሓይሊ ሞትን ሲኦልን ኣጽኒዑ ክሕዞ ስለ ዘይከኣለ ንሞት ስዒሩ ካብ ሞት ተንሲኡ። እቲ ዝጠሚ (ሉቃ 4፡2) ዝድቅስ (ማር 4፡38) ዝደክም (ዮሃ 4፡6) ዝነበረ ግኡዝ ስግኡ (ምድራዊ ስጋኡ) ናብ ሰማያዊ ስጋ ስለ ዝተለወጠ እቲ ስጋ ኣብ መቓብሩ ኣይጸንሓን። ስለዚ የሱስ ክርስቶስ በኹሪ ኮይኑ ካብ ምውታት ተንሰኡ። በኹሪ ማለት ቀዳማይ ማለት ኢዩ። ሰብ ኣብ ምድሪ ካብ ዝፍጠር ከምዚ ናይ ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ሞይቱ ዝተንሰአ ዋላ ሓደ የለን። ስለዚ ድማ እዩ በኹሪ ተባሂሉ። 1ቆረ 15፡20-23 "ሕጂ ግና ክርስቶስ በኹሪ እቶም ዝደቀሱ ኾይኑ ካብ ምውታት ተንስአ።

ስለዚ ከምቲ ሞት ብሓደ ሰብ ዝመጸ ከምኡ ኸኣ ትንሳኤ ምውታት ብሓደ ሰብ ኢዩ ዝመጸ ከምቲ ኩላቶም ብኣዳም ዝሞቱ ከምኡ ድማ ኩላቶም ብክርስቶስ ህያዋን ክኾኑ ኢዮም





ግናኸ ነፍሲ ወከፍ በብስርዓቱ እዩ። ክርስቶስ ከም በኹሪ ደሓር እቶም ናይ ክርስቶስ ዘበሉ ብምጽኣቱ" ይብል። የሱስ ክርስቶስ መለከዒ ኩሉ ናይቶም ብእኡ ኣሚኖም ዝዳሓኑ ስለ ዝኾነ ንዕኡ መሲሎም ክትንስኡ ኢዮም ። 1ዮሃ 3፡2 "ኣቱም ፍቁራተይ ሕጂ ውሉድ ኣምላኽ ኢና እንታይ ከምእንኸውን ክአ ገና ኣይተገልጸን። ንሱ ምስ ዝግለጽ ግና ከምታ ዘለዋ ክንርእዮ ኢና እሞ ንእኡ ከም እንመስል ንፈልጥ ኣሎና።" ይብል። 1 ቆረ 15፡49 "ከምቲ ምስሊ እቲ መሬታዊ ዝለበስና ምስሊ እቲ ሰማያዊ ድማ ክንለብስ ኢና" ይብል። ከምኡውን ኣብ ፊሊ 3፡21 "ንሱ በቲ ኻኹሉ ኺመልከሉ ዝከኣሎ ሓይሊ ነቲ ክቡር ስጋኡ ምእንቲ ኺመስል ነዚ ናይ ውርደት ስጋና ኪልውጦ እዩ" ይብል።

ለ. ምንጣቕ፦ ምንጣቕ ማለት የዒንቲ ሰባት ከይራኣያኻ (ተሰዊርካ) ናብ ሰማይ ምዕራግ ወይ ምቑላብ ማለት ኢዩ። እዚ ድማ ቅድሚ ሽውዓተ ዓመት ንግስነት ጸረ ክርስቶስ (ናይ መከራ ዘመን) የሱስ ክርስቶስ ንማሕበሩ ክወስድ ከም ሰራቒ ኮይኑ ኣብ ኣየር ዝግለጸሉ ጊዜ እዩ ዝፍጸም። እቶም ብክርስቶስ የሱስ ኣሚኖም ካብዛ ዓለም ብሞት ዝተፈለዩን ኩሎም እቶም ብህይወት ዘለዉ እሞ ነቒሖም ዝጸንሑ ክንጠቑ እዮም። እዚኦም ናብቲ ናይ ሽውዓተ ዓመት መከራ (ግዝኣት ጸረ ክርስቶስ) ኣይኣትዉን እዮም። ኣፈጻጽማ ናይዚ ምንጣቕ ልክዕ ከምቲ ብዘመን ኖህን ሎጥን ዝኾነ ከም ዝመሳሰል ኣብ ሉቃ17፡26-30 ክሳዕ እታ ኖህ ናብ መርከብ ዝኣተወላ መዓልቲ ይበልዑን ይሰትዩን የእትዉን የተኣታትዉን ነበሩ። ማይ ኣይሂ ድማ መጺ ንኩሎምውን ኣጥፍኤ። ብዘመን ሎጥ ድማ ከምኡ ኾነ፣ ይበልዑን ይሰትዩን ይሸጡን ይሻየጡን ይተኽሉን ይህንጹን ነበሩ። በታ ሎጥ ካብ ሶዶም ዝወጸላ መዓልቲ ድማ ካብ ሰማይ ሓውን ዲንን ወረደ፣ ንኹሉ ኸአ ኣጥፍኤ። በታ ወዲ ሰብ ዚግለጸላ መዓ ልቲ ድማ ከምኡ ኪኸውን እዩ ይብል።

1ቆረ15፡51 "እነሆ ምስጢር እነግረኩም ኣለኹ ኩላትና ኽንልወጥ እምበር ኩላትና ኣይክድቅስን ኢና። ብሓንሳብ ብቕጽበት ዓይኒ በቲ ናይ ድሕሪ ኹሉ እቲ መለኸት ክንፋሕ እዩ እሞ እቶም ምውታት ድማ ብዘይሓልፍ ኪትንስኡ እዮም ንሕናውን ክንልወጥ ኢና።" ይብል። 1ተሰ 4፡13 "ግናኸ ኣሕዋተይ ኸምቶም ተስፋ ዘይብሎም ካልኣት ምእንቲ ኸይትሓዝኑ ብዛዕባ እቶም ደቂሶም

ዘለው ብዘይ ፍልጠት ክትኮኑ ኣይፈቱን እየ። ማለት የሱስ ከም ዝሞተን ከም ዝተስኤን ኣሚንና እንተ ኾንና ክምኡውን ኣምላኽ ነቶም ብየሱስ ዝደቀሱ ምስኡ ኼምጽኦም ኢዩ። ንሕና ክሳዕ ምጽኣት ጐይታ ብህይወት እንጸንሕ ክኣ ነቶም ዝደቀሱ ከቶ ከም ዘይንቕድሞም እዚ ብቃል ጐይታ ንብለኩም ኣሎና። ጐይታ ባዕሉ ብናይ ትእዛዝ ጭድርታን ድምጺ ሊቀ መላእኽትን ብመለኸት ኣምላኽን ካብ ሰማይ ኪወርድ እቶም ብክርስቶስ ዝሞቱውን ቅድም ኪትንስኡ እዮም። ድሕርዚ ንሕና ብህይወት ጸኒሕና ዘሎና ንምቕባል ጐይታ ኣብ ኣየር ምሳታቶም ሓቢርና ብደበና ክንለዓል ኢና ክምኡውን ንሓዋሩ ምስ ጐይታ ኽንነብር ኢና። ደጊም በዘን ቃላት እዚኣተን ንሓድሕድኩም ተጸናናዑ" ይብል።

እቶም ዝንጠቑ ሰባት፡-

1. ኣብ ብሉይ ኪዳን ኣብ ጽላሎት የሱስ ክርስቶስ ዝተመላለሱ (ብክርስቶስ የሱስ ኣሚኖም ተስፋ ዝገበሩ ኩሎም እቶም ኣብ ሓድሽ ኪዳን ብክርስቶስ የሱስ ኣሚኖም ዳግም ተወሊዶም ዝሞቱ (ዝደቐሱን) እዮም።
2. ኩሎም እቶም ነቒሖም ብህይወት ዝጸንሑ ከም ፍቓዱ ዝመላለሱ ኢዮም ዝንጠቑ።

እቶም ካብ ምንጣቕ ዝተርፉ እዞም ዝስዕቡ እዮም።

1. ዓለማውያን፡- ብክርስቶስ የሱስ ኣሚኖም ዳግም ስለ ዘይተወልዱ ኣይንጠቑን እዮም።
2. ብየሱስ ክርስቶስ ኣሚኖም ዳግም ዝተወልዱ ግናኸ ምስ ዓለም ሕብረት ዘለዎም ኣይንጠቑን እዮም። ማቴ 24፥48 "ነቲ ክፉእ ባርያ ግና ብልቡ ጐይታይ ይድንጒ እዩ እንተ በለ ነቶም ብጾቱ ባሮት ምውቃዖም ይጅምር። ምስቶም ሰኸርቲውን ይበልዕን ይሰትን ጐይታ እቲ ባርያ እቲ ንሱ ብዘይ ተጸበያ መዓልቲ ብዘይፈለጣ ጊዜውን ኪመጽእ ኢዩ ኣብ ክልተ ኺጭንድሖ ዕድሉ ድማ ምስ ግቡዛት ክገብሮ ኣብኡ ኸኣ ብኽያትን ምሕርቓም ኣስናንን ኪኸውን እዩ።
3. ብየሱስ ክርስቶስ ዝኣመኑ ግን ክኣ ምስቲ ኣምላኽ ዘይቅበሎ ህይወት ዘይህብ ስርዓት ዝሓብሩ ኣይንጠቑን እዮም። 2ቆረ 6፥15 "ክርስቶስ ምስ ብልያል እንታይ ምስምማዕ ኣለዎ ወይስ ንኣማኒ ምስ ዘይኣማኒ እንታይ ግደ ኣሎዎ ንመቕደስ ኣምላኽከ ምስ ጣኦታት እንታይ ስምምዕ ኣለዎ" ይብል። 1ቆረ 3፥17 "ሓደ እኳ ነታ





4. ቤት መቅደስ ኣምላኽ እንተ ኣማሰነ ኣምላኽ ከማስኖ እዩ" ይብል።

ብዛዕባ እዚ ምንጣቕ ዝብል ሓሳብ ኣብ ምልክት መወዳእታ ዘመን ትብል መጽሓፍ ኣብ ምዕራፍ ሽድሽተ ብሰፊሑ ተጻሒፉ ስለዘሎ ኣብኡ ርኤ።

ሐ. ትንሳኤ ናይቶም ብጸረ ክርስቶስ ዝተቀትሉ ክልተ ሰባት ራኢ 11፥7-12 "ምስክሮም ምስ ፈጸሙ ኸኣ እቲ ካብ መዓሙቅ ዚወጽእ ኣራዊት ምሳታቶም ውግእ ክገብርን ኪስዕሮምን ኪቀትሎምን እዩ። ሬሳታቶም ከኣ ኣብ እደባባይ እታ ጐይትኦም እተሰቕለላ ብመንፈሳዊ ሓሳብ ከኣ ሰዶምን ግብጽን እትብሃል ዓባይ ከተማ ኺተርፍ እዩ።.. .. ድሕሪ ሰለስተ ማዓልትን ፈረቃን ድማ መንፈስ ህይወት ካብ ኣምላኽ ኣተዎም በእጋሮምውን ቈሙ ነቶም ዝጠመትዎም ከኣ ብርቱዕ ፍርሃት ወደቆም እሞ ነጀው ደይቡ ዚብሎም ዓብዪ ድምጺ ኻብ ሰማይ ሰምዑ ብደበና ድማ ናብ ሰማይ ደየቡ እሞ እቶም ጸላእቶም ጠመትዎም"ይብል እዞም ክልተ ሰባት ብደበና ናብ ሰማይ ክዓርጉ ክለው ጸላእቶም እናጠመትዎም እዮም ዝዓርጉ እዚ ከኣ ምስቲ ጐይታ የሱስ ክርስቶስ ደቂ መዛሙርቱ እናጠመትዎ ዝዓረገ የመሳስል። ግብ 1፥9 "እዚ ምስ በሰ ድማ እናረኣይዎ ዓረገ ካብ ኣዒንቶም ከኣ ደበና ተቐበለቶ"ይብል።

መ. እቶም ካብ ምንጣቕ ዝተርፉ ኣመንቲ እሞ ናብቲ ናይ 7 ዓመት ናይ ጸረ ክርስቶስ መንግስቲ ናይ መከራ እዋን ዝኣትው ምስሊ እቲ ጸረ ክርስቶስ (ኣራዊት) ዘይሰገዱን ማሕተሙውን ዘይተቀበሉን ስለ ስም የሱስ ክርስቶስ ዝሰየፉ ድሕሪ ናይ 7 ዓ መት መከራ የሱስ ክርስቶስ ንሽሕ ዓመት ክነግስ ምስ መጸ ካብ ምውታት ክትንስኡን ምስ የሱስ ክነግሱን ኢዮም። ራእ 20፥4-6፥ 'ዝፋናት ድማ ርኤኹ ኣባታቶም ከኣ ተቐመጡ፥ ፍርዲ ውን ተዋህቦም፡፡ ነፍሳት እቶም ምእንቲ ምስክር፥ የሱስን ምእንቲ ቃል ኣምላኽን እተሰየፉ፥ ነቲ ኣራዊትን ንምስሉን ከኣ ዘይሰገዱ ማሕተምውን ኣብ ግምባሮም ፥ ወይስ ኣብ ኣእዳዎም ዘይተቐብሉ ድማ ርኤኹ፡፡ እዚኣቶም ህያዋን ኮኑ እሞ ምስ ክርስቶስ ሽሕ ዓመት ነገሱ፡፡ እቶም ዝተረፉ ምውታት፥ ግና እተን ሽሕ ዓመት ፥ክሳዕ ዚፍጸማ፥ ህይወት ኣይረኸቡን፡፡ እዚ እቲ ቀዳማይ ትንሳኤ እዩ፡፡ ኣብቲ ቐዳማይ ትንሳኤ ዕድል ዘለዎ ብጹኡን፥ ቅዱሱን እዩ ይብል። ነዚ ሓሳብ ዝገልጽ ኣብ ምልክት መወዳእታ ዘመን እትብል መጽሓፍ ኣብ ምዕራፍ ዓሰርተ ሰለስተ ርኤ።

እዚ ዝርኣናዮ ካብ ሀ ስጋብ መ ቀዳማይ ትንሳኤ ተባሂሉ ይጽዋዕ።

## ካልኣይ ትንሳኤ ምውታት

እዚ ካልኣይ ትንሳኤ ካልኣይ ሞት ተባሂሉውን ይጽዋዕ እዩ። እዚ ካልኣይ ትንሳኤ ዝፍጸመሉ ግዜ ድሕሪ ሽሕ ዓመት ንግስነት የሱስ ክርስቶስ ኢዩ።

ራእ. 20፥5 "እቶም ዝተረፉ ምውታት ግና እተን ሽሕ ዓመት ክሳዕ ዝፍጸማ ህይወት ኣይረኸቡን" ይብል። እዞም ኣብዚ ዝትንስኡ ሰባት ኩሎም እቶም ኣብ ብሉይ ኪዳን ኣብ ጽላሎት ጐይታ የሱስ ክርስቶስ ዘይተመላለሱን ኣብ ሓድሽ ኪዳን ብየሱስ ክርስቶስ ኣሚኖም ዳግም ዘይተወልዱን ኩሎም እዮም። ኣብዚ ካልኣይ ትንሳኤ ዝትንስእ ሰብ ገሃነም እሳት ንክድርበ ዝፍረድ ሰብ ጥራይ ኢዩ።

ራእ. 20፥11-15 "ዓብዩ ጻዕዳ ዝፋንን ከኣ ርኤኹ ምድርን ሰማይን ካብ ገጹ ሀደሙ ቦታውን ኣይትረኸበሎምን ምወታት ድማ ዓበይትን ናኣሽቱን ኣብ ቅድሚ እቲ ዝፋን ደው ኢሎም ርኤኹ መጽሓፍቲውን ተገንጸሉ። ካልእ መጽሓፍ ከኣ ተገንጸለ እዚውን እቲ መጽሓፍ ህይወት ኢዩ። እቶም ምውታት ከምቲ ኣብቲ መጽሓፍ እተጻሕፈ ከከም ግብሮም ተፈርዱ ባሕሪ ድማ ነቶም ኣብኣ ዘለዉ ሙውታት ወፈየት ሞትን ሲኦልን ኣባታቶም ዘለው ምውታት ወፈዩ ነፍሲ ወከፍ ካኣ ከከም ግብሮም ተፈርዱ ሞትን ሲኦልን ውን ናብቲ ቀላይ ሓዊ ተደርበዩ እዚ እቲ ካልእይ ሞት ኢዩ። ማለት ቀላይ ሓዊ ዝኾነ ደኹን ኣብ መጽሓፍ ህይወት ተጻሒፉ ዘይተረኸበ ናብቲ ቀላይ ሓዊ ተደርበየ።"ይብል። ኣፈጻጽማ ፍርዲ እግዚኣብሄር ኣብቶም ዘይኣምኑ ከምቲ ንገሊኣቶም ዝመስሎም ኣብ ሚዛን እንዳተመዘንካ ገበንካ እናተነበ ትፍረድ ዓይነት ፍርዲ ኣይኮነን። ምኽንያቱ ኣብቲ ቀዳማይ ሞት ክንርኢ ኸለና ኣዳም ሓጢኣት ምስ ፈጸመ ጥራዩ ኮይኑ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ክቐውም ስለ ዘይከኣለ ካብ ገጽ እግዚኣብሄር ሃዲሙ ናብ ጸልማት ከም ዝኸደ ወይ ከም ዝተሓብእ ንርኢ። ከምኡ ድማ እቶም ብክርስቶስ





የሱስ ዘይኣምኑ ካብ ምውታት ዝትንስኡ ኩሎም ክዳን ጽድቂ ስለ ዘይብሎም ጥራዮም (ሓጥኣን) ስለ ዝኮኑ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ክቆሙ ስለ ዘይክእሉ ካብ ገጽ እግዚኣብሄር ሃዲሞም ናብ ገሃነም እሳት ክኣትው እዮም መዓልታት ወይ መወዳእታ ዘይብሉ ንዘልኣለም ክሳቐዩ እዮም።

# ምዕራፍ 6

## ዘልኣለማዊ ፍርዲ

እግዚኣብሄር ጻድቕ ፈራዲ እዩ፣ ዝኾነ ይኹን ሓጢኣት ይዕበ ይንኣስ ክይፈረደ ሽለል ኢሉ ኣይሓድጎን እዩ። ፍርዲ እግዚኣቢሄር ኣብ ሰለስተ ዓበይቲ ክፋላት ክፈልና ክንርእዮ ኢና።

### 1ይ ናይ መጠንቀቕታ ፍርዲ

እዚ ናይ መጠንቀቕታ ፍርዲ ብሃገር ደረጃ ኮነ ብውልቂ ደቂ ሰባት ክብድሉ ኽለው ካብ በደሎም ንኽምለሱ(ንኽንስሑ) ዝቕጽዕ ዎ መቕጻዕቲ እዩ። ብሃገር ደረጃ ክንብል ክለና ንኣብነት መንግስቲ ንኣምላኽ ዝኸሕድ ፍርሃት ዘይብሉ ምስ ዝኸውን እሞ ብመገዲ ርኽሰትን ዓመጽን ምስ ዝኸይድ እቲ ህዝቢ ስዲ ስለ ዝኸውን ይቕጻዕ፣ ክምኡውን መራሕቲ ሃይማኖት ነቲ ህዝቢ ናብ ጣእት መሪሖም ካብ እግዚኣቢሄር ምስ ዝርሕቕዎ፣ ወይ'ውን ዓ በይቲ ዓዲ ዓገብ ዘይብሉን ነውሪ ግና ዘተባብዑ ምስ ዝኾኑ፣ ቑጥዓ ወይ ፍርዲ ኣምላኽ ብክልተ መገዲ ይግለጽ።

ሀ. ኣብ ልዕሊ ዘራእትን እንስሳታትን ኣብ ብዘሎ ምድሪ ደርቂ ይኸውን ወዘተ . . . ዩኤ 1፥16-20 ከምዚ ይብል "መግቢ ካብ ቅድሚ ዓይንና ሓጎስን ደስታን ከኣ ካብ ቤት ኣምላኽናዶ ተወሲዱ ኣይኮነን፣፣ እቲ ዘርኢ ኣብ ትሕቲ ድንኩሉ መሽመሸ፣ እኽሊ ሃጕጕ እዩ እሞ፣ ቆፋፉ ባዶ ኾነ፣ ማዕከን ውን ፈረሰ። እየ እንስሳታት ዓዕ ይብሉ። እተን መጓሰ ኣሓ ዝጓሰያሉ ስለ ዘሰኣና ቃህመማ መጓሰ ኣባጊዕ ድማ ይስቀያ ኣለዋ ነቲ ኣብ በረኻ ዘሎ መጓሰይስ ሓዊ በሊዕዎ ንኹሉ ኣእዋም መሮር ከኣ ሃልሃልታ ሞኽ ኣቢልዎ ኢዩ እሞ ዎ እግዚኣቢሄር ኣጫኻ ኤእዊ ኣሎኹ ዋሓዚ ማያት ነጺፈ ነቲ መጓሰይ በረኻ ድማ ሓዊ በሊዕዎ እዩ እሞ እንስሳ መሮር'ውን ናጫኻ የእውያ ኣለዉ" ይብል።





ከምኡውን ሃጌ. 1፥9-11 "ንሽኻትኩም ብዙሕ ተጸበኹም እንሆ ኽኣ ሒደት እዩ ናብ ቤት ምስ ኣእተኹምዎ ኽኣ ኣነ ኡፍ በልኩሉ ሰለምንታይ ይብል እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት ነፍሲ ወከፍ ናብ በቤትኩም እና ጐየኹምሲ ቤተይ ስለ ዝዓነወት እዩ ስለዚ ሰማያት ብሰርኹም ኣውሊ ኽልከለ ምድሪ ኽኣ ፍሬኣ ኽልኤት፣፣ ኣነውን ኣብ ልዕሊ ምድርን ኣብ ልዕሊ ኣኽራንን ኣብ ልዕሊ እኽልን ኣብ ልዕሊ ወይንን ኣብ ልዕሊ ዘይትን ኣብ ልዕሊ እቲ ምድሪ እተብቅሎን ኣብ ልዕሊ ሰብን ኣብ ልዕሊ እንስሳን ኣብ ልዕሊ ኹሉ ዕዮ ኣእዳውን ደርቂ ጸዋዕኩ" ይብል።

ደቂ ሰባት ነዚ ዝወረዶም ፍርዲ ርእዮም እንተ ተነሲሖም እግዚኣቢሄር ምሕረት ይገብረሎም እዩ። ብእኡ ክኣምኑን ዘልኣለማዊ ዝኾነ ምኽሩን መገዱን ንኽፈልጡ ኣብ ምድሪ ንኽነብሩ ዕድል ይህቦም። ንኣብነት ብዘመን ኤልያስ ብምኽንያት ኢዛቤልን ንጉስ ኣካኣብን ኩሉ ህዝቢ እስራኤል ደድሕሪ በዓል ሰለዝሰዓበ ንሰለስተ ዓመት ድርቂ ኮይኑ ድሕሪ እዚ ግና ኤልያስ ኣብ ከረን ቀርሜሌዎስ ብዓል ኣምላኽ ከምዘይኮነ ምስ ኣፍለጦም ኩሉ ህዝቢ ንእግዚኣቢሄር ብግንባሩ ተደፊኡ ሰጊድሉ (ተነሲሑ) ብኡብኡ ድማ ብርቱዕ ዝናብ ከም ዝወረደ ንርኢ። 1 ነገ ምዕ 17ን18ን ከምኡ ድማ ዮናስ 3- ካብ 1ክሳዕ 9 ርኤ፣፣ ሰባት ነዚ ዝወረዶም መቕጻዕቲ ርእዮም እንተዘይተመሊሶም ( እንተዘይተነሲሖም) እቲ ፍርዲ ናብ ዝገደደ ይሰግር ።

ለ. እቲ ሃገር ወይ እቲ ህዝቢ ብሞት ይጸንት እዚ ኽኣ ነተን ኣብ ከባቢኣ ዘለዋ ህዝብታት ወይ ሃገራት በቲ እታ ዝተቐጽዓት ሃገር ዝኸደቶ መንገዲ መታን ከይከዳ መጠንቀቕታ ወይ ድማ መምሃሪ ይኸውን። 2 ጴጥ 2፥5-6 ከምዚ ይብል "ነታ ቀዳመይቲ ዓለም ድማ ካብ ዘይነሓፋስ ናብታ ናይ ሓጥኣን ዓለም ማይ ኣይሂ ምስ ኣውረደ ኽኣ ንኖህ ሰጣኽ ጽድቂ ሻምናይ ርእሱ ሓለዎ። ነቶም ድሓር ዝመጹ በደለኛታት መሰከሒ ገይርወን፣ ንኽተማታት ሰዶምን ጎመራን ሓሙኽሽቲ ገይርወን ንምግምጣል ፈረደን" ይብል። 1ቆረ 10፥11 "እዚ ንኩሉ መሰበሚ ኮኾኖም እዩ እተጻሕፈ ንዓና እቲ መወዳእታ ዘመን ንዘርከብናውን ንተግሳጽ ክኾነና እዩ እተጻሕፈ" ይብል። እዚ ፍርዲዚ ዋላ ብውልቂ ውን ዝበጽሕ ፍርዲ ኢዩ።

## 2ይ ፍርዲ ኣብ መስቀል

የሱስ ክርስቶስ ኣብ መስቀል ተፈሪዱ ክንብል ከለና እግዚኣብሄር ኣምላኽ ነቲ ዘሰንብድ ክቢድ ቁጥዕኡ ብዘይ ንሕስያ ንየሱስ ምቕጽዑ (ምፍራዱ) ንሓጢኣት ሸለል ክምዘይብሎን ከይፈርደ ክምዘይሓድጎን ጻድቕ ፈረዲ ምዃኑን የረድኣና።

እብ 5፡7 "ንሱ ብዘመን ስጋኡ ክሎ ብብርቱዕ ኣውያትን ንብዓትን ናብቲ ካብ ሞት ኬድሕኖ ዚከኣሎ ጸሎትን ምህለላን ምስ ኣቕረበን ብዛዕባ ንኣምላኽ ምፍራሁ ምስ ተሰምዔ ወዲ እኳ ክነሱ በቲ እተሰቅዮ ስቅያት ምእዛዝ ተማህረ" ይብል። ኢሰ 53፡7 "መከራ ጸገበ ርእሱ ኣውረደ ኣፉውን ኣይከፈተን። ኣብ ፍቕዲ 10 ድማ "እግዚኣብሄር ግና ብመከራ ኪሕምሽሾ ፈተወ ነፍሱ ንመስዋእቲ ሓጢኣት ምስ ወፈያ ዘርኢ ኪርኢ መዓልታቱ ኬንውሕ እዩ" ይብል። እቲ የሱስ ክርስቶስ ኣብ መስቀል እተሳቐዮ ስቃይ እቲ ኣብ ገሃነም እሳት ዝርከብ ስቃይ ጭንቀትን ዓቕሊ ጽበትን ክምዘለዎ ኣብ ስግኡ (ነብሱን) እዩ ተገሊጹ(ወሪዱ)። ዝኾነ ይኹን ሰብ ብዝተፈላለየ ምኽንያት ኣብ ስግኡ ዝወርዶ ስቃይ ምስቲ የሱስ ክርስቶስ ዝተሳቐዮ ስቃይ ፈጺሙ ከመሳስሎ ዘይክእል ኢዩ፡፡

እዚ ማለት ካብ ባሕሪ ብጭልፋ ከም ምውሳድ ማለት እዩ። እብ 9፡27 "ከምቲ ንሰብ ሓንሳእ ሙማት ብድሕሪኡውን ፍርዲ እትስርዮ" ይብለና። እዚ ሓንሳእ ሞት ኢልዎ ዘሎ እቲ ካብ ዘርኢ ኣዳም ናብ ኩሉ ሰብ ዝሓልፍ ዘርኢ ሓጥያት ዘስዓቦ ሞት ኢዩ ቀዳማይ ሞት ተባሂሉ ድማ ይጽዋዕ። እዚ ፍርዲ ተሰርዮ ዝብል ድማ ድሕሪ ትንሳኤ ፍርዲ ጻዕዳ ዝፋን እዩ። ኣብ ፍርዲ ጻዕዳ ዝፋን ዝቐርብ ኩሉ ናብ ቀላይ ሓዊ (ገሃነም እሳት) ዝድርበ እዩ። ጐይታ የሱስ ክርስቶስ፡ ካብ ፍርዲ ሓራ ጌሩና ክንብል ከሎና እቲ ኣብ ጻዕዳ ዝፋን ክንፍረዶ ዝግብኣና ፍርዲ እዩ ተፈሪድዎ። እምበኣር ነስተውዕል የሱስ ክርስቶስ ምእንታና ካብ ተፈርደ፡ እቶም ብእኡ ዝኣመኑ ኩሎም ናብ ፍርዲ ጻዕዳ ዝፋን ኣይበጽሑን እዮም (ሓራ ኢዮም) ዮሃ 3፡18 "ብእኡ ንዝእምን ኣይፍረዶን ነቲ ዘይኣምን ግና ብስም ሓደ ወዲ ኣምላኽ ስለ ዘይኣመነ ድሮ ተፈሪድዎ ኣሎ" ይብል። ከምኡውን ዮሃ 5፡24 "እቲ ንቓለይ ዝሰምዖን በቲ ዝላኣኸኒ ዝኣምንን ናይ



እንኮ መንገዲ ምድሓን ዘልኣለም ህይወት ኣላቶ ንሱ ካብ ሞት ናብ ህይወት ተሳጊረ እምበር ናብ ፍርዲ ክምዘይበጽሕ ብሓቂ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ" ይብል።

## 3ይ ድሕሪ ትንሳኤ ሙታን ዘሎ ፍርዲ

እዚ ፍርዲ እዚ ኣብ ክልተ ከፊልና ክንሪኦ ኢና። ንሱ ድማ ፍርዲ መንበረ ክርስቶስ የሱስን ፍርዲ ጻዕዳ ዝፋንን ዝብል ኢዩ።

### ሀ. ፍርዲ መንበረ ክርስቶስ (ምዕዳል ዓስቢ)፡-

እቶም ኣብ ብሉይ ኪዳን ኣብ ጽላሎት የሱስ ክርስቶስ ዝተመላለሱን ኣብ ሓድሽ ኪዳን ከኣ ብክርስቶስ ኣሚኖም ዳግም ዝተወልዱን ኩሎም ናይቲ ኣገልግሎትን ስለስሙ ዝኸፈልዎ ክቢድ ዋጋን ወዘተ. . . ነፍሲ ወከፍ ዘዝግብኦ ካብ የሱስ ክርስቶስ ዓስቢ ክቕበል ኢዩ። እዚ ፍርዲዚ ክምተን ኣጣል ዝፈረደን ወይ ቁጥዓ እምላኽ ዘመልክት ኣይኮነን። 2 ቆረ 5፡10 "ነፍሲ ወከፍ ነቲ ብስጋኡ ከሎ ዝገበሮ ሰናይ ኮነ ወይስ እከይ ምእንቲ ኪቕበል ኩላትና ኣብ ቅድሚ መንበር ፍርዲ ክርስቶስ ብግዲ ክንግሃድ ኢና ስለዚ ድማ ኣብ ስፍራና እንተ ኣሊና ወይስ ኣብ ወጻኢ ንእኡ ክንሕጉሶ ንጽዕት ኣሎና።"ይብል

1ቆረ 3፡12-15 "ሓደ እኻ ኣብ ልዕሊ እዛ መሰረት እዚኣ ወርቂ፡ ብሩር፡ ክቡር እምኒ፡ ዕምጨይቲ፡ ሳዕሪ ወይስ ሓሰር እንተ ሰርሔ እታ መዓልቲ እቲኣ ብሓዊ ክትግለጽ እያ እሞ ክትቀልዮ ኢያ። ግብሪ ነፍሲ ወከፍ ኪግሃድ እዩ ንግብሪ ነፍሲ ወከፍ ከኣ ከመይ ምዃኑ እቲ ሓዊ ኪፍትኖ እዩ። ሰብ እቲ ኣብ ልዕሊኡ እተሃንጸ ዕዮ እንተ ጸንዓሉ ዓስቢ ኪቕበል እዩ። እቲ ዕዩኡ እንተ ነደደ ግና ዓስቡ ክስእን እዩ፡፡ ንርእሱ ግና ኪድሕን፡ ግናኸ ከምቲ ብሓዊ ሓሊፉ ዝደሓነ እዩ።" ይብል ሮሜ 14፡11 "...... ኩላትና ኣብ ቅድሚ መንበር ፍርዲ ኣምላኽ ደው ክንብል ኢና ስለምንታይ ዳኣ ንሸኻ ኣብ ሓውኻ እትፈርድ ወይስ ንምንታይ ንሓውኻ እትንዕቕ እምብኣርሲ ነፍሲ ወከፍ በብናይ ርእሱ ንኣምላኽ ጸብጻብ ክህብ እዩ" ይብለና። እዚ መንበር ፍርዲ

ክርስቶስ የሱስ ምስ ተፈጸመ ናይ ሽሕ ዓመት ንግስነት ክጅምር ኢዩ።

## ለ. ናይ ዘልኣለም ፍርዲ (ፍርዲ ጻዕዳ ዝፋን)

እዚ ኣብ ልዕሊ ሓጢያትን ሓጢያተኛታትን ዝፍጸም ክቢድ ፍርዲ ዘልኣለማዊ እዩ። እዚ ዘልኣለማዊ ዝብል ቃል ብግሪኽ ኣዮን (aion) ብእብራይስጥ ድማ ኣይወቭ (aiwv) ዝብል መወዳእታ ዓመታት ዘይብሉ ኢዩ። ካብዚ ጻዕዳ ዝፋን ዝፍረድ ኩሉ እብቲ ብሓውን ዲንን ዝነድድ ቀላይ (ገሃነም እሳት ) ክድርበ እዩ። ገሃነም ማለት ለስሂኖም ማለት ኢዩ። ኣብዚ ለስሂኖም ናይ ከተማ ዮሪሳሌም ጋሓፍ ይጎሓፍ ስለዝነበረ ነቲ ጎሓፍ ካእ ብሓዊ የንድድዎ ስለ ዝነበሩ ኩሉ ግዜ ዘይጠፍእ ሓዊ ዝነበሮ ቦታ ነበረ። በዚ ምኽንያት እዚ ኸኣ እዚ ቦታ እዚ ምሳሌ ስፍራ ሓጢኣተኛታት ኮይኑ ይርከብ።

እግዚኣብሄር ንነፍሲ ሓጢኣተኛታት ንስጋእምን ነፍሶምን ኣብ ገሃነም የጥፍእ። እቶም ሓጢኣተኛታት ካብ ገሃነም ኣይክወጹን እዮም። ናይ ገሃነም ሓዊ ኣይጠፍእን ሓሳኽኡ ከኣ ኣይመውትን ኢዩ። ማር 9፥43-48 ርኤ፡፡ እግዚኣብሄር ጻድቕ ፈራዲ ኢዩ ንሓጢያትን ረኽስትን ኩሉ ናብ ገሃነም ክድርብዮ ኢዩ። እቶም ናብዚ ቀላይ ሓዊ ዝድርበዩ ኣብ ኣርባዕተ ክፈልና ክንርዮም ኢና።

### 1. ሰይጣን (ዝወደቁ መልኣኽቲ)

ሰይጣን ቅድሚ ሓጢያት ምፍጻሙ ቅዱስ መልኣኽ ኢዩ ነይሩ። ህዝ 28፥14-17 ከምዚ ይብል "ንስኻ ዘጽልል ቁቡእ ኪሩብ ነበርካ። እነ ኣብቲ ቅዱስ ከረን ኣምላኽ ኣስፈርኩካ። ኣብ ማእከል እቲ ኣእማን ሓዊ ተመላለስካ። ካብታ እተፈጥረካላ መዓልቲ ጀሚርካ ክሳዕ እቲ ኣበሳ እተረኽበካ ግዜ ብመገድኻ ፍጹም ነበርካ። ብብዝሒ ነግድኻ ውሽጥኻ ብዓመጽ መለአ እሞ ሓጢኣት ገበርካ ስለዚ ኣታ እተጽልል ኪሩብ ካብቲ ከረን ኣምላኽ ከምርኹስ ደርቤኹካ። ካብ ማእከል እቲ እእማን ሓዊ ኸኣ ኣጥፋእኩኻ፡፡ ብምኽንያት መልክዕካ ልብኻ ተዓበየ ብኽብረትካ ድማ ጥበብካ ኣብላሾኻ" ይብል። ሰይጣን ኣበሳ ምስ ተረኽቦ ካብ ማእከል ኣእዋም ሓዊ ካብ ኣየራት ተደርበዩ። እብ ኤፌሶን ምዕ





2 ሓለቓ ስልጣን እየር ኢሉ ይገልጾ። ካብ ኣየር ድማ ናብ ምድሪ ክድርበ እዩ። ራእ 12፥9 "እቲ ንብዘላ ኣለም ዘስሕታ ዘሎ ዲያብሎስን ሰይጣንን ዝብሃል ዓቢ ገበል፡ እቲ ናይ ጥንቲ ተመን ተደርበየ፡ ናብ ምድሪ ተደርበየ፡ መላእኽቱ ውን ምስኡ ተደርበዩ" ይብል።

ካብ ምድሪ ድማ ናብ መዓሙቕ ንሽሕ ዓመት ክድርበ (ክእሰር) እዩ። ራእ 20፥1-2 "መርሖ መዓሙቑን ሓደ ገዚፍ መቑሕን ኣብ ኢዱ ዝሓዘ መልእኽ ድማ ካብ ሰማይ ክወርድ ከሎ ርኤኹ ንሱ ውን ነቲ ገበል ነቲ ናይ ጥንቲ ተመን ሓዞ እዚ እቲ ድያብሎስን ሰይጣንን ኢዩ። ሽሕ ዓመት ውን ኣሰሮ" ይብል። ካብ መዓሙቕ ድማ ናብ ቀላይ ሓዊ ክድርበ ኢዩ። ራእ 20፥10 "እቲ ዘስሓቶም ዲያብሎስውን ናብቲ እቲ ኣራዊትን እቲ ነብይ ሓሶት እተደርበይዎ ቐላይ ሓውንን ዲንን ተደርበየ ንዘልኣለም ኣለም ክኣ ለይትን መዓልትን ክሳቀዩ ኢዮም" ይብል። 2ጴጥሮ 2፥4 "ኣምላኽ ግና ነቶም ሓጢያት ዝገበሩ መላእኽቲ እኳ ናብ ገሃነም ደርብዮ ብመቑሕ ጸልማት ተኣሲሮም ንፍርዲ ክሕለው ኣሕሊፉ ሃቦም እምበር፡ ካብ ዘይነሓፎም" ይብል። እዚ ፍርዲ ዓባይ መዓልቲ ኢልዎ ዘሎ ፍርዲ ጻዕዳ ዝፋን ኢዩ። ኩሎም ኣጋንንቲ፡ እኩያትን፡ ረኹሳት መናፍስትን፡ ሕልቅነት ሰይጣን ብመቓውሕ ጸላም ዝተኣሰሩ፡ ዝወደቁ መልኣኽቲ በዚ መዓልቲ ፍርዲ ናብ ቀላይ ሓዊ ክድርበዩ እዮም።

### 2. ሰማይን ምድርን ካብ ገጹ ሃደሙ

ራእ 20፥11 "ዓብይ ጻዕዳ ዝፋን እተቐመጠን ከኣ ርኤኹ ምድርን ሰማይን ካብ ገጹ ሃደሙ ቦታውን ኣይተረኽበሎምን" ይብል። እግዚኣብሄር ኣምላኽ ንሰማይን ምድርን ኣባታቶም ዘሎ ኩሉ ክፈጥር ከሎ ቀንዲ ዕላምኡ ሰብ ክፈጥር ስለዝደለየ እዩ። እዚ ኣብ ውሽጢ ሹዱሽተ መዓልቲ ዝተፈጥረ ሰማይ፥ ምድሪ፥ ባሕሪ፥ ወርሒ፥ ከዋኽብቲ፥ ህይወት ዘለዎ ኩሉ ፍጥረት ንምድራዊ ወይ ከኣ ኣዳማዊ ሰብ ጥራይ እዩ ዘገልግል። ዘርኢ ኣዳም ድማ ኣብ መወዳእታ ሽሕ ዓመት ፈጺሙ ስለ ዘብቕዕ፥ እዚ ሰማይን፥ ምድርን፥ ኣባታቶም ዘሎ ኩሉ ፍትረትን ኣቐዲሙ እግዚእብሄር ክፈጥሮ ከሎ ካብ ዘይምህላው እዩ ኣምጺኡዎ። ናብ ዘይምህላው ከጥፍኦ ድማ ጸገም የብሉን። እዚ እቲ ቀዳማይ ሓሳብ ኮይኑ እቲ ካልኣይ ሓሳብ ድማ ሰማይን ምድርን ብምኽንያት ምፍታሕ

ሰይጣን እቶም ንሱ ዘስሕቶም ሰባትን ኣዚዩ ስለዝረከሰ (ስለዝተረግመ) ካብ ገጽ እግዚኣብሄር ሃዲሙ ናብ ቀላይ ሓዊ (ገሃነም) ክኣቱ እዩ። ቦታ ኣይተረኽበሎምን ክብል ከሎ ናይ ረኽሰትን ሓጢኣትን መርገምን ቦታ ቀላይ ሓዊ ጥራሕ ስለዝኾነ ካልእ ቦታ ኣይርከብን ዝብል የመልክት።

## 3 ሲኦልን ሞትን

ራእ 20፥14 ክምዚ ይብል "ሞትን ሲኦልን ውን ናብቲ ቀላይ ሓዊ ተደርበዩ እዚ እቲ ካልይ ሞት ኢዩ" ይብል። ካብዚ ቀጺልና ሞትን ሲኦልን ዝብል ኣብ 2 ከፊልና ክንርእዮ ኢና።

ሀ. ሲኦል፡- እዚ ሲኦል ዝብል ሓጎስን ተስፋን ዘይብሉ ናይ ጭንቀትን ስቃይን መግለጺ እዩ። መቃብር ብሲኦል ይግለጽ ። ግ.ሃ 2፥26-31 "ንነፍሰይ ኣብ ሲኦል ኣይትሓድጋን ኢኻ ንቅዱስካ ድማ ጥፍኣት ክርኢ ኣይትህቦን ኢኻ እሞ ስለዚ ልበይ ተሓጒሰ ልሳነይ ከኣ እልል በለት ስጋይውን ብተስፋ ኺሓድር እዩ። ጥ.31 ከኣ ቅድም ርእዩ ብዛዕባ ትንሳኤ ክርስቶስ ነፍሱ ኣብ ሲኦል ከምዘይ ትተርፍ ስግኡ ከኣ ጥፍኣት ከምዘይትርኢ ተዛረበ ይብል። ዕምባባ ልሙዕ ኣትኽክልቲ (ገረብ) ናይ ሓጐስ መግለጺ ኢዩ ግናኸ ኣብ መቓብራት እንተበቚሉ መልእኽቶም ሓዘን ዳኣምበር ሓጎስ ኣየማሓላልፍን እዩ። መቓብር ርእዩ ዝሕጎስ ወይ ድማ ኣብ መቓብር ክይዱ ዝዛነ ሰብ የለን ። እዚ መቓብር ንብሎ ስጋ ሰብ ዝንበረሉ እዩ። ሲኦል ግና መንፈስን ነፍስን ሓጥያተኛ ዝእሰረሉ መዓሙቕ ከቢድ ስቓይን ጭንቀትን ዘለዎ ስፍራ ኢዩ። እቲ ንሰብ ኣብ ዓለም ከሎ ዝወርዶ ዝኾነ ይኹን ስቓይን፡ ጭንቀትን፡ ካብቲ ኣብ ሲኦል ዘሎ ካብ ባሕሪ ብጭልፋ እዩ።

እቲ ኣብ ሲኦል ዘሎ እእምሮ ሰብ ክበጽሖ ዘይክእል ስቓይን ጭንቀትን ካብቲ ኣብ ገሃነም ዘሎ ( ቀላይ ሓዊ) ዘሎ ካብ ባሕሪ ብማንካ እዩ። ሲኦል ሓጢያት ካብ ዝጀመር ክሳዕ ሕጂ ኣሎ። ኣብ ፍርዲ ጸዕዳ ዝፋን ኩሉ ሓጢኣት ስለ ዝፍረድ ሲኦል ናብ ቀላይ ሓዊ ክድርበ ኢዩ። እምበኣር እቲ ብዛዕባ ሲኦል ዘልኣለም ኢሉ ዝጠቀሶ እዮን (aion) ዘይኮነ እዮንዮስ (aionios) ዝብል ኢዩ። እዚ ድማ ንግዚኡ ነዊሕ ዝተወሰነ





ዓመታት ድሕሪ ምጽናሕ ናብ ቀላይ ሓዊ ብምድርባይ ኣብቂዑ። ቀላይ ሓዊ ግና ኣዮን ኢዩ እምበር ኣዮንዮስ ኣይኮነን።

ለ. ሞት፡- ሞት ማለት ምፍላይ ማለት ኢዩ። እዚ ድማ ካብቲ ናይ እግዚኣብሄር ዘበለ ኩሉ ምፍላይ እዩ። ሞት ክዓዪ ወይ ክህሉ እንተደኣ ኮይኑ ናይ ግድን ሓጢኣት ክህሉ ኣለዎ። እምባኣር ኣብ ፍርዲ ጸዕዳ ዝፋን ሞት ናብ ቀላይ ሓዊ ዝድርበየሉ ምኽንያት እቲ ምንጪ ሓጥያት ዝኾነ ሰይጣንን መልእኽቱን ስለ እተደርበዩ ሰማይን ምድርን'ውን ካብ ገጽ እግዚኣብሄር ስለ ዝሃደሙ (ናብ ቀላይ ሓዊ ስለ ዝተደርበዩ) ህይወት ሞት ኣብ ሓጢኣት ስለ ዝኾነት ናይ ግድንዩ ናብቲ ቀላይ ሓዊ ክኣቱ። እዚ ማለት ድማ እቲ ኣብ ቀላይ ሓዊ ዝድርበ ንዘልኣለም ኣለም ቁጽሪ መዓልታት ዘይብሉ ካብ እግዚኣብሄር ይፍለ። ናይ ምምላስ፣ ምንሳሕ ወይ ምውጻእ ዕድል የልቦን ስለዚ ድማዩ ካልኣይ ሞት ዝበሃል።

## 4. ፍርዲ ዘይዳሓኑ ሰባት(ካልኣይ ትንሳኤ)

ኩሎም እቶም ኣብ ቀዳማይ ትንሳኤ ዘይተንስሑ ኣብዚ ክፍረዱ ክትንስኡ እዮም። እዚኣቶም ኣብ ብሉይ ኪዳን በቲ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ዝሰርዓሎም መገዲ ብርሃን ጽላሎት ክርስቶስ የሱስ ብእምነትን ተስፋን ዘይተመላለሱ (ዘይኣመኑ) ኩሎም ኣብ ሓድሽ ኪዳን ከኣ ብየሱስ ክርስቶስ ኣሚኖም ዳግም ዘይተወልዱ ኩሎም ኣብ ሽሕ ዓመት ንግስነት ክርስቶስ የሱስ ምድራዊ ስጋ (ዘርኢ ኣዳም) ዝለበሱ ኩሎም ኣብዚ ካልኣይ ትንሳኤ ክትንስኡ ኢዮም። ዳን 12፥2 ክምዚ ይብል "ካብቶም ኣብ መሬት ምድሪ ደቂሶም ዘለውስ ብዙሓት፣ ገሊኦም ናብ ናይ ዘልእሰም ህይወት ገሊኦም ከኣ ናብ ሕፍረትን ናይ ዘልኣለም ነውርን ክበራበሩ እዮም" ይብል። ከምኡ ኸኣ ዮው 5፥29 "ኣብ መቓብር ዘለዉ ኹላቶም ድምጹ ዝሰምዑላ ሰዓት ክትመጽእ እያ፡፡ሰናይ ዝገበሩ ናብ ትንሳኤ ህይወት፣ እኩይ ዝገበሩ ኸኣ ናብ ትንሳኤ ፍርዲ ክወጹ እዮም እሞ በዚ ኣይትጨነቑ" ይብል። እዚ ዝረእናዮ ጥቅሲ ክልተ ትንሳኤ ከም ዘሎ እዩ ዝሕብር፡ እቲ ቐዳማይ ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝረኣናዮ ትንሳኤ ኣመንቲ ኮይኑ እቲ ኻልእይ ትንሳኤ ግና ኣብ ፍርዲ ጸዕዳ ዝፋን ዝፍጸም ናይ ዘይእምኑ ሰባት እዩ። ራእ 20፥12 "ምውታት ድማ ዓበይትን ናእሽቱን ኣብ ቅድሚ እቲ ዝፋን ደው ኢሎም ርኤኹ መጽሓፍቲውን ተገንጸሉ። ካልእ

መጽሓፍ ክአ ተገንጸለ እዚ ውን እቲ መጽሓፍ ህይወት ኢዩ። እቶም ምውታት ድማ ከምቲ ኣብቲ መጽሓፍ ዝጸሓፈ ከከም ግብሮም ተፈርዱ" ይብል። እዚ ጸዕዳ ዝፋን እግዚኣብሄር ሓቅን ቅንዕናን (ጻድቕ) ምዃኑ የመልክት።

ኣብ 1መልእኽቲ የሃንስ ቀዳማይ ምዕራፍ እግዚኣብሄር ብርሃን እዩ ኣብኡስ ሓንቲ እኳ ጸልማት የለን ይብል። ነገስታት ምድሪ ግና ኣብ መንበር ፍርዲ ጸሊም እዩም ዝከደኑ እዚ ድማ ካብ ሰብ ቅንዕና ከምዘየለ እዩ ዘመልክት ። እዚ መጽሓፍቲ ተገንጸለ ዝብል መጽሓፍ ቅዱስ ኢዩ ካልእ መጽሓፍቲ ኣይኮነን ምኽንያቱ ሓደ ፈራዲ ሕግታቱ ብኣዋጅ ይነድፍ እቲ ኣዋጅ ሰሚዑ ሕጊ ዘፍረሰ ድማ በቲ ዝወጸ ኣዋጅ መሰረት እዩ ዝቕጻዕ። እምበኣር ኣብ ብዘላ ዓለም ካብ ጥንቲ ክሳዕ ሕጂ ብዛዕባ ምሕረትን ሓቀኛ ፍርዲ እግዚኣብሄርን ዝእውጅ ኣዋጅ መጽሓፍ ቅዱስ እዩ ። ኩለን እተን ጽሑፋት ከኣ ብዛዕባ ጐይታ የሱስ ክርስቶስ እየን ዝዛረባ የው 5፡39 ከምኡ ውን ጐይታ የሱስ "ነቲ ብኣይ ዘይኣምን ብመዓልቲ ፍርዲ እዚ ኣነ ዝዛረቦ ዘሎ ቃል ክፍረድ ኢዩ።" ኢሉ ኣጠንቂቑ ኢዩ። ኣብ የው 3፡18 ድማ "እቲ ብእኡ ዝኣምን ኣይክፍርዶን ኢዩ እቲ ብእኡ ዘይኣምን ግና ብሓደ ወዲ ኣምላኽ ስለ ዘይኣምን ግና ድሮ ተፈሪዱዎ ኣሎ" ይብል። እምበኣር ኣብ ፍርዲ ጸዕዳ ዝፋን መጽሓፍ ቅዱስ ክግንጸል እዩ፣ እግዚኣብሄር ድማ ነቶም ሰባት እዚ መጽሓፍ ዝሃብኩኹም ኣንቢብኩም ሰሚዕኩም ብወደይ ክትኣምኑ ህይወት ክትረክቡ ብቓለይ ክትመላለሱ ኢዩ። ንሸኻትኩም ግና ኣይገበርክምዎን። ስለዚ ድማ ስምኩም ኣብዚ መጽሓፍ ህይወት ኣይተጻሕፈን (የለን) እምበኣር እቲ ፍርዲ እዚ እዩ፣ እቲ ብወደይ ዝኣተኹልኩም ኪዳን ዕርቂ ስለ ዘይተቐበልኩምዎ ኩሉኹም ጸላእተይ ኢኹም ኢሉ ናብቲ ብሓውን ዲንን ዝነድድ ቀላይ ሓዊ ክድርብዮም ኢዩ ብኸምዚ ኸኣ እቲ ፍርዲ ይዛዘም።





## <u>ምስጢር ጸሎት</u>

<u>ጸሎት ማለት</u> ምስ እግዚኣብሄር ምዝርራብ ማለት እዩ። ልክዕ ከምቲ ሰብ ምስ ፈታዊኡ ውሉድ ድማ ምስ ወላዲኡ ዝዘራረብ እቲ ዝጽሊ ሰብ ከምኡ ምስ እግዚኣብሄር ይዘራረብ። እቲ ምስ እግዚኣብሄር እንዘራረበሉ መዘራረቢ ነጥቢ በዚ ዝስዕብ ኣብ ኣርባዕተ ክፊልና ክንሪኦ ኢና።

1. <u>ንስሓ፣</u> ካብቲ ክንከደሉ ዝጸናሕና ንኣምላኽ ዘጉሂ መንገዲ ሓጢኣት፣ ጌጋ ምኻኑ ምስ ፈለጥና ኣብ እግሪ ኣምላኽ ወዲቕና ኣበሳና ተኣሚንና ብመሰረት ቃሉ ብክርስቶስ የሱስ ምሕረት ክገብረልና ክንልምን ከሎና፣ ኣምላኽ ጸሎትና ሰሚዑ ምሕረት ይገብረልና።

2. <u>ልመና፣</u> ንእግዚኣብሄር እንልምኖ ብመሰረት ቃሉ ኢና፡፡ ማቴ 7፡7-8 "ዝለመነ ኩሉ ይቕበል እዩ፣ ዝደለየ ድማ ይረክብ ማዕጾ ኳሕኳሕ ንዘበለውን ይኽፈተሉ እዩ እሞ፣ ለምኑ ይወሃበኩም፣ ድለዩ ትረኽቡ፣ ማዕጾ ኳሕኳሕ ኣብሉ ይኽፈተልኩም፡፡" ይብል። ከምኡውን ማቴ 7፡9-10 "ካባኻትኩም ከ ወዱ እንጌራ እንተ ለመኖስ እምኒ ዝህቦ ወይስ ዓሳ እንተለመኖ ተመን ዝህቦ እንታዋይ እዩ፡፡ እምበኣርከ ንሸኻትኩም እኳ ክፉኣት ክነስኹም፣ ንደቅኹም ጽቡቕ ህያብ ምሃብ ካብ ፈለጥኩም፣ እቲ ኣብ ሰማይ ዘሎ ኣቦኹም ግዳ ክንደይ ንዚልምንዎ ኣብዚሑ ጽቡቕ ዘይህቦም፡፡" ይብል እግዚኣብሄር ልመና ሰሚዑ ዝምልስ ኣምላኽ ቃሉ ዘይዓጽፍ(ዘኽብር) ህያው ምዃኑን ንኹሉ ዝተዓጽወ ደገ ክኸፍት ዝኽእልን፣ ኩሉ ዝፈልጥን ኣብ ኩሉ ዝርከብን ንኹሉ ዝሰምዕን ኩሉ ዝርኢን ኩሉ ዝኽእልን ኣምላኽ ምዃኑ ኣጸቢቕና ክንርዳእ ይግባእ፡፡ እዚ ድማ ብእምነት ንኽንልምንን ሰሚዑ ከም ዝምልሰልናን ንኽንኣምኖን የኽእለና፡፡ እቲ ናብ ኣምላኽ ብጸሎት እንቐርበሉ ስም ድማ ስም የሱስ ጥራይ እዩ፡፡ ማቴ 18፡20 "ክልተ ወይ ሰለስተ ኮይኖም ብስመይ ኣብ እተኣከብሉ ኣነ ኸኣ ኣብ ማእከሎም እየ እሞ ክልተ ካባኻትኩም ኣብ ምድሪ ብዝልምንዎ ነገር ኩሉ እንተ ተሰማምዑ ካብቲ ኣብ ሰማያት ዘሎ ኣቦይ ክወሃቦም እዩ ኢለ ከም ብሓድሽ እብለኩም ኣለኹ፡፡"

ይብል፡፡ ከምኡ ድማ ዮሃ 14፡13-14 "ኣቦ ኣብ ወዲ ምእንቲ ክኸብርሲ ብስመይ ዝለመንክምዎ ዘበለ ኩሉ ክገብረልኩም እየ፡፡" ይብል፤ ዮሃ 16፡23 "ነቦ ብስመይ ዝለመንክምዎ ዘበለ ኩሉ ከም ዝወሃበኩም ብሓቂ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ፡፡"ይብል።

እቲ ልመናና ድማ ብዛዕባ ገዛእ ርእስናን ብዛዕባ ኩሉ ሰብ፤ ኣማኒ ይኹን ዘይኣማኒ፤ ብዛዕባ ቤተክርስትያንን ነገስታት ምድርን ወ ዘ ተ ክንልምን ንኽእል ኢና፡፡ልማኖና ውን ኣብ ክልተ ክኽፈል ይከኣል፡፡

ሀ. ከም ሰብ መጠን ኣብ ምድሪ ክነብር ከለና ዘጋጥሙና ውልቃዊ ኮነ ኣብ ሕብረተሰብ ዘጋጥሙ፤ ኣእምሮኣዊ ኮነ ኣካላዊ፤ ጸገማት ክብደቱ ብዘየገድስ፤ ካብዚ ኩነታት እዚ መታን ፤ ረዲኤትን ምንጋፍን ክንረክብ፤ ንእግዚኣብሄር ንልምን፡፡ ከምኡ ድማ ኣብ መዓልታዊ ተግባራትናን፤ ብዛዕባ ንበልዖን ንሰትዮን ንኽደኖን እንልምኖ ልመና እዩ፡፡ ፊሊ 4፡6 "ድልየትኩም ዘበለስ ብጸሎትን ልማኖን ምስናይ ምስጋና ኣብ ኣምላኽ ይፈለጥ እምበር ብገለ እኳ ኣይትጭነቑ፡፡" ይብል፡፡

ለ. መንፈሳዊ ድማ፤ ብዛዕባ ህይወትና፤ ንኣምላኽ ብምፍላጥ ክንዓ ብን ኣዒንቲ ልብና በሪሁ ተስፋ ጽወዓና ክንፈልጥ ብዛዕባ ማሕበርናን ሃገርናን እግዚኣብሄር ኣገልግሎቱ፤ ብምሃብ ዓቢ መንፈሳዊ ምንቅቃሕ ክኾነልና ክንልምን ንኽእል፡፡ ማቴ 9፡38 "ስለዚ ነቲ ጐይታ እኽሊ ንእኽሉ ዓየይቲ ኺልእከሉ ለምንዎ በሎም"ይብል።

<u>3.ምስጋና፤</u> ስለቲ እግዚኣብሄር ኣብ ህይወትና ዝገበሮ ዓቢ ግብሪ እናዘከርና ኩሉ ሳዕ ካብ ልቢ ክነመስግኖ ይግብኣና፡፡ ንእግዚኣብሄር ክነመስግኖ እንከለና፤ ስለቲ ብክርስቶስ ምእንታና ዝተፈጸመ ዓቢ ግብሪ እዚ ድማ ካብ ሞት ናብ ህይወት ስለዘሳገረና ኩሉ መዓልቲ ክነመስግን ይግበኣና፡፡

ቅድሚ ንየሱስ ምእማንና ሞይትና ኔርና እንተኾነ ውን ኣብ ሲኦል ተዓጺና ንፍርዲ ምትሓለና ኔርና፡፡ ግናኸ እግዚእብሄር ኣምላኽ ብዓቢ ምሕረትን ብዓቢ ትዕግስትን ተጸሚሙ ስለዝሓለወና ክነመስግኖ ይግበኣና፡፡ ድሕሪ ምእማንና'ውን ጉስነቱን ሓልዮቱን ብኣባታዊ ፍቅሩን ይናብየና ስለዘሎ ክነመስግኖ ይግበእና፡፡ መልሲ ናይቲ ኩሉ ዝለመንናዮ ስለ





ዝህበና ኩሉ ሳዕ ንሓጢኣትና ብደሙ ስለዝሓጽበና ስለቲ ዘይውዳእ ምሕረቱ ክነመስግኖ ይግበኣና፡፡

እግዚኣብሄር ስለቲ ኩሉ ዝገበሮ ካባና ዝጽበዮ መስዋእቲ ምስጋና ጥራይ እዩ፡፡ ነመስግኖ ዝብል ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ተጻሒፉ ዘሎ ብዙሕ እዩ፡፡ ገለ ክፋል ካብኡ መዝ 103፡1-5 "ነፍሰይ ንእግዚኣብሄር ባርኺ እብ ውሽጠይ ዘሎ ኹሉውን ንቅዱስ ስሙ ይባርኽ,,,,,"ይብል፡፡ እቲ እግዚኣብሄር ዝገበረልና ሰናይ ከየመስገናዮ ምስ እንተርፍ ወይ ምስ እንርስዮ እግዚኣብሄር ይጉሂ እዩ፡፡ ስለዚ እግዚኣብሄር መስዋእትና ባህ የብሎ ካብ ኮነ ኩሉ ግዜ ክነመስክኖ ኣለና፡፡

<u>4. ኣምልኾ፤</u> ኣምልኾ ወይ ውዳሴ ማለት ምድናቅ ማለት እዩ። ብጀካ እግዚኣብሄር ክድነቕን ክምለኽን ዝግብእ ካልእ የለን፡፡ ምኽንያቱ ካብ ንፍጡር ምድናቅ ነቲ ፈጣሪ ምድናቅ ይበልጽ፡፡ ንእግዚኣብሄር ክነምልኾ እንከለና ብምሉእ ሓይልናን ብምሉእ ነፍስናን እናስገድናን ባህርያቱ ኩሉን እቲ ዝገበሮ ግብርታትን እናጠቀስናን ክነምልኾ ይግበኣና፡፡ ንኣብነት ፡ ንሰማይን ምድርን ኩሉ ፈጢርካዮ ፡ ዕብየትካን ስልጣንካን ዝመስለካ የለን ብፍቅርኻን ምሕረትካን ኣዚኻ ፍሉይ ኢኻ ዝብል ወዘተ..፡፡ መጽሓፍ ቅዱስ ንእግዚኣብሄር ክነምልኾ ከም ዘለና ኣጽቢቁ ይምህረና፡፡ መዝ 104፡1-35 መዝ 106፡1-9)